# ከባቢያዊ ሳይንስ

# 1ይ ክፍሊ



# መምርሒ ንመምህር

# ከባቢያዊ ሳይንስ

## 1ይ ክፍሊ

# መምርሒ ንመምህር

## መዳለዊ፡- ዳይሬክቶሬት ምድላውን ትግበራን ስርዓተ ትምህርቲ

**ኤዲተራት፡-**

ኣብ ቀዳማይ ሕታም ኣብ 2004 ዓ/ም

ማህቶት ኣበራ

ሓዱሽ ወ/ማሪያም

**መመሓየሽቲ ኣብ 2011 ዓ/ም**

ሙሉጌታ ግደይ መዓሾ

ፍረወይኒ ኪዳነ ወንጌለኣብ

ገ/ሂር ገ/ፃዲቓን ገ/ኪዳን

ግንቦት 2011 ዓ/ም

© መሰል ሕትመት ብቢሮ ትምህርቲ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ሕልው እዩ።
ቐዳማይ ሕታም 2004 ዓ/ም
ተመሓይሹ ዝተሓተመሉ 2011 ዓ/ም

# ሰደቓ ትሕዝቶ


**ምዕራፍ ሓደ** ........................................ 1

**ንሕና** ........................................ 1

**ምዕራፍ ክልተ** ........................................ 8

**ስድራ ቤት** ........................................ 8

**ምዕራፍ ሰለስተ** ........................................ 16

**ቤት ትምህርትና** ........................................ 16

**ምዕራፍ ኣርባዕተ** ........................................ 23

**ጣብያና** ........................................ 23

# ምዕራፍ ሓደ
# ንሕና

## ነዚ ምዕራፍ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ 57


- ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነት.................................10
- መሰረታዊ ድልየታት ወድሰብ ............................ 8
- ንሰብ ዘጥቅዑ ልሙዳት ሕማማት ........................11
- ሓሙሽቲኦም ስምዒት ህዋሳት ............................ 28


## መእተዊ

እዚ ምዕራፍ ተምሃሮ ብዛዕባ ኣስማት ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትና፣ ግደ ወይ ተግባር ሕድሕድ ክፍለ ኣካላት ሰውነትና፣ ክንክን ደጋዊ ኣካላት ሰውነትና ዕርየቶምን፣ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ፣ ረብሓ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ፣ ልሙዳት ሕማማትን ሜላ ምክልኻልን፣ ብፍላይ ድማ ብዛዕባ ኤድስ እኹል ግንዛበ ክህልዎምን፣ ብዛዕባ ስምዒት ህዋሳትን ተግባሮምን መሰረታዊ ፍልጠት ዝረኽብሉ ምዕራፍ እዩ፡፡

## ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት እዚ ምዕራፍ

- ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነት ይፀርሑን የርእዩ፣ ተግባሮም ይዛረቡን ክንክን ይገብሩን፡፡
- ሰለስተ መሰረታዊ ድልየታት ወዲሰብ ይዝርዝሩን ጥቕሞም እውን ይገልፁ፡፡
- ልሙዳት ሕማማት ይዝርዝሩን ሜላ መከላኸሊኦም የርእዩን፡፡
- ሓሙሽቲኦም ስምዒት ሕዋሳት ይፀርሑ፣ ተግባሮም ይገልፁን ንዓዓቶም ተጠቂሞም ግቡእ ትዕዝብቲ ይገብሩን፡፡
- ቀሊል ንጥፈታት ተጠቒሞም ፍልፍል ብርሃን፣ ድምፂ ሕብሪ፣ ጨናን ጣዕምን ይፈልዩ፡፡
- ኣብዚ ምዕራፍ ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ሰሪሖም የርእዩ፡- ምዕዛብ፣ ምሕታት፣ ምርኻብ፣ ተሓባቢርካ ምስራሕ

## ዝርዝር ዕላማታት እዚ ምዕራፍ

- ደጋዊ ክፍሊ ኣካላት ሰውነቶም ይፀርሑ፣
- ደጋዊ ክፍሊ ኣካላት ሰውነቶም የርእዩ፣
- ተግባር ደጋዊ ክፍሊ ኣካላት ሰውነቶም ይዛረቡ፣
- ንደጋዊ ክፍሊ ኣካላት ሰውነቶም ክንክን ይገብሩ፣
- ሰለስተ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ይዝርዝሩ፣
- ረብሓ ሕድሕድ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ይገልፁ፣

## መረዳእታ ንመምህር

ሰብ ዝተፈላለዩ ክፍለ ኣካላት ኣለዉዎ፡፡ ንሳቶም እውን ደጋውን ውሽጣውን ክፍለ ኣካላት ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምደቡ፡፡ ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ዝበሃሉ ርእሲ፣ ጨጉሪ፣ እዝኒ፣ ዓይኒ፣ ኣፍንጫ፣ ኣፍ፣ ክሳድ፣ ኢድ፣ ኣፍልቢ፣ ቆርበት፣ ከብዲ፣ ሑቐ፣ እግሪ ወዘተ ዝበሉ ብደገ ዝረኣዩ ኣካላት እንትኾኑ ውሽጣዊ ክፍለ ኣካላት እንብሎም ድማ ከም ሓንጎል፣ ልቢ፣ ከሸዐ፣ ፀላም ከበዲ፣ መዓናጡ ዝበሉ ኣብ ውሽጢ ዝርከቡ ክፍለ ኣካላት እዮም፡፡ ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሕድሕዶም ረብሓ ኣለዎም፡፡ ሰብ ንኽነብር ሰለስተ ነገራት የድልዮ፡፡ ንሳቶም እውን ምግቢ፣ ኽዳንን መዕለልን እዮም፡፡ ዝተፈላለዩ ንሰብ ከጥቅዑ ዝኽእሉ ልሙዳት ሕማማት ከም ውፅኣት፣ ዓሶ፣ ሰዓል ብፍላይ ድማ ኤድስ ኣብዚ ሐዚ እዋን ንህፃናትን መንእሰይ ወለዶን ዘጥቅዕ ሕማም እዩ፡፡ ብምንኽኻእ ደምን ብበላሕቲ ነገራትን ክመሓላለፍ ዝኽእል ከምዝኾነ፣ ሰብ ብሓሙሽቲኦም ኣካላት ስምዒት ኣቢሉ ከጫኑ፣ ክርኢ፣ ከድምፅ፣ ክጥዕምን ክድህስስን ይኽእል፡፡ እዞም ኣካላት ስምዒት ኣብ ሰብ ጥራሕ ከይኮኑስ ኣብ ከባቢና ዝርከቡ እንስሳት እውን ኣለዉዎም እዮም፡፡

## መምሃሪ ሓገዝ

- ደጋዊ ክፍለ ኣካል ዘርኢ ስእሊ
- ሞዴል ሰብ
- መሰንተር
- ባህላውን ዘበናውን መመወዊ ስኒ
- ጡጥ
- ብሕማም ኤድስ ዝተጠቕዑ ሰባት ዘርእዩ ፖስተራት
- ፍሊት

- ሑፃ
- ሰደቓታት

**ኣገባብ ኣመሃህራ**

መምህር ብዛዕባ ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ኣብ ትምህርቲ እዋን ስም ደጋዊ ክፍሊ ኣካላቶም እናፀሩሑ ብኢዶም እናመልከቱ የርእይዎም፡፡ ብድሕሪ እዚ ተምሃሮ ደጋዊ ክፍለ ኣካላቶም ባዕልቶም በብክልተ እናኾኑ ሓደ ተምሃራይ ስማቶም ክፅውዕ ሓደ ድማ ከመላኽት ይግበሩ፡፡ ብድሕሪኡ ተምሃሮ እውን ደጊሞም ክብሉ የተባብዕዎም፡፡

ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ንክፍለ ኣካል ዝምልከቱ ንጥፈታት ንኽሰርሑ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 1.1. ተምሃሮ ኣብቲ ስእሊ 1.1 ዝተዘርዘሩ ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ብምርኣይ ናይ ባዕሎም ኣካላት፣ ሞዴላት፣ ቻርትታት ተጠቒሞም ደጋዊ ክፍለ ኣካላቶም ክፈልዩ ምግባር ኣድላዪ እዩ፡፡ ንኩሎም ተምሃሮ ዕድል ብምሃብ ብዛዕባ ደጋዊ ክፍለ ኣካላቶም ክፀርሑን ከመላኽቱን ክተሓታተቱ ይግበሩ፡፡

ብምቅፃል መልመዲ 1.1. ዘለው ሕቶታት ብቃል የቕርብሎም።

**ኣብ መወዳእታ እዚ ንኡስ ርእሲ በዚ ዝስዕብ መልክዕ ይጠቓለል፡፡**

ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ዝበሃሉ ርእሲ፣ ፀጉሪ፣ ዓይኒ፣ ኣፍንጫ፣ ኣፍ፣ ኣእዳው፣ ኣፃብዕቲ፣ ኣፍልቢ፣ ማዕጥቖ፣ ብርክን እግርን ከምዝኾኑ ይሓብሩሎም፡፡

ብምቕፃል ብዛዕባ ተግባር ደጋዊ ክፍለ ኣካላት እንተምሀሩ ፈለማ ተምሃሮ ባዕሎም ሕድሕድ ደጋዊ ክፍለ ኣካላቶም እንታይ ተግባር ከምዘለዎም ክዛረቡ ይግበሩ፡፡ ብድሕሪኡ ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት የስርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 1.2. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣብቲ ሰደቓ ዘለዉ ስእልታት 1.2. ብምርኣይ ተግባር ደጋዊ ክፍሊ ኣካላት ክገልፁ ይግበሩ፡፡ ብኢድ ክዕሾ እናተፃወተ፣ ብኢድ እናዓፀደ፣ ብእዝኑ እናሰመዐ፣ ብኣፍንጭኡ እናጫነውተ፣ ብእግሮም እናኸዱ ብዝብል ይግለፅሎም። ቀፂሎም መልመዲ 1.2 ይሰርሕዎም።

**ንጥፈት** 1.3. ተምሃሮ ካብቲ ብስእሊ ዝተገለፀሎም ብተወሳኺ ኣካላቶም ከርእዩ ብምግባር ካልኦት ተምሃሮ ድማ ጥቕሞም ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

ኣብ መወዳእታ ፀጉሪ ቆርበትና ብምሽፋን ዛሕሊ ይከላኸል፣ ፀጉሪ ዓይኒ ናብ ዓይንና ዝኣትዉ መንገፋት ይከላኸል፡፡ ብእግርና ካብ ቦታ ናብ ቦታ ንንቀሳቐስ፣ ብኣእዳውና ዝተፈላለየ ስራሕ ከምንሰርሕን ካልኦትን ብምባል የጠቓልሉሎም፡፡

ኣብ 1.1.3. ብዛዕባ ክንክን ደጋዊ ክፍሊ ኣካላት እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ስእሊ 1.5 - 1.10 እናርኣዩ ይግለፅሎም።

ብዛዕባ ክንክንን ፅርየትን ደጋዊ ኣካላት እንተምሀሩ ብቐዳምነት ተምሃሮ ደጋዊ ኣካላት ሰውነቶም መዓዝ ከምዘፅርይዎምን ከመይ ከምዘፅርይዎምን ባዕሎም ንክገልፁ ይሕተትዎም፡፡ ኣብነት እግሮም፣ ገፆም፣ ኢዶም፣ ሰውነቶም ከምኡ እውን ኣስናኖም መዓዝ ከምዝምውፁን ንክገልፁ የተባብዕዎም። ቀፂሉ ተምሃሮ እግሮም ንምንታይ ከምዝሕፀቡ ክዛረቡ ድሕሪ ምግባር ብዘይ ምሕፃቦም ዝመፅእ ፀገም ንክዛረቡ የተባብዕዎም።

**ንጥፈት** 1.4. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስእሊ 1.15. ምዕራይ ኣፍንጫ ሪኦም ትኽክል ዝኾነ ክዛረቡ ይግበሩ። ብምቕፃል ሀ ዘሎ ግቡእ ምካኑ ይግለፅሎም።

**ንጥፈት** 1.5. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእሊ 1.17. ብምርኣይ እዝኒ ከመይ ከምዝፀሪ ግቡእን ዘይግቡእን ክዛረቡ ምስገበርኩም ምስ እዙይ ኣተሓሒዞም ባዕሎም ከመይ ከምዘፅርዩ ክዛረቡ ይግበሩ። እዝኒ ብበሊሕ ነገር ከፅርዩ ከምዘይብሎም ይንገርዎም።

ብምቅፃል ፅፍሮም ወለዶም በብእዋኑ ክቖርፁሎም ከምዘለዎም ይግለፅሎም። ብድሕሪኡ መልመዲ 1.3 ብቃል ይሕተትዎም።

ኣብ መወዳእታ ነዚ ንኡስ ርእሲ እዙይ እንተጠቓልሉ ተምሃሮ በብእዋኑ ሰውነቶም፣ ኢዶም፣ ፀጉሮም፣ ገፆምን እግሮምን ክሕፀቡ ከምዘለዎም በብመዓልቱ ፀጉሮም ክስንትሩ፣ ኣስናኖም ከፅርዩ፣ ኣፍንጫኦምን እዝኖምን ክሕፀቡን ብመሃረም ክፀርጉን በብእዋኑ ፅፍሮም ክቖርፁን ከምዘለዎም፣ ዝተፈላለዩ መምሃሪ ሓገዛት ከም ስእልታት፣ ፖስተራት ወዘተ ተጠቒሞም ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ ፅርየት ሰውነትና እንተዘይሓሊና ብዝተፈላለዩ ሕማማት ክንጥቃዕን ክንመውትን ከምንኽእል ይግለፁሎም፡፡ ኣብ መወዳእታ እዚ ዝስዕብ መዝሙር የለማምድዎም።

**መዝሙር፡- ንሓሉ ውልቀ ፅሬትና**

ንሓሉ ንሓሉ ውልቀ ፅሬትና /2/
ብማይን ሰሙናን እናተሓፀብና
ፅሬት ኢድና እናሓለና
ሰውነትና ብግቡእ እናተሓፀብና

ኣፍንጫና ብፅሩይ ጨርቂ ኣፅሪና
ገፅና ብማይን ሳሙናን እናተሓፀብና
ንሓሉ ንሓሉ ውልቀ ፅሬትና /2/
ኣፍና ብመመወፅ እናፅረና
ድሕሪ ምግቢ ብፅሩይ ማይ እናጎፅጎፅና
ንሓሉ ንሓሉ ውልቀ ፅሬትና /2/

ብዛዕባ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ እንትምህሩ ድማ ፈለማ ተምሃሮ ባዕሎም ሰብ ንኽነብር እንታይ ከምዘድልዮ ክዛረቡ ይሕተትዎም፡፡ ምግቢ እንትዘይበሊዖም፣ ጥርሓም እንትወፂኦም /እንተዘይተኸዲኖም/ን ኣብ ደገ ወይ ከዓ ካብ ገዛ ወፃኢ እንትወፁ እንታይ ከምዝስመዖም ንክገልፁ ዕድል ሂቦም ክዛረቡ ይግበሩዎም፡፡

ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ዝምልከቱ ስእልታት ብምርኣይ። ተምሃሮ ኣብቲ ስእሊ 1.19. ብምርኣይ እቶም ቀልዑት እንታይ ይበልዑ ከምዘለዉ ብቃሎም ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ መፅለሊ ሪኦም ገዛ ክብሉ የተባብዕዎም፡፡ ከምኡውን እቶም ዓይነታት ኽዳን ክዛረቡ ይሓግዝዎም ብተወሳኺ'ውን እዚኦም እንተዘይረኺቦም እንታይ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ክዛረቡ ይግበሩ፡፡ ብምቕፃል ንጥፈት 1.6. ክሰርሑ ይግበሩ።

ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ብዛዕባ ሕድሕድ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ማለት ምግቢ፣ ኽዳን፣ መፅለሊ ወይ ገዛ ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ ሰብ ብዘይ እዚኦም ክነብር ከምዘይኽእል ይግለፁሎም፡፡

መምህር ብዛዕባ ረብሓ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ እንትምህሩ ብቐዳምነት ምግቢ ዝህቦ ረብሓ ተምሃሮ ባዕሎም ንኽገልፁ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ይሕተትዎም፡፡ ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ንጥፈት 1.7 ክሰርሑ ይግበሩ፡፡

ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ምግቢ ንዕብየት፣ ንጥንካረን ጉልበትን ከምዝጠቅም ሰብ ምግቢ እንተዘይበሊዑ ክነብር ከምዘይኽእልን ልሙድን ዘይልሙድን ምግቢ ከምዘሎ እዚኦም እውን ከም እንጀራ፣ ተኽልታትን ካልኦት ነገራትን ኩሉ ግዘ ዝብልዑ እንትኾኑ ከም ስጋን ካልኦትን ዝበሉ ድማ ኩሉ ግዘ ዘይብልዑ ምዃኖም ይግለፁሎም፡፡

ብዛዕባ ረብሓ ኽዳን እንትምህሩ ድማ ፈለማ ተምሃሮ ባዕሎም ብዛዕባ ረብሓ ኽዳን ንኽዝርዝሩን ክገልፁን ይሕተትዎም፡፡ ኽዳን ንምንታይ ከምዝጠቅምን ክዳን እንተዘይተኸዲኖም እንታይ ከምዝስመዖም ንኽገልፁ የተባብዕዎም፡፡

ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእሊ ብምስትውዓል ብዛዕባ ረብሓ ኽዳን ዝሓትት **ንጥፈት** 1.8 የስርሕዎም፡፡

ክፍቲ ቦታ ክመልኡ ይግበሩ፡፡ ድሕሪኡ ድማ ኽዳን ንምንታይ ከምዝጠቅም ክዛረቡ የተባብዕዎም፡፡ ኣብ መወዳእታ **ንጥፈት** 1.9 ኣብ እዋን ፁቡቃትን ዛሕልን ዝኽድንዎም ክዳውንቲ ክዛረቡ ይግበሩ።

**ንጥፈት** 1.10. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ንጥፈት መሰረት ገይሮም ኣብ ከባቢኦም ካብ ጡጥ፣ ቆርበት፣ ሱፍን ናይለንን ዝተሰርሑ ዓይነታት ክዳውንቲ ኣብ ክፍሊ ክዘራረቡ ይግበሩ፡፡

መምህር ኣብ መጠቓለሊኦም ኽዳን ካብ ኣየር ፀባይ /ዛሕሊ፣ ረስኒ ፀሓይን ዝናብን/፣ ሰውነትና ንምሽፋን ውልቃዊ ፅባቐና ንምምሕያሽን ዝጠቅም ከምዝኾነ፣ ኣብ ሓጋይን ኣብ ክረምትን እንኽደኖም ኽዳውንቲ ከምዘለዉን ካብዚኦም ኣብ ሓጋይ ንኽደኖም ረቀቕቲ እንትኾኑ ኣብ ክረምቲ ንኽደኖም ድማ ረጎድቲ ከምዝኾኑ የብርሁሎም፡፡

ቀፂሎም መምህር ብዛዕባ ረብሓ መፅለሊ እንትምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ባዕሎም ገዛ ንምንታይ ከምዝጠቅም ንኽገልፁ ሕቶታት ይሕተቱዎም፡፡ ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ብዛዕባ ረብሓ ገዛ ዝምልከት ንጥፈት የስርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 1.11. ተምሃሮ ገዛ ካብ ምንታይ ከምዝከላኸል ንምግላፅ ነቲ ክፍቲ ቦታ ከማልኡ ይግበሩ፡ ብተወሳኺ እውን ገዛ ምስራሕ ንምንታይ ከምዘድልየና ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 1.12. ተምሃሮ ብዝተምሃርዎ መሰረት ኣብ ቤት ትምህርቶምን ከባቢኦምን ዘለዉ ህንፃታት ከስተውዕሉ ድሕሪ ምግባር ካብ ምንታይ ከምዝተሰርሑ ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

መምህር ነዚ ትምህርቲ እንተጠቓልሉ መፅለሊ /ገዛ/ ካብ ኣየር ፀባይ (ዛሕሊ፣ ረስኒ) ፀሓይ፣ ዝናብን ንፋስን/፣ ካብ ጎዳእቲ እንስሳት ዘገዳም ንምክልኻል ከምዝጠቅምን ብተወሳኺ እውን ንብረትና ንምዕቃብ ከም ዝጠቕመና ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃብዎም፡፡

መምህር ብዛዕባ ገዛ ንምስራሕ ዝጠቕሙ ነገራት እንተምህሩ ብቐዳምነት ተምሃሮ ባዕሎም ገዛ ካብ ምንታይ ከምዝስራሕ ክዛረቡ ይግበሩ፡፡ ብተወሳኺ እውን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ገዛውቲ ካብ ምንታይ ከምዝተሰርሑ ክገልፁ ይግበሩ፡፡

መምህር ኣብ መወዳታ ገዛ /መዕለሊ/ ካብ ሳዕሪ፣ ዕንፀይቲ፣ ቆርቆሮ፣ ጭቃ፣ ስሚንቶ፣ ሑፃ፣ ጡብ፣ ብሎኬትን ኻልኦትን ከምዝስራሕ ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ሂቦም የጠቓልልዎ፡፡ ኣብ መወዳእታ መልመዲ 1.4 ብቃል ይሕተትዎም ትኽክል መልሲ እናሃቡ የብርህሎም።

መምህር ብዛዕባ ልሙዳት ሕማማትን ሜላ ምክልኻልን እንተምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ባዕሎም ኣብ ከባቢኦም ዝረኣዩ ልሙዳት ሕማማትን ንኽዝርዝሩ ይግበሩ፡፡ ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት 1.27 ክሳብ 1.30 ክሪኡን ክዛረቡ የተባብዕዎም፡፡ መምህር ኣብ መወዳእታ ኣብ ከባቢና ዝረኣዩ ልሙዳት ሕማማት ከም ሰዓል፣ ዓሶ፣ ውፅኣትን ከምዝኾኑ ድሕሪ ምግላፅ እዞም ሕማማት ካብ ሕሙም ሰብ ናብ ጥዑይ ሰብ ብሃፋ፣ ብንፋስን ብረሃፅ ናይ መመገቢ ኣቑሑ ሓቢርካ ብምጥቃምን፣ ክመሓላለፉ ከምዝኽእሉ ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ምስ ሃቡዎም ቀፂሎም ብዞም ሕማማት ዝተትሓዙ ሰባት ማለት ሰዓል ዝሓዞ ሰብ እንትስዕል መሃረም (መንዲል) ክጥቀም ከምዘለዎን ዓኽትኡ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክድርቢ ወይ እንትፍ ክብል ከምዘይብሉ፣ ውፅኣት ዝሓዞ ሰብ ድማ ኣብ ዝኾነ ቦታ ወይ ካብ ሽቓቕ ወፃኢ ክፍትን ከምዘይብሉን ካብ ሽቓቕ ምስ ወፀ ኢዱ ብሳሙና ክሕፀብ ከምዘለዎን፣ ዓሶ ብጣንጡ ኽመሓላለፍ ከም ዝኽእል ይግለፅሎም። ካብ ሕማም ዓሶ ንምድሓን ጣንጡ እትዓርፈሉ ጆቕጆቕ ቦታ ምድፋንን ኣጎበር (ዛንዜራ) ምጥቃም ብዝብል ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃብዎ፣

ሕማም ኤድስ ብደም ንኽክእ፣ ብበላሕቲ ነገራት ዝመሓላለፍ ከምዝኾነን ስለዚ ተምሃሮ ዝኾነ ይኹን ሰብ እንተደምዩ ብኢዶም ክሕዙ ከምዘይብሎም፣ በላሕቲ ነገራት ካብ ምሓዝ'ውን ክቑጠቡ ከምዘለዎም፤ ይግለፅሎም። ቀፂሎም ሕማማት ከመይ ከምንከላከሎም ይዛረቡዎም። ኣብ መወዳእታ መልመዲ 1.5 ብቃል ይሕተትዎም መብርሂውን ይሃብዎም።

መምህር ብዛዕባ ሓሙሽቲኦም ኣካላት ስምዒት እንተምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ባዕልቶም ኣካላት ስምዒት ማለት እንታይ ከምዝኾነ ክገልፁ ይግበሩ፡፡ ቀፂሎም ናይ ባዕልቶም ኣካላት ስምዒት እናርኣዩ ስሞምን ተግባሮምን ክዛረቡ የተባብዕዎም፡፡

ብተወሳኺ እውን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ብዛዕባ ኣካላት ስምዒት ዝምልከት ንጥፈት ክሰርሑ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 1.13. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ስእሊ ብምስትውዓል እንታይ ዓይነት ኣካል ስምዒት ከምዝኾነን ተግባሩን ብሕንፃፅ ንኽዛምዱ የበረታትዕዎም፡፡

መምህር ነዙይ እንተጠቓልሉ ሰብ ሓሙሽተ ኣካላት ስምዒት ከምዘለዉዎን እዚኦም እውን ዓይኒ፣ እዝኒ፣ ኣፍንጫ፣ መልሓስን ቆርበትን ከምዝኾኑን ዝተፈላለየ ተግባር ከምዘለዎምን ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃቡዎም፡፡

መምህር ብዛዕባ ፍልፍላት ብርሃን እንተምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ባዕሎም ፍልፍላት ብርሃን ዝኾኑ ክዛረቡ ዕድል ይሃቡዎም፡፡ ቀፂሎም ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት የስርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 1.14. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ስእልታት ብምርኣይ እንታይ ዓይነት ፍልፍል ብርሃን ከምዝኾኑ ክዝርዝሩ ይግበሩ፡፡ ቀፂሎም ብተፈጥሮን ብሰብ ዝተሰርሑን ፍልፍላት ብርሃን ብምርኣይ ክፈልዩ ይግበሩ፡፡

ኣብ መወዳእታ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ብርሃን ከምዘለዉ እንትገልፁ ስእሊ ሞዴላት ከምሽምዓ፣ ፋኑስ /ቅራሮት/፣ ነዳዲ ዕንፀይቲ፣ ብርሃን ኤሌክትሪክ፣ ፀሓይን ወርሕን ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ ፍልፍል ብርሃን የርእይዎምን ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃብዎምን፡፡

**ንጥፈት** 1.15. ስም ሕብርታት ዝተኸደንዎ ኽዳን ንክፅውዑ ይግበሩ፡፡

ተምሃሮ ስም ሕብርታት ክዳውንቲ መሓዙቶም ፃዕዳ፣ ቀይሕ፣ ፀሊም፣ ሓምለዋይ፣ ዕንቆዋይ እናበሉ ክዛረቡ ይግበሩ።

**ንጥፈት** 1.16. ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ኣቑፅልትን ዕንበባታትን ተጠቒሞም ሕብርታት ክሰርሑ ይግበሩ።

መምህር ብዛዕባ ስምዒት ኣካል እዝኒ እንተምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ባዕልቶም እዝኖም ንምንታይ ከምዝጠቕሞም፣ ብእዝኖም እንታይ ዓይነት ድምፂ ከምዝሰምዑ ንኽዛረቡ ይሕተትዎም፡፡

ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ብዛዕባ ምፍላይ ድምፂ ዝምልከት ንጥፈት የስርሕዎም፡፡

## ቀፃሊ መዝሙር ክዝምሩ ኢለማምድዎም

**መዝሙር፡- ንከናኽን**

ንከናኽን ኣካላት ስምዒትና
ንከናኽን ሰውነትና
ንከናኽን ኣካላት ስምዒት

ንኸናኸን ዓይንና
ብፅሬት ንሓሉ ዓይንና
ንከናኸን እዝንና
ብፅሬት ንሓሉ እዝንና
ንከናኸን ኣፍና
ብፅሬት ንሓሉ ኣፍና
ንከናኸን ኣፍንጫና
ብፅሬት ንሓሉ ኣፍንጫና
ነፅርዮ ኢድና ብማይን ሳሙናን እናተሓፀብና
ንከናኸን ቆርበትና
ብፅሬት ንሓሉ ቆርበትና

**ንጥፈት** 1.17. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ስእሊ እንስሳት ዘቤት ብምርኣይ ናይ ነንሕድሕዶም ኣምሲሎም ከድምፁ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 1.18. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት እንስሳት ዘገዳም ብምስትውዓል ናይ ነንሕድሕዶም ድምፂ ኣምሲሎም ከድምፁ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 1.19. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት ብምርኣይ ድምፂ ሞተራት ኣምሲሎም ከድምፁ የተባብዕዎም፡፡

**ንጥፈት** 1.20. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት ብምርኣይ ሰባት እንትሕጎሱን እንትጭነቑን ዘስምዕዎ ድምፂ ክፈልዩን ኣምሲሎም ከድምፁን ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 1.21. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ስእልታት መሳርሒታት ሙዚቃ ክሪኡን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ድማ ናብ ክፍሊ ብምምፃእ ኣምሲሎም ከድምፁ የተባብዕዎም።

ኣብ መወዳእታ ነዚ ንኡስ ርእሲ እንተጠቓልሉ ኣብ ከባቢና ብዝርከቡ ምንቅስቓሳት ዝፍጠር ድምፂ ሞተራት፣ እንስሳት ዘቤት፣ እንስሳት ዘገዳም፣ ሰባት እንትሕጎሱን እንትጭነቑን ዝፍጠር ድምፂ፣ ድምፅታት መሳርሒታት ሙዚቃ ብእዝንና ከምንሰምዕ ድምፂ ሰሚዕና ዝተፈላለየ ምንቅስቓሳት ከምዝግበር ብምባል ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃብዎም፡፡

ብምቅፃል ብዛዕባ ኣካል ስምዒት መልሓስ ኣብ ዘምህርሉ እዋን ፈለማ ተምሃሮ መልሓስና ንምንታይ ከምዝጠቕመና ንኽዛረቡን ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ንጥረ ነገራት ከምጥዑም፣ መሪር፣ ጨውን መፂፅን ጣዕምታት ክዛረቡ ይግበሩ፡፡ ብተወሳኺ እውን መልሓሶም ተጠቂሞም ጣዕምታት ክፈልዩ ይግበሩ፡፡

ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ብዛዕባ ኣካል ስምዒት መልሓስ ዝምልከቱ ንጥፈታት ክሰርሑ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 1.22. ተምሃሮ ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ነገራት ዝተፈላለዩ ጣዕሚ ከምዘለዎምን ጣዕምታት ጥዑም፣ መሪር፣ መፂፅን ጨው ዝጥዕምን ተባሂሎም ኣብ ኣርባዕተ ከምዝምደቡ ንኽግንዘቡ ይገብር፡፡ ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ስእልታት ብምርኣይ ጉዕን ለሚንን እንታይ ጣዕሚ ከምዘለዎም፤ ጣዕሞም ክፈልዩ ንክዛረቡ ይግበሩ፡፡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዝተቐመጠ ንጥፈት መሰረት ክዛረቡ ይግበሩ።

ነዚ ንኡስ ርእሲ እንተጠቓልሉ መልሓስና ናይ ምግቢ ንጥረ ነገራት ንምጥዓምን ንጥረ ነገራት ብጣዕሞም መሰረት ጥዑም፣ መሪር፣ መፂፅን ጨው ዝጥዕምን ተባሂሎም ኣብ ኣርባዕተ ከምዝምደቡ፡፡ ኣብነት ጉዕ /ቃሪያ/ መሪር፣ ለሚን መፂፅ፣ መዓር ጥዑምን ጨው ድማ ናይ ጨው

ጣዕሚ ከምዘለዎ ስፍሕ ብዝበለ ይግለፁሎም፡፡ ብተወሳኺ እውን ዝኾነ ይኹን ነገር ዝጎድእን ዘይጎድእን ምኳኑ እንተይፈለጡ ክጥዕሙ ከምዘይብሎም ይዛረቡዎም፡፡

መምህር ብዛዕባ ኣካል ስምዒት ኣፍንጫ እንተምህሩ ፈለማ ንተምሃሮ ዕድል ብምሃብ ዝተፈላለዩ ዓውደ ኣካላት ብጨነኦም ከመይ ከምዝፍለዩ ይሕተትዎም፡፡ ተምሃሮ ዓውደ ኣካላት ናይ ሕማቕን ፅቡቕን ምጭናው ባህሪ ከምዘለዎም ኣብነት ክህቡ ይግበሩ፡፡ ሜላ ግደኻ ምፅዋት ተጠቒሞም ናይ ሓደ ነገር ሕማቕን ፅቡቕን ጨና ውፅኢቱ ክዛረቡ ይንገርዎም፡፡ ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ኣካል ስምዒት ኣፍንጫ ዝምልከቱ ንጥፈታት ክሰርሑ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 1.23. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ስእሊ 1.43 ዓውደ ኣካላት ብምርኣይ ሕማቕን ፅቡቕን ጨና ብምባል ክፈልዩ ይግበሩ፡፡ ብምቕፃል ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጨና ከመይ ከምዝፈልዩዎ ክዛረቡ ይግበሩ፡፡ ብተወሳኺ እውን ዝተፈላለየ ጨና ዘለዎም ነገራት ብምምፃእ ተምሃሮ ንክጫንዉዎምን እንታይ ዓይነት ጨና ከምዘለዎም ክፈልዩን ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 1.24. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዝርከብ ንጥፈት መሰረት ሕማቕ ጨና እንተጨንዎም እንታይ ከምዝስመዖም ኣብ ክፍሊ ኣምሲሎም ከርእዩ ይግበሩ፡፡

ነዚ ንኡስ ርእሲ እንተጠቓልሉ ኣፍንጫና ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጨና ፈሊና ንኽንፈልጥን ንኽንግንዘብን ዘኽእለና ኣካል ስምዒት ከምዝኾነ ብተወሳኺ'ውን ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ሕማቕን ፅቡቕን ጨና ክንፈሊ ከምዘኽእለናን ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃብዎም፡፡

ብዛዕባ ኣካል ስምዒት ቆርበት /ምድህሳስ/ ኣብ ዘምህርሉ እዋን ብቐዳምነት ንተምሃሮ ዕድል ብምሃብ ንምድህሳስ ኣየናይ ስምዒት ኣካሎም ከምዝጥቀሙን ሓርፋፍ፣ ልሙፅ፣ ልስሉስ፣ ዝሑልን ውዑይን ብኸመይ ከምዝፈልዩ ንኽዛረቡ ይሕተትዎም፡፡

ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ብዛዕባ ኣካል ስምዒት ቆርበት /ምድህሳስ/ ዝምልከት ንጥፈት 1.25 የስርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 1.25. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት ብምርኣይ ሓርፋፍ እንተኾይኑ ምስ ሓርፋፍ፣ ልሙፅ እንተኾይኑ ምስ ልሙፅን ካልኦትን ብምባል ከዛምዱ ይግበሩ፡፡ ቀፂሎም ነቶም ስእልታት ብምርኣይ ሓርፋፍን ልሙፅን ኢሎም ክፈልዩ ይግበሩ፡፡

ኣብ መወዳእታ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለው መልመዲ 1.6. ክሰርሑ ብምግባር ይኣርሙሎም።

ነዚ ንኡስ ርእሲ እንተጠቓልሉ ብቆርበትና /ኢድና/ ተጠቒምና ነገራት ከምንድህስስ፣ ብምድህሳስ ነገራት ሓርፋፍ፣ ልሙፅ፣ ዝሑል ወይ ውዑይ ኢልና ከምንፈልን ካልኦትን ኣስፍሕ ኣቢሎም መብርሂ ይሃቡዎም፡፡

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ እዚ ይ ምስተምሃሩ ብዛዕባ ደጋዊ ኣካላት ሰውነት፣ መሰረታዊ ድልየታት፣ ልሙዳት ሕማማትን ስምዒት ህዋሳትን እኹል ግንዛበ ምስረኸቡ ለውጢ ባህሪ ብምምፃእ ፅርየት ደጋዊ ኣካላቶም ክሕልዉን ብፍላይ ድማ ፅርየት ስምዒት ኣካላቶም ከም ዓይኖም፣ ኣፍንጨኦምን እዝኖምን ብግቡእ ተኸናኺኖም ብቑዓት ዜጋታት ክኾኑ ናይ እዚ ምዕራፍ እዚ ይ ቀንዲ ዕላማታት ምኳኖም ተገንዚቦም በዚ ዝስዕብ መጠቃለሊ ይሃብዎም።

**መጠቓለሊ**

ኣብ መወዳእታ ነዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ነጥብታት መሰረት ብምግባር መጠቓለሊ ይሃቡዎም፡፡

- ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ዝበሃሉ ርእሲ፣ ፀጉሪ፣ እዝኒ፣ ዓይኒ፣ ኣፍንጫ፣ ኣፍ፣ ኢድ፣ ኣፃብዕትን ካልኦትን ከምዝኾኑ ይፀውዑሎም፣
- ብእግርና ንኸይድ፣ ብዓይንና ንርኢ፣ ብእዝንና ንሰምዕን ካልኦትን ኢሎም የብርሁሎም፣
- ፀጉርና፣ ገፅና እግርና በብእዋኑ፣ ኩሉ ግዘ ሰውነትና፣ ፀጉርና በብመዓልቱ ክንሕፀብን ክንስንትርን ከምዘለና፣
- መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ዝበሃሉ ምግቢ፣ ክዳንን መፅለልን ከምዝኾኑ፣ ምግቢ ንጥዕና ንጥንካረን ዕብየትን፤ ክዳንን መፅለልን ድማ ካብ ዛሕሊ ዋዕን ንፋስን ከምዝከላኸሉልና፣
- ውፅኣት፣ ዓሶ፣ ሰዓል፣ ኤድስን ንሰብ ዘጥቅዑ ልሙዳት ሕማማት ከምዝኾኑ፣
- ኣካላት ስምዒት ንምርኣይ፣ ንምጭናው፣ ንምጥዓምን ንምድህሳስን ከምዝጠቕሙ፣
- ሕማማት ማለት ዓሶ ብዛንዜራ ምሽፋን፣ ውፅኣት ሽቓቕ ብምጥቃምን ሰዓል ማዕፆ ገዛና ኣየር ከምዝኣትዎ ብምኽፋትን ምክልኻል ከምንኽእል፣

**ኣገባብ ገምጋም**

እቲ መምህር ሕድሕድ ስራሕ ተምሃሮ ኣብ ምሉእ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክምዝኖምን ምስ እዞም ዝስዕቡ ኣገላልፃታት ብመሰረት ዝርዝር ዕላማታት ተምሃሮ ኣዕጋቢ ተደላዪ ደረጃ ብቕዓት ከምዝጨበጡ ክውስን ኣለዎ፡፡

**ኣብ ኣዕጋቢ ተደላዪ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ፦**

ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰብነቶም፣ ስምዒት ህዋሳቶም፣ ረብሓኦምን ከመይ ከምዘዕርይዎምን ይፈልጡ፣ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ይዝርዝሩን ቀሊል ኣብነት ይህቡን፡፡ ምግቢ ካበይ ከምዝርከብ ይፅውዑ፣ ክዳንን መፅለልን ዝሰርሑሎም ነገራት ይዝርዝሩ፣ ኣብ ሓጋይን ክረምትን እንኸደኖም ዓይነታት ክዳውንቲ ይፅውዑ። ንሰብ ዘጥቅዑ ልሙዳት ሕማማትን ከመይ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ከምዝመሓላለፉን ሜላ ምክልኻሎምን ይፈልጡ። ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ብርሃን፣ ሕብርታትን ድምፅታትን ይፈልዩ፣ ዝተፈላለዩ ኣቑፅልትን ዕምበባታትን ተጠቒሞም ሕብርታት የዳልዉ፣ ሓደጋ ምጭናውን ምጥዓምን ዘይፍለጡ ዓውደ ኣካላት ተረዲኦም ጥንቓቐ ይገብሩ፣ ንውሑዳት ልሙዳት ዓውደ ኣካላት ብምጥዓም፣ ብምጭናውን ብምርኣይን ብምድህሳስን ይፈልዩ።

**ካብ ዘዕግብ ደረጃ ብቕዓት ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ፦** ክድነቑን ፍፃመታቶም ክፍለጡሎምን ኣለዎም። ንቐፃሊ ጠንኪሮም ክሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም። ብዝሰርሕዎ ዘስተርሕዩ (ዝዓግቡ) ክኾኑ የብሎምን።

**ትሕቲ ተደላዪ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ፦** ምስ ካልኦት ክፍልታት ማዕረ ንምኳን (ንምስዓብ) ብዙሕ ሓገዝ የድልዮም። ኣብ ክፍሊ ወይ ካልእ ግዘ ፅንዓት፣ ዕረፍቲ ወይ ኣብ መወዳእታ እዚ መዓልቲ ብዙሕ ጠመተ ክወሃቦም ኣለዎ።

# ምዕራፍ ክልተ
# ስድራ

**ነዚ ምዕራፍ ዝተመደበሉ ክፍለ ግዜ** 48

- ኣባላት ስድራ ቤት 11
- ስድራ ቤት ምግቢ ኽዳን መዕለልን የድልዮም 17
- ኣቑሑት ገዛ 20

**ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት እዚ ምዕራፍ**

- ኣባላት ስድራ ቤትን ሓላፍነቶምን ይዝርዝሩ፣
- ሕርሻ ፍልፍል ምግቢ ከምዝኾነ ይገልፁ፣
- ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ ዘርኣትን ውፅኢት ዝርኣትን ይፀርሑን ክንክን ይገብሩን፣
- ክዳንን መዕለልን ዝስርሐሎም ነገራት የርእዩን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክዳንን መዕለልን ይፈልዩ፣
- ውሑዳት ኣቑሑት ገዛ ይፀርሑ፣ ጥቕሞምን ዝተሰርሑሎም ነገራትን ይዛረቡን ክንክን ይገብሩን፣
- ኣብዚ ምዕራፍ ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ሰሪሖም የርእዩ፡- ምዕዛብ፣ ምሕታት፣ ምርኻብ፣ ተሓባቢርካ ምስራሕ

***መእተዊ***

እዚ ምዕራፍ ስድራ ቤት ዝምልከት ኮይኑ ብፍላይ ድማ ብዛዕባ ኣባላት ስድራ፣ ኣብ ሓደ ስድራ ክህሉ ዘለዎ ቤተሰባዊ ስነ ምግባር፣ ሓላፍነት ወለድን ፍልፍል እቶት ስድራ ዝመሃርሉ እዩ፡፡

***ዝርዝር ዕላማታት***

- ኣባላት ስድራ ቤት ይዝርዝሩ፡፡
- ስራሕ ኣባላት ስድረኦም ይዝርዝሩ፡፡
- ንካልኦት ኣባላት ስድራ ሓገዝቲ፣ ርሕሩሓት ሓላፍነት ዝስመዖምን ኮይኖም ብተግባር የርእዩ፡፡
- ስድራና ምግቢ፣ መዕለልን ኽዳንን ከምዘድልዮም ይገልፁ፡፡
- ሕርሻ ፍልፍል ምግቢ ከምዝኾነ ይገልፁ፡፡
- ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ ዘረኣትን ውፅኢት ዝርኣትን ይፅውዑ፡፡
- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኽዳውንቲ ይፅውዑ፡፡
- ንኽዳን መስርሒ ዝጠቕሙ ነገራት ይዝርዝሩ፣
- ዝተፈላለዩ ዓይነታት መዕለሊ ይፈልዩ፣
- ገዛ ንምስራሕ ዝጠቕሙ ነገራት ይፅውዑ፡፡
- ዝተፈላለዩ ስርሒት ዕንፀይቲ ኣቑሑ ገዛ ይፅውዑ፡፡
- ኣብነታት መሳርሕታት ኤሌክትሪክ ይህቡ፡፡
- ረብሓ ዝተወሰኑ ስርሒት ዕንፀይቲ ኣቑሑ ገዛ ይዝርዝሩ፡፡
- ረብሓ ዝተወሰኑ መሳርሕታት ኤሌክትሪክ ይዝርዝሩ፡፡
- ረብሓ ዝተወሰኑ ኣቑሑ ክሽነ ይዝርዝሩ፡፡
- ኣብ ገዛ ዝበፅሕ ሓደጋ ይፈልዩ፡፡
- ንመስርሒ ኣቑሑ ገዛ ዝጠቕሙ ነገራት ይዝርዝሩ፡፡
- ኣቑሑ ገዛ ከመይ ከምዝፀርን ክግበር ዝግባእ ጥንቃቐን ይዝርዝሩ፡፡
- ንኣቑሑ ገዛ ዝግበር ጥንቃቐ ሰሪሖም የርእዩ፡፡
- ኣብ ገዛ ዝገጥም ሓደጋ ከመይ ከምዝውገድ ይዝርዝሩ፡፡

***መረዳእታ ንመምህር***

ኣብ ሓደ ገዛ ዝነብሩ ኣቦ፣ ኣደ፣ ኣሕዋት፣ ኣቦሓጎ፣ እናሓጎ፣ ኣኮን ኣሞን ብሓባር ስድራ ይበሃሉ፡፡ ብተወሳኺ ዋርድያን ሰራሕተኛ ገዛን እውን ኣባላት እቲ ስድራ እዮም፡፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራ ቤት ፅቡቕ ቤተሰባዊ ስነ ምግባር ክህሉ ኣለዎ፡፡ ካብ መንጎ እቶም ፅቡቕ ቤተሰባዊ ስነ ምግባራት እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፡፡

**ምትሕልላይ፡-** ኣብ ሞንጎ ኣባላት ስድራ ቤት ምትሕልላይ፣ እንትህሉ ፅቡቕ ይኸውን፡፡ ቆልዑ ንወለዶም ክሓልዩ ኣለዎም፡፡ ቆልዑት ንወለዶም እንተኸብሩ ንምስኦም ዝነብሩ ቤተሰቦም እውን ከኽብሩ ኣለዎም፡፡ ምትሕልላይ ዘለዎ ስድራ ቤት ኣብ ገዛ ፍቕርን ሰላምን ክህሉ ይገብር፡፡

***ምርድዳእ፡-*** ኣብ ሞንጎ ስድራ ቤት ክህሉ ዝግበኦ ካልእ ሰናይ ስነምግባር ምርድዳእ እዩ፡፡ ኣብ ሞንጎ ሰብኣይን ሰበይትን፣ ቆልዑት ምስ ወለዶም፣ ቆልዑት ነንርእሶም ክተሓጋገዙ ኣለዎም፡፡ ምርድዳእ ክህሉ እንተኾይኑ ድማ ትዕግስቲ እንተህሉ እዩ፡፡

***ምፍቓር፡-*** ፍቕሪ ብዝተፈላለየ መልክዕ ክግለፅ ይኽእል፡፡ ፍቕሪ ውላድ፣ ፍቕሪ ወላዲ፣ ፍቐሪ ሃገር፣ ፍቕሪ ትምህርቲ፣ ፍቕሪ ዓርክን ካልኦት የጠቓልል፡፡ ፍቕሪ ወለዲ በዚ ዝስዕብ ይግለፅ፡፡ ውላድካ ምኽዳን፣ ምምጋብን ምምሃርን ካልኦትን እዮም፡፡

***ምክብባር፡-*** ኣብ ሞንጎ ስድራ ቤት ሰላም ዝህሉ ምክብባር እንትህሉ ጥራሕ እዩ፡፡ ፍቕርን ሰላምን ዝህሉ ሰብኣይ ንሰበይቱ ሰበይቲ ንሰብኣያ ወለዲ ንደቆም ደቆም እውን ንወለዶም እንተኽብሩ ኣብ ገዛ ስኒት ይህሉ፡፡

***ምትሕግጋዝ፡-*** ስድራ ቤት መነባብሮኦም ብኣግባብ ክመርሑ እንተኾይኖም ኩሎም ኣባላት ስድራ ተሓጋጊዞም ክሰርሑ ኣለዎም፡፡ ምትሕግጋዝ ከምዝስዕብ ይግለፅ፡፡ ኣብ ማሕረስ፣ ቆልዑ ከፍቲ ምሕላው፣ ሰበይቲ ንዕዳጋ እንትትኸይድ ቆልዑት ህፃን ምዕዋት እዮም፡፡ ኣብ ሞንጎ ኣባላት ስድራ ምትሕግጋዝ እንትህሉ ፀገም ብቐሊሉ ክፍታሕ ይኽእል፡፡

***ተኣማንነት፡-*** ተኣማንነት ብዝተፈላለየ መልክዕ ክግለፅ ይኽእል፡፡ ዘይምሕሳው፣ ገንዘብ ይኹን ካልእ ዘይምስራቕ፣ ልኡኽ ብግቡእ ምፍፃም፣ ሓቂ ምዝራብን ምስጢር ምዕቃብን ካልኦትን የጠቓልል፡፡

ኣባላት ስድራ መነባብሮኦም ክብ ንምባል ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ይዋፈሩ፡፡ ካብዚኦም ኣብ ሕርሻ፣ ንግዲ፣ ውትድርና፣ መምህርነት፣ ሓኪም፣ ስራሕቲ ኢደ ጥበብን እዮም፡፡

***ሕርሻ፡-*** እዚ መብዛሕትኡ ሕብረተሰብ ኢትዮጵያ ዝዋፈረሉ ስራሕ እዩ፡፡ ሓረስታይ ግራቱ ሓሪሱ ኣለሳሊሱ ዝተፈላለየ ዝራእቲ ይዘርእ፡፡ ብተወሳኺ እውን እንስሳት ዘቤት የራብሕ፡፡ እቲ ካብ ሕርሻ ዝረኽቦ ምህርቲ መብዛሕትኡ ንቐለቡ እንትተዋቀም ዝተወሰነ ድማ ንዕዳጋ ኣውሪዱ ብምሻጥ ኽዳን ደቁን ሰበይቱን፣ ጨው በርበረ ይገዝኣሉ፣ ስለዚ ስድራ ቤት ካብ ሕርሻ እቶት ይረኽቡ፡፡

***ንግዲ፡-*** ንግዲ ማለት ፍርያት ሕርሻ ይኹን ፍርያት ኢንዱስትሪ ብሕሳር ገዚእካ ወሲካ ምሻጥ እዩ፡፡ ፍርያት ሕርሻ ይኹን ፍርያት ኢንዱስትሪ ገዚኡ ዝሸይጥ ሰብ ነጋዳይ ይበሃል፡፡ ነጋዳይ ዝሓሰሩ ነገራት ገዚኡ ብምሻጥ ከስቢ ይረክብ፡፡

***መምህርነት፡-*** ኣብ መምህርነት ዝሰርሑ ሰባት ብመሃያ ኣብ መንግስታውን ውልቀን ትካላት ተቘፂሮም ዝሰርሑ እዮም፡፡ መምህር ኣብ ቤት ትምህርቲ ቆልዑት ብስነ ምግባርን ብትምህርትን ዘብቅዕ እዩ፡፡

***ውትድርና፡-*** ኣብዚ ስራሕ ዝዋፈሩ ሰባት ዓዲ ብወራሪ ሓይሊ ከይትውረር ዝከላኸሉ ብመሃያ ዝነብሩ ሰባት እዮም፡፡ በዚ መልክዕ ድማ ንስድረኦም እቶት የርክቡ፡፡

***ሓኪም፡-*** ንዝሓመመ ሰብ ቀትርን ለይትን ከይበለ ዝፍውስ ሰብ እዩ፡፡ ሓኪም ንሕሙም በብእዋኑ እናተኸታተለ ይርኢ፡፡ ሰባት ቅድሚ ምሕማሞም ፅርየቶምን ፅሬት ከባቢኦምን ክሕልዉ ከምዝግባእ የምህር፡፡ ስለዚ በዚ መልክዕ ብዝረኽቦ መሃያ መነባብሮኡ ይመርሕ፡፡

***ስራሕቲ ሸኽላ፡-*** ስራሕቲ ሸኽላ ዝበሃል ካብ ጭቃ፣ ዕትሮ፣ ፃሕሊ፣ ዋንጫን ካልኦትን ዝስራሓሉ ኣግባብ እዩ፡፡ ብዙሓት ኣባላት ስድራ ቤት ኣብዚ ተዋፊሮም መነባብሮኦም ይደፍኡ፡፡

***ማእለማ፡-*** ስራሕቲ ማእለማ ከም ኩታ፣ ጋቢ፣ ነፀላ፣ ወዘተ ዝስርሓሉ እዩ፡፡ ንስራሕቲ ማእለማ ዝውዕሉ ነገራት ድማ ዝተፈተለ ጡጥ፣ ዝሃ ወዘተ እዮም፡፡ ስለዚ ኣብዚ ዝተዋፈሩ ሰባት ዝኣለሙዎ ዓለባ እናሸጡ ይመሓድሩ፡፡

***ስራሕቲ ሓፂን መፂን፡-***ስራሕቲ ሓፂን መፂን ካልኦት ዓይነታት ሓፂናት ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ናውቲ ናይ ምስራሕ ጥበብ እዩ፡፡ በዚ ጥበብ እዙይ ዝስርሑ ነገራት ከም መሳርሕታት ሕርሻ፣ ኣቑሑት ገዛን ካልኦትን የጠቓልል፡፡ ስለዚ ክፋል ሕብረተሰብ ነዚ ስራሕ ብምስራሕ እናሸጠ ይመሓደር፡፡

ቆልዑት እውን ብዓቕሞም ዝሰርሕዎም ወይ ዝፍፅምዎም ስራሕቲ ኣለዉ፡፡ እዚኦም እውን

- ትምህርቶም ብግቡእ ምክትታል፣
- ንወለድን ዓበይትን ምልእኣኽ፣
- ምስ መሓዝቶም ምዕዋትን
- ተኽልታት ገደና ማይ ምስታይን ምኹስኳስን፣
- ከም ጫማ ምፅራግ፣ ካልሲ ምሕፃብ፣ ገዛ ምኹስታር፣ ምሕፃብ ኣቑሑት ገዛን ምንፃፍ ዓራትን ዝመሳሰሉ ቀለልቲ ስራሕቲ ይሰርሑ፡፡

***መምሃሪ ሓገዝ***

- ኣባላት ስድራ ዘርእዩ ፖስተራት፣
- ስእልታት

- ቻርትታት
- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዝርኣትን ውፅኢት ዝራእትን
- ስእልታት ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገዛውቲ
- ስእልታት መስርሒ ገዛ
- ጡጥ
- ብርጭቆ፣ ፃሕሊ፣ ኣገልግል ወዘተ
- ባራኪና

**ኣገባብ ኣመሃህራ**

መምህር ኣብዚ ክፍሊ እዙይ ዘለዉ ተምሃሮ ህፃናትን ገና ምፅሓፍን ምንባብን ዘይከኣሉ ከምዝኾኑ ኣብ ግምት ክትእትው ኣለኩም፡፡ ሕድሕድ ቃላት እምበር ሓሳባት ክእክቡን ክፅሕፉን ስለዘይኽእሉ ሓሳባት ወይ ነዋሕቲ ፅሑፋት ከፅሕፉዎም የብሎምን፡፡

ኣባላት ስድራ ዝብል ርእሲ ንምምሃር ፈለማ ተምሃሮ ናይ ባዕሎም ኣባላት ስድራ ክፈልዩ ይሕተትዎም፡፡ ቀፂሎም ናይ መሓዙቶም ኣባላት ስድራ ክፅውዑ የተባብዕዎም፡፡ ነቶም ሕቶታት እዚኦም ምስ መለሱ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ  ዘሎ ምስሊ ብምርኣይ ሕድሕድ ኣባላት ስድራ ኣስማቶም ክፅውዑ ይግበሩ፡፡

ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ብዛዕባ ኣባላት ስድራ ሰፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃብዎም፡፡ ኣባላት ስድራ ቤት ዝበሃሉ ኣቦ፣ ኣዶን፣ ኣሕዋትን ኣሓትን ካልኦትን  ዘጠቓለለ ከምዝኾነ ይግለፁሎም፡፡

ብዛዕባ ቤተሰባዊ ስነ ምግባር ዝብል ርእሲ እንተምሀሩ ድማ ፈለማ ተምሃሮ ኣብ ገዝኦም ምስ ወለዶም ዘለዎም ርክብ እንታይ ከምዝመስል ይሕተትዎም፡፡ ወለዶም ካብ ስራሕ እንትምለሱ ከመይ ከምዝቕበልዎም ንሶም ካብ ቤት ትምህርቲ እንትምለሱ ወለዶም ከመይ ከምዝቕበልዎምን ወለዶም ኣብዘይሃለዉ እዋን ንምንኣሶም ከመይ ከምዘፅንሕዎም ንኽገልፁ ዕድል ይሃብዎም፡፡ ኣስፈሓም ክዛረቡ የተባብዕዎም፡፡

ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ነዚ ዝምልከት ንጥፈት የስርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 2.1. ብብጉጅለ ኣውፅኦም ከምሓደ ስድራ ኣቦ፣ ኣዶ፣ ኣሓት ኮይኖም ብተግባር ክርእዩ ይግበሩ፣

**ንጥፈት** 2.2. መምህር ተምሃሮ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእሊ ካብ 2.2 ክሳብ 2.5 ብምርኣይ ኣየናይ ዕቡቕ ስነ ምግባር ኣብ ገዝኦም ከምዝትግብርዎ ክፈልዩ ይግበሩ፡፡

ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ዝተፈላለዩ መርኣያታት ቤተሰባዊ ስነ ምግባር ሓደ ብሓደ እናልዓሉ የዛርብዎም። ድሕሪ እዚ ብዛዕባ እዞም ቤተሰባዊ ስነ ምግባራት እንታይነቶምን ብኸመይ ከምዝግለፁን መብርሂ ይሃብዎም፡፡ ተምሃሮ እውን በዞም ሰናይ ምግባራት እዚኦም ክህነፁ ኣጥቢቖም ይምከሩዎም፡፡

ብምቕፃል ብዛዕባ ብፅሒት ስራሕ ስድራ እንተምሀሩ ብቐዳምነት ተምሃሮ ባዕሎም ኣብ ገዝኦም እንታይ ዓይነት ብፅሒት ሰራሕ ከምዘለዎም ክገልፁ ድሕሪ ምግባር ወለዶምን ኣሕዋቶምን ኣብቲ ስድራ ዘለዎም ብፅሒት ስራሕ ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ነዚ ዝምልከት ንጥፈት ክሰርሑ የተባብዕዎም፡፡

**ንጥፈት** 2.3.. ተምሃሮ ነቲ ኣብ ሰደቓ ዘሎ ስእሊ ብምርኣይ ንሕድሕድ ስራሕ ሕርሻ፣ ንግዲ፣ ውትድርና፣ መዓልታዊ ስራሕ፣ ሕክምና እናበሉ ከዛምዱ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 2.4.. ተምሃሮ ወለዶም ኣብ ኣየናይ ዓይነት ስራሕ ተዋፊሮም ከምዝሰርሑ ንክገልፁ የተባብዕዎም፡፡ ቀፂሎም ኣብ ኣየናይ መዳይ ስራሕ ብዙሕ ሰብ፣ ኣበየናይ ድማ ውሑድ ሰብ ከምዘሎ ኣብ ከባቢኦም ልሙድ ዝኾነ ስራሕ ክዛረቡን ምስዓበዩ እንታይ ዓይነት ስራሕ ክሰርሑ ከምዝደልዩ ወይ ከምዝምነዩ ክዛረቡ የተባብዕዎም፡፡

መምህር ነዚ ንኡስ ርእሲ እንተጠቓልሉ ስድራ ቤት ናብረኦም ንምምሕያሽ ዝተፈላለዩ ብፅሒት ስራሕ ከምዘለዎም፣ እዚኦም እውን ስድረኦም የመሓድሩ፣ እቶት ስድረኦም የደንፍዑ ኢሎም ድሕሪ ምብራህ ኩሎም ኣባላት ስድራ ቤት ስራሕቶም ተሓጋጊዞም ክሰርሑ ከምዘለዎምን ኩሉ ስራሕቲ ስድራ ኣብ ወለዲ ጥራሕ ክወድቕ ከምዘይብሉ ሰፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃብዎም፡፡

ብዛዕባ ፍልፍል እቶት ስድራ እንተምሀሩ ፈለማ ተምሃሮ ባዕሎም ፍልፍል እቶት ስድረኦም እንታይ ከምዝኾነ ክዛረቡ ይግበሩ፡፡ ሕድሕድ ተምሃሮ ወለዶም ዝሰርሕዎ ስራሕ እናወፁ ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ዝተፈላለዩ ፍልፍል እቶት ስድራ ከምዘለዉን እዚኦም እውን ካብ ስራሕቲ ሓፂን መፂን፣ ካብ ፍርያት ሕርሻ፣ ንግዲ፣ መንደቕን ስራሕቲ ሽኽላን ከምዝኾነ ምስ ኣብርሁሎም ዝኾነ ይኹን ስራሕ ፍልፍል እቶት ከምዝኾነ ክነዓቕ ከምዘይብሉን ተምሃሮ'ውን ብዓቕሞም ቀለልቲ ስራሕቲ ብምስራሕ ንወለዶም ክሕግዙ ከምዝኽእሉ ሰፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃብዎም፡፡

**ንጥፈት** 2.5. ስድሮኦም ምስ ጎረባብቲ ዘለዎም ርክብ እንታይ ከምዝመስል ክዛረቡ ይግበሩ። ብፍላይ ኣብ ምትሕግጋዝ፣ ኣብ በዓላት ወዘተ።

ብዛዕባ ስድራ ቤት ምግቢ፣ ኽዳንን መፅለልን የድልዮም ኣብ ዝብል ንኡስ ርእሲ ብቐጻምነት ብዛዕባ ምግቢ ንክምህሩ ተመራፂ ኮይኑ ተምሃሮ ባዕሎም ምግቢ ካብ ምንታይ ከምዝርከብ፣ ኣብ ገዝኦም ዝምገብዎም ምግብታት ካብ ምንታይ ከምዝርከቡን ከምዝስርሑን ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

*ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ነዚ ዝምልከት ንጥፈት የስርሕዎም፡፡*

**ንጥፈት** 2.6. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእሊ ብምርኣይ ኣዝውቲሮምን ሓልሓሊፎምን ዝምገብዎ ክፈልዩ ይግበሩ፡

ተምሃሮ ዘራኣቲ መዓዝ ከምዝዘርኡን መዓዝ ከምዝዕፀዱ መዓዝ ድማ ከምዝሕፈሱ ንክዛረቡ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 2.7. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣበቲ ሰደቓ ዝርከቡ ስእልታት 2.11 ዝራእቲ ብምርኣይ ኣብ ከባቢኦም ዝቦቕሉን ዘይቦቕሉን ክፈልዩ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 2.8. ተምሃሮ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ሰደቓ ብምርኣይ ዘርኣትን ካብኦም ዝዳለው ዓይነት ምግብን ክፈልዩ ይግበሩ፡፡

*ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ምግቢ ካብ እንስሳትን ውፅኢት እንስሳትን፣ ካብ ዘራኣት ውፅኢት ዘራኣትን ካብ ኣሕምልትን ፍረምረን ከምንረክብን ካብዚኦም ኣዘውቲርካ ዝብልዑን ካብ ውፅኢት ዘራእቲ ዝርከቡ ከም እንጀራ፣ ቅጫ፣ ሕምባሻ፣ ቆሎ፣ ምጎ /ጥጥቖ/ ፣ ውፅኢት ኣሕምልትን ፍረምረን ድማ ቆስጣ፣ ሰላጣ፣ ሓምሊ ኣድሪ፣ ኮመደረ፣ ጉዕ፣ ድንሽ፣ ካውሎ /ጥቕሉል ሓምሊ/ ፣ ሙዝ፣ ኣራንሺ፣ ወዘተ ካብ እንስሳትን ውፅኢትን እንስሳትን ድማ ፀባ፣ እንቋቆሖ ጠስሚ፣ መዓር፣ ስጋን ወዘተ ኮይኖም ኣዘውቲርካ ዘይብልዑ ብፍላይ ኣብ ገጠር ፓስታ፣ ሞኮሮኒ እንትኾኑ ኣብ ከተማ ድማ ቆሎ ጥጥቖ ወዘተ ከምዝኾነ፣ ኣእዋም ንነዳዲ ኣርቃይ ድማ ንማእልማ ከምዝቦቕሉን ንምግብነት ግና ከምዘይንጥቀመሎም ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃቡዎም፡፡*

*መምህር ብዛዕባ ኽዳን ንምምሃር እንትዳለዉ ፈለማ ንተምሃሮ ዕድል ብምሃብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኽዳን ክፅውዑን ክዝርዝሩን ይሕተትዎም፡፡ ካብዚኦም ኣብ ሓጋይን ክረምትን ዝኽደኑ ኽዳውንቲ ክፈልዩን ክዝርዝሩን ይግበሩ፡፡*

*ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ነዚ ዝምልከት ንጥፈት ክሰርሑ ይግበሩ፡፡*

**ንጥፈት** 2.9. ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ልሙዳት ዝኾኑ ኽዳውንቲ ክዝርዝሩ ይግበሩ፡፡ ቀፂሎም ነቲ ስእሊ ብምርኣይ ስሞም ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 2.10. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣብቲ ሰደቓ ዝርከቡ ስእልታት ብምርኣይ ኽዳውንቲ ካብ ምንታይ ከምዝተሰርሑ ክዝርዝሩ ይግበሩ፡፡ ብተወሳኺ እውን መሓዙቶም ዝገበርዎ ጫማ ካብ ምንታይ ከምዝተሰርሐ ክዛረቡ ዕድል ይሃቡዎም፡፡

*ኣብ መወዳእታ እንተጠቓልሉ ኽዳን ንፅባቐ ቁሪ፣ ፀሓይን ዝናብ ንምክልኻል ከምዝጠቅም፣ ከም ቀምሽ ሓበሻ ጋቢ፣ ኩታ፣ ነፀላ ካብ ጡጥ ከምዝስርሑ፣ ኮበርታ፣ ጁባን ስረን ካብ ሱፍ ከምዝስርሑ፣ ካብ ስራሕቲ ክሪ ዝስርሑ ድማ ናይለን፣ ፖሊስተር፣ ቴትሮንን ከም ዝኾኑ ድሕሪ ምግላፅ ካብዚኦም ከም ኩታ፣ ጃኬት፣ ጋቢ መብዛሕትኡ ኣብ ክረምቲ እንኽደኖም ኮይኖም ሸሚዝን ነፀላን ካልኦት ረቀቕቲ ነገራት ድማ ኣብ ሓጋይ እንኽደኖም ኽዳውንቲ ከምዝኾኑ ይግለፅሎም፡፡*

ብዛዕባ መፅለሊ ንምምሃር እንትዳለዉ ፈለማ ተምሃሮ ገዛ ንምንታይ ከምዝጠቅምን ካብ ምንታይ ከምዝስራሕን ንኽገልፁ የተባብዕዎም፡፡ ዝነብርሉ ገዛ ካብ ምንታይ ከምዝተሰርሐን ንምንታይ ከምዝጠቅምን እናወፁ ክዛረቡ ድሕሪ ምግባር ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገዛውቲ ክፅውዑ የለዓዕልዎም፡፡ ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ነዚ ዝምልከት ንጥፈት የስርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 2.11. ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም እንታይ ዓይነት ገዛውቲ ከምዘለዉ ክዛረቡ ድሕሪ ምግባር ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ስእልታት ብምርኣይ እንታይ ዓይነት ገዛውቲ ከምዝኾኑ ክፈልዩ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 2.12. ኣብ ቤት ትምህርቶም ዘለው መምሃሪ ክፍልታት ብምስትውዓል ካብ ምንታይ ከምዝተሰርሑ ክዛረቡ የበረታትዕዎም፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ነቲ ኣብ መፅሓፎም ዘሎ መልመዲ 2.1. ክምልሱ ብቃል ይሕተትዎም።

ነዚ ንኡስ ርእሲ እንተጠቓልሉ መፅለሊ /ገዛ/ ንሰብ ካብ ዝናብ፣ ፀሓይ፣ ጎዳእቲ እንስሳ ቁሪ /ዛሕሊ/ን ከምዝከላኸል ይግለፁሎም፡፡ ዓይነታት መፅለሊ /ገዛ/ ዝተፈላለዩ ከምዝኾኑ፣ እዚኦም እውን ኣጉዶታት፣ ገበላታት፣ ህድሞታት፣ ሰቐላታትን ካልኦትን ከምዝኾኑ ድሕሪ ምግላፅን መፅለሊ /ገዛ/ ንምስራሕ ዝጠቕሙ ነገራት ከምጭቃ፣ ሳዕሪ፣ እምኒ፣ ብሎኬት፣ ጡብ፣ ዕንፀይትን፣ ቆርቆሮን ከምዝኾኑ ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃቡዎም፡፡

ኣቑሑ ገዛ ዝብል ንኡስ ርእሲ እንተምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ ኣቑሑ ገዛን ዝህብዎ ግልጋሎትን ንኽዝርዝሩሎም ይግበሩ፡፡ ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ስእልታት ብምርኣይ ንጥፈታት የስርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 2.13. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት ብምርኣይ እንታይ ዓይነት ኣቑሑ ገዛ ከምዝኾኑ ክዛረቡ ይሕተትዎም፡፡

**ንጥፈት** 2.14. ዓይነታ ኣቑሑ ኤሌክትሪክ ክዛረቡ ይግበሩ።

**ንጥፈት** 2.15. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣብ ዝርከብ ሰደቓ ዘለዉ ስእልታት ብምርኣይ ስሪሒት ኣቑሑ ገዛ፣ ኣቑሑ ክሽነ፣ ኣቑሑ ኤሌክትሪክ እናበሉ ከምድቡ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 2.16. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት ብምርኣይ ንምንታይ ኣብ ክሽነ ዝርከቡ ንኽፈልዩ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 2.17. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣብ ዝርከብ ሰደቓ ዘለዉ ስእልታት ብምርኣይ ንምንታይ ከምዘገልግሉ ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 2.18. ተምሃሮ ነቶም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት ብምርኣይ ንምንታይ ከም ዝጠቅሙ ክዛረቡ ይግብሩ።

**ንጥፈት** 2.19. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት ብምርኣይ ንምንታይ ከምዘገልግሉ ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 2.20. ተምሃሮ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣብቲ ሰደቓ ዘለዉ ስእልታት ብምርኣይ ዝህብዎ ረብሓ ወይ ጥቅሚ ክዛረቡ ምስገበሩ ስሞም ክፅውዑ ይግበሩ፡፡ ብተወሳኺውን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣቑሑ ኤሌክትሪክ ብምፅዋዕ ምስ ናይ ገዝኦም ኣቑሑ ኤሌክትሪክ ብምንፅፃርን ንክፍሊ ፀብፃብ ከቕርቡ የተባብዕዎም፡፡

ኣብ መወዳእታ መምህር ኣቑሑ ገዛ ብመሰረት መስርሒኦም ኣብ ዝተፈላለዩ ክምደቡ ከምዝኽእሉ፣ እዚኦም እውን ካብ ሓፂን፣ ላስቲክ፣ ጎማ፣ ዕንፀይቲ፣ ሓመድ፣ ካብ መስትያትን ካልኦትን እዮም፡፡ ብመሰረት ዝህብዎ ግልጋሎት ድማ ኣብ ሰለስተ ከምዝምደቡ፣ እዚኦም እውን ንመደቀሲ ንመብልዕን ንመስተይን ዘገልግሉ ከምዝኾኑ ድሕሪ ምግላፅ፣ ካብ ሓፂን ዓራት፣ ካብ ዕንፀይቲ ወንበር፣ ካብ ቆርበት ማእሲ፣ ካብ ሳዕሪ ተንኮበት፣ ካብ ሓመድ /ጭቃ/ ዕትሮ ዝስርሑ ከምዝኾኑን ምስ እዚኦም እንኽደኖም ድማ ከም ኣንሶላ፣ ኮበርታ፣ ከብረሌቶ /መሸፈኒ ኮበርታ/ ዝበሉ ዘጠቓልሉ ኮይኖም፣ ንመብልዕን መስተዩን ዝጠቕሙ ኣቑሑ ብርጭቆ፣ ብያቲ፣ ማንካ፣ ወዘተ ኮይኖም ንመስርሒ ምግቢ ዝጠቕሙ ኣቑሑ ብረት ድስቲ፣ ፃሕሊ፣ ፊርኔሎ ወዘተ እንትኾኑ ንመፍልሒ ዝጠቕሙ በራድ፣ ጀበና ወዘተ ከምዝኾኑ የብርሁሎም፡፡

ብኻልእ መዳይ ኣቑሑ ስርሒት እንፀይቲ ኣቑሑ ክሽነ ኣቑሑ ኤሌክትሪክን ተባሂሎም ክምድቡ ከምዝኽእሉ፣ ስርሒት እንፀይቲ ኣቑሑ ገዛ ዝበሃሉ ኣብ ውሽጢ ገዛ ንመደርደሪ፣ ንኮፍ መበልን ዝጠቕሙ ኩሎም ኣቑሑ እንትኾኑ ኣቑሑ ክሽነ እንብሎም ድማ ኣብ ውሽጢ ክሽነ እንጥቀመሎም ከም ፃሕሊ፣ ብረት ድስቲ፣ ጀበና፣ በራድ፣ መሶብ /ጊባቦ/ ካልኦትን እዮም፡፡ ኣቑሑ ኤሌክትሪክ እንብሎም ድማ ኤሌክትሪክ ንምግጥጣምን ብርሃን ንምሃብን ዝጠቕሙ ኣቐሑ ከም መብርህን መጥፍእን ኣምፖል፣ ሓቋፊ ኣምፖልን ካልኦትን ዘጠቓለለ ከምዝኾኑ ኣስፍሕ ኣቢሎም የብርሁሎም፡፡

መምህር ብዛዕባ ረብሓ ኣቑሑ ገዛ ንምምሃር እንትሓስቡ ተምሃሮ ባዕሎም ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ ኣቑሑ ዝህብዎ ረብሓ ክዝርዝሩ ድሕሪ ምግባር ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣቑሑ ዝህብዎ ረብሓ ክገልፁ ይግበሩ፡፡ ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ይግለፅሎም።

**ንጥፈት** 2.21. ተምሃሮ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእሊ ብምርኣይ ረብሓ ኤሌክትሪክ ኣቑሑት ንክዛረቡ ይግበርዎ።

**ንጥፈት** 2.22. ኣብ ገዛኹም ዝርከቡ ኣቑሑት ኽሽነ ረብሓኦም ንክዛረቡ ይግበርዎ።

መምህር ብዛዕባ ንመስርሒ ኣቑሑ ገዛ ዝጠቕሙ ነገራት እንተምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ ኣቑሑ ገዛ ካብ ምንታይ ከምዝተሰርሑ ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

መምህር ብዛዕባ ሓደጋ ኤሌክትሪክ፣ ማይ፣ ምድጃን መስታረርን ኣብ ገዛ እንተምህሩ ብቐዳምነት ተምሃሮ ብዛዕባ ሕድሕድ ሓደጋታት ከመይ ክበፅሕ ከምዝኽእልን ቅድሚኡ ኣብ ገዞኦም ካብ ዝበፅሖም ሓደጋ ንክፍሊ ከቕርቡ ይግበሩ፡፡ ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ንዕኦም ዝምልከቱ ንጥፈታት የስርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 2.23. ተምሃሮ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእሊ ብምርኣይ እንታይ ዓይነት ሓደጋ ከምዝበፅሖ ክፈልዩ ይግበሩ፡፡ ብተወሳኺ እውን ካብቶም ሓደጋታት ኣብ ከባቢኦም ዝተርኣዩ እንተልዮም ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

ኣብ መወዳእታ ኣብ ገዛ እንጥቀመሎም ኣቑሑ ከም ኣቑሑ ክሽነ፣ ኣቑሑ ኤሌክትሪክ ወዘተ ብጥንቃቐ ክንጥቀመሎም ከምዘለናን ብፍላይ ብሓይሊ ኤሌክትሪክ እንጥቀመሎም ከም ካውያ፣ ምድጃ፣ ሞጎጎ ኤሌክትሪክ ብርሑስ ኢድና ክንትንክፍ ከምዘይግበአናን ገመድ ኤሌክትሪክ፣ ነቲ ገመድ ወጢሩ ዝሓዘ ኦም ወይ ፓሎ፣ ናብ ማይ ዝመለአ በርሚልን ናብ ዝፈልሕ ማይን ተምሃሮ ከይድይቡን ክቐርቡ ከምዘይብሎም ብሰፊሑ ይግለፁሎም፡፡

ቀጺሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ነዚ ዝምልከት ንጥፈት የስርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 2.24. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእሊታት ብምርኣይ ኣብ ከባቢኹም ዝበፅሑም ሓደጋ ወይ ዝረኣይዎ እንተልዩ ንክዛረቡ ይገብርዎም።

**ንጥፈት** 2.25. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት ብምርኣይ ካብ ምንታይ ከምዝተሰርሑ ክፈልዩ ይግበሩ፡፡ ብተወሳኺ'ውን ናይ ገዝኦም ኣቑሑ ሓደ ብሓደ ብምፅዋዕ ዝተሰርሑሉ ነገር ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ንመስርሒ ኣቑሑ ዝጠቕሙ ነገራት ከም ዕንፀይቲ፣ ላስቲክ (ጎማ)፣ ሓፂን ወይ ብረት፣ ሸኽላ - ቀርኒ እንስሳ ዝመሳሰሉ ከምዝኾኑ ድሕሪ ምግላፅ ካብ ቀርኒ ብዕራይ ዋንጫ ወይ መስተዩ ክስራሕ ከምዝኽእል ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃቡዎም፡፡

ብዛዕባ ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ኣቑሑ ገዛ እንተምህሩ ብቐዳምነት ተምሃሮ ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ ኣቑሑ ከመይ ከምዝሕዙን /ከምዝቕመጡ/ን ከመይ ከምዘፅርዩን ክገልፁ ዕድል ይሃቡዎም፡፡

ቀጺሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ነዚ ዝምልከቱ ንጥፈታት ክሰርሑ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 2.26. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት ብምርኣይ ግቡእ ዘተቀመጠ ዘይግቡእን ብምባል ኣቀማምጣ ኣቑሑ ክፈልዩ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 2.27. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት ብምርኣይ ግቡእን ዘይግቡእን ኣቀማምጣ ኣቑሑ ፍለዩ፡፡

ኣብ መወዳእታ ኣቑሑ ገዛ ብዘላቕነት ክንጥቀመሎምን ዕለታዊ ስራሕትና ክንፍፅመሎምን እንተኾይንና ኣብ መደርደሪ ክነቕምጦም ከምዘለና፣ ዝሕፀቡን ዘይሕፀቡን ዝውልወሉን ዘይውልወሉን ኣቑሑ ፈሊና ክንሓፅቦምን ክንውልውሎምን ከምዘለናን ከም ብርጭቆ፣ ድስቲ፣ ፋኑስ ዝበሉ ተሰበርቲ ዝኾኑ ኣቑሑ ክንድርብዮም ከምዘይብልም ይግለፅሎም።

ኣብ መወዳእታ መልመዲ 2.3. ብቃል ይሕተትዎም፡፡

## መጠቓለሊ

መምህር ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር እዚ ምዕራፍ ብኸምዚ ዝስዕብ የጠቓልልዎ፡፡

- ኣባላት ስድራ ኣቦ፣ ኣዶ ቆልዑትን ምስኦም ሓቢሮም ዝነብሩ ኣዝማድን የጠቓልል፡፡
- ኣብ ሞንጎ ኣባላት ስድራ ምትሕልላይ፣ ምርድዳእ፣ ምፍቓር፣ ምክብባር፣ ምትሕግጋዝን ተኣማንነትን ክህሉ ከምዘለዎ፣
- ብፆሒት ስራሕ ወለዲ ምምሕዳር ስድራን ፍልፍል እቶት ምኳንን ከምዝኾነ፣
- ብፆሒት ስራሕ ቆልዑ ምምሃር፣ ምልእኣኽ፣ ንምንኣሶም ምፅዋት፣ ቀለልቲ ስራሕቲ ምስራሕን ከምዝኾነ፣
- ስድራ ዝተፈላለየ ፍልፍል እቶት ከም ዘለዎም እቶም ቀንዲ ግና ካብ መሃያ፣ ካብ ሕርሻ፣ ንግዲ ስራሕቲ ሓፂን መፂን፣ ሸኽላን ማእለማን ካልኦትን ከምዝኾኑ፣
- ስድራ ንኽነብሩ ምግቢ፣ ኽዳንን መፅለልን ከምዘድልዮም፣
- ምግቢ ንምርካብ ዝተፈላለየ ስራሕቲ ምስራሕን ከም ስገም፣ ስርናይ፣ ጣፍን ካልኦትን ዘራእቲ ምፍራይ ከምዝግባእ፣
- ዝኽደንዎ ኽዳን ድማ ውፅኢት ማእለማ፣ ውፅኢት ኢንዱስትርን ውፅኢት እንስሳትን ከምዝኾኑ፣

- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኽዳን ከምዘለዉ እዚኦም እውን ከም ጁባታት፣ ስረታት፣ ቀምሻትን ሸሚዛትን ወዘተ ከምዝኾኑ፣
- መፅለልታት፣ ከም ኣጉዶ፣ ህድሞ፣ ሰቐላን ፀፋሕቲ ገበላን ካልኦትን ከምዘለዉ፣
- ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ዝህቡ ኣቑሑ ገዛ ከምዝበሃሉ፣
- ኣቑሑ ገዛ ፅርየቶም ብምሕላውን ብግቡእ ብምሓዝን ብዘላቕነት ክንጥቀመሎም ከምዘለና፣
- ኣቑሑ ገዛ ድሕንነቶም ክንሕለወሎም ከምዘለና፣
- ኣቑሑ ኤሌክትሪክ ብርሑስ ኢድና ክንሕዞም ከምዘይብልናን ካልኦትን ብምባል የጠቓልሉሎም፡፡

**ኣገባብ ገምጋም**

*መምህር ሕድሕድ ስራሕ ተምሃሮ ኣብ መላእ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክምዝንዎምን ምስ እዞም ዝስዕቡ ኣገላልፃታት ብመሰረት ዝርዝር ዕላማታት ተምሃሮ ዘዕግብ ዝተሓተ ተደላዪ ደረጃ ብቕዓት ከምዝጨበጡ ክውሰን ኣለዎ፡፡*

***ኣብ ኣዕጋቢ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ የዕብዩ፡፡*** *ዝርዝር ኣባላት ስድረኦም ይገልፁ፡፡ ኣባላት ስድረኦም ንኽነብሩ እንታይ ከምዝሰርሑ ይገልፁ፡፡ ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራ ዕቡቕ ርክብ ምፍጣር ዘለዎ ረብሓ ይገልፁ፡፡ ሕርሻ ፍልፍል ዝብላዕ ምግቢ ከምዝኾነ ይፈልዩን ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ ዘርኣትን ውዕኢት ዘርኣትን ይፅውዑ፡፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክዳውንቲ ይፈልዩን ዝተሰርሑሎም ዓውደ ኣካላት ይፅውዑን፡፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መፅለሊ ይፈልዩ፣ ህንፃታት ዝተሰርሑሎም ነገራት ይፅውዑ፡፡ ረብሓኦም'ውን ይገልፁ፡፡ ልሙዳት መስርሕታት ኣቑሑ ገዛ ይፅውዑ፡፡ ኣቑሑ ገዛ ከመይ ከምንጥቀመሎምን ከምንሕልዎምን ይገልፁ፡፡*

***ካብ ዘዕግብ ደረጃ ብቕዓት ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ፦*** *ፍፃመታቶም ክድነቕን ክፍለጠሎምን ኣለዎ፡፡ ንቑፃሊ ጠንኪሮም ክሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም፡፡ ብዝሰርሕዎም ዘስተርሕዩ (ዝዓግቡ) ክኾኑ የብሎምን፡፡*

***ኣብ ትሕቲ ተደላዪ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ፦*** *ምስ ካልኦት ተምሃሮ እቲ ክፍሊ ማዕረ ንምምፃእ (ንምስዓብ) ብዙሕ ሓገዝ የድልዮም፡፡ ኣብ ክፍልን ካልኦት ናይ ፅንዓት ግዘ፣ ዕረፍቲ ወይ ኣብ መወዳእታ እቲ መዓልቲ ብዙሕ ጠመተ ክወሃቦም ኣለዎ፡፡*

# ምዕራፍ ሰለስተ
# ቤት ትምህርትና

**ነዚ ምዕራፍ እዙይ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ 48**

- ቀፅሪ ቤት ትምህርትና 12
- ሕግታትን ደንብታትን ነኽብር 12
- ምህላው ፅቡቕ ርክብ 6
- ደሕንነት ኣብ ፅርጊያ 12
- ኣብ ቤት ትምህርትና እንሰርሖም ንጥፈታት 6

**ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት እዚ ምዕራፍ**

- ናይ ቤት ትምህርቲ ንጥፈታት ይገልፁን ብዛዕባ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ይመራመሩን፣
- ናይ ገዝኦም፣ ጎረባብቶምን ቤት ትምህርቶምን ሕግን ደንብን የኽብሩ፣
- ኣብ ገዝኦም፣ ምስ ጎረባብቶምን ኣብ ቤት ትምህርትን ፅቡቕ ረኽቢ የርእዩ፣
- ልሙዳት ሓደጋታት ፅርግያ ይዝርዝሩን፣ ሜላ መከላኸሊኦም ይገልፁን፣
- ብወረቐት ተጠቒሞም ዝውርወሩን ብንፋስ ዝምብልበሉን ይሰርሑ፣
- ኣብዚ ምዕራፍ ሳይንሳዊ መፅናዕትታት ሰሪሖም የርእዩ፣ ምዕዛብ፣ ምሕታት፣ ምርኻብ፣ ሞዴላት ምስራሕ፣ ተሓባቢርካ ምስራሕ

## መእተዊ

እዚ ምዕራፍ ነዞም ዝስዕቡ ንኡስ ርእስታት ቀፅሪ ቤት ትምህርቲና፣ ስሪታትን ደንብታትን ቤት ትምህርትና ክነኽብር ኣለና፣ ፅቡቕ ርክብ ኣለና፣ ድሕንነት መንገዲ፣ ምክልኻል ሓደጋ ፅርግያ፣ ኣብ ቤት ትምህርትና እንሰርሖም ንጥፈታት ዝብሉ ንኡስ ርእስታት ዝሓዘ እዩ፡፡

## ዝርዝር ዕላማታት

ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ ተምሃሮ ፡-

- ብዛዕባ ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም ይዛረቡ፣
- ንጥፈታት ቤት ትምህርቶም ይገልፁ፣
- ኣብ ፃውቲ ምስ መን ከምዝፃወቱ ምስ ካልኦት ቆልዑት ከመይ ከምዝፃወቱ ንምሕዝነት ከምዝፈጥሩን ይገልፁ።
- ሕጊ ቤት ትምህርቲ የኽብሩ፣
- ሕግታት ገዛን ጎረባብትን የኽብሩ፣
- ፅቡቕ ርክብ ኣብ ገዛ ምስ ጎረባብትን ቤት ትምህርትን ይገብሩ፣
- ልሙዳት ሓደጋት ፅርግያ ይገልፁ፣
- ምክልኻል ልሙዳት ሓደጋታት ይዝርዝሩ፣
- ፅርግያ ብግቡእ ይሰግሩ፣
- ንጉዱኣት ኣካላትን ህፃናትን ሓገዝ ይገብሩ፣
- ወረቐት ተጠቒሞም ተሽከርከርትን ተምባልበልትን ይሰርሑ፡፡

***መረዳእታ ንመምህር***

*ትምህርቲ ህፃናትን መናእሰይን ሞያን ቀለምን ዝሰንቅሉ ማእኸል እዩ፡፡ ተምሃሮ ህዝባዊ ኣረኣእያ ዝጭብጥሉን ፍልጠቶምን ክእለቶምን ዘማዕብልሉን ትካል እዩ፡ ብተወሳኺ እውን ተምሃሮ ምስ ናይ ከባቢኦም ባህሊ ዝላለይሉ ማእኸል እዩ፡፡*

*ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ነገራት ኣለዉ፡፡ እዚኦም እውን ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ዝህቡ ህንፃታት፣ ተኽልታት፣ ሽቓቕ፣ ኩዕሶ ሜዳ፣ ቡምባ ማይ፣ ሰንደቅ ዕላማን ካልኦት ነገራትን እዮም፡፡ ብተወሳኺ እውን መፃሕፍቲ ዝንበበሉ ቤተ መፃሕፍቲ ኣሎ፡፡ እዞም ዝተፈላለዩ ነገራት ተምሃሮ ብግቡእ ክጥቀሙሎምን ግቡእ ኣተሓሕዛ ክገብሩሎምን ኣለዎም፡፡ ተኽልታት ክኹስኩስዎምን ማይ ከስትዩዎምን ኣለዎም፡፡ ክረግፁዎምን ክቖርፁዎምን የብሎምን፡፡ ቡምባ ማይ፣ ሽቓቕ በብተራ ክጥቀሙ ኣለዎም፡፡ ኣብ ቤተ መፃሕፍቲ ብዘይ ድምፂ ክንብቡ ኣለዎም፡፡ መፃሕፍቲ ክቐዱ የብሎምን፡፡ እንተቐዲዶም ሕፅረት መፃሕፍቲ የጋጥም፡፡ ሃፍቲ /ገንዘብ/ ዓዲ ይባኽን፡*

*ቤት ትምህርቲ ናይ ባዕሉ ሕግን ደንብን ኣለዎ፡፡ እዚኦም እውን ተምሃሮ ብእዋኖም ክኣትዉን ክወፁን ከምዘለዎም ደንቢ ኸዳን ክኽደኑ ከምዘለዎም፣ ንመምህራንን ሰራሕተኛታትን ቤት ትምህርቲ ክኽብሩ ነንዓርሶም'ውን ክከባበሩ ኣለዎም ዝብሉ እዮም፡፡ ብተወሳኺ እውን ኣብ ገዝኦም፣ ምስ ጎረባብቶምን ኣብ ቤት ትምህርቶምን ፅቡቕ ርክብ ክህልዎም ይግባእ፡፡*

*ተምሃሮ ናብ ቤት ትምህርቲ ይኹን ናብ ካልእ እንትጉዓዙ ክጥንቀቑ ኣለዎም፡፡ ስለዝኾነ ብወሰን፣ ብፀጋምን ዕርግያ ክኸዱ ይግባእ፡፡ እንተቋርፁ ፀሊምን ፃዕዳን /ዜብራ/ መንገዲ ክጥቀሙ ኣለዎም፡፡ መፍለዪ ምልክት /ሕብርታት ዕርግያ ከም ቀይሕ ሕብሪ፣ መኪና ጠጠው በል እግረኛ ኪድ፣ ብጫ ሕብሪ መኪና ተዳሎ እግርኛ ተጠንቀቕ፣ ቆፅለዋይ ሕብሪ መኪና ትንቀሳቐስ እግረኛ ጠጠው በል ዝብሉ ምልክታት ትራፊክ ፈሊጦም ክጥንቀቑ ይግባእ፡፡*

*ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ይሰርሑ እዮም፡፡ እዚኦም እውን ብመምህራንን ተምሃሮን ዝስርሑ እንትኾኑ ካብ ቻርት /ረጒድ ወረቐት/ ካብ ረቂቕ ወረቐት ወዘተ፣ ካብ ጭቃ፣ ካርቶንን ካልኦት ዝሰርሑ እዮም፡፡ ካብዚኦም ካብ ጭቃ ሞዴላት ዕትሮ፣ ጀበናን ሞጎጎን እንትስርሑ ካብ ወረቐት ድማ ኩባያ፣ ሽሓነን መብኩዒትን እዮም፡፡*

***መምሃሪ ሓገዝ***

*ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር እዚ ምዕራፍ ቀፂሎም ዝተሓበሩ መምሃሪ ሓገዛት ምጥቃም ይከኣል፡፡*

- *ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ስእልታት ብቻርት ምቕራብ*
- *ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ናውትን ህንፃታትን*
- *ፖስተራት*
- *ፎቶግራፋት*

***ኣገባብ ኣመሃህራ***

*መምህር ብዛዕባ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ እንተምህሩ ብቐዳምነት ተምሃሮኦም ካብ መምሃሪ ክፍሊ ናብ ደገ ብምውሳድ ኣብኡ ዘለዉ ህንፃታትን ካልኦትን ክሪኡ ድሕሪ ምግባር ባዕሎም ኣስማቶም ክፀርሑ ይግበሩ፡፡ ቀፂሎም ነዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት የስርሕዎም፡፡*

**ንጥፈት** 3.1. *ተምሃሮ ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም ብምዕዛብ ዝረኣይዎ ክዛረቡ የለዓዕልዎም፡፡*

ነዚ እንተጠቓልሉ ሰንደቕ ዓላማ ኩሉ ግዜ ኣብ ቕድሚ መምሃሪ ክፍልታት ይትከል፡፡ ብበሪ እንትትኣቱ ብቐዳምነት ዝርከብ ሰንደቕ ዓላማ እዩ፡፡ ሽቓቕ ድማ ካብ ክፍልታት ርሒቑ ይርከብ፡፡ ኩዕሶ ሜዳ ኣብ መንጎ ሽቓቕን መምሃሪ ክፍልታትን ይርከብ ኢሎም ይግለፁሎም፡፡

**ንጥፈት** 3.2. ተምሃሮ ቀፅሪ ቤት ትምህርቶምን ክዕዘቡ ድሕሪ ምግባር ህንፃታት ኽምኡውን መምሃሪ ክፍሎም ድሕሪ ምዕዛብ ንክስእሉ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 3.3. ተምሃሮ ካብ ዝፍልጥዎ ሜላ ኣተሓፃፅባ ኢድና፣ ገፅና ንተሓፀብ ሜላ ኣፀራርያ ስንና፣ ሜላ ኣሰናትራ ፀጉርና ወዘተ እናበሉ ክዝምሩ የተባብዕዎም፡፡

ንተሓፀብ ንተሓፀብ ኣእዳውና፣
ንተሓፀብ ብማይን ሳሙናን፣
ኩለሻብ ንተሓፀብ ንጥዕናና፣
ንተሓፀብ ንስንትር ፀጉርና፣
ድሕሪ ምግቢ ንመውፅ ኣስናና፣
ቅድሚ ምድቃስና ንተሓፀብ ኣእጋርና፣
ከይንሓምም ንተሓፀብ ሰውነትና፡፡ /2/

መምህር ነዚ ንኡስ ርእሲ እንተጠቓልሉ ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ነገራት ከምዝርከቡ እዚኦም’ውን ኩዕሶ ሜዳ፣ መምሃሪ ክፍሊ፣ ሰንደቕ ዓላማ ሽቓቕ፣ በሪ፣ ተኽልታት፣ ቤተ ንባብ፣ ቤተፈተነን ቢሮን ከምዝኾኑ ድሕሪ ምሕባር ተምሃሮ ነዚኦም ግቡእ ጥንቃቐ ክገብሩሎም ከምዝግባእ፣ ተኽልታት ክቆርፁዎም ከምዘይብሎም፣ ሽቓቕ በብተራ ክጥቀሙ ከምዝግባእ፤ ወረቐት ክጥቀሙ ከምዘለዎም፤ ድሕሪ ሽቓቕ ኢዶም ብማይን ሳሙናን ክሕፀቡ ከምዘለዎም ዝብሉን ካልኦትን ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃቡዎም፡፡

መምህር ብዛዕባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝስርሑ ንጥፈታት እንተምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ባዕሎም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝሰርሕዎም ንጥፈታት ክዝርዝሩ ይግበሩ፡፡ ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ንጥፈት ክሰርሑ የለዓዕልዎም፡፡

**ንጥፈት** 3.4. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ስእልታት 3.4 ክሳብ 3.8 ብምዕዛብ ክንደይ ዓይነት ንጥፈታት ክዛረቡ ከምዝኾኑ ይግበሩ፡፡ ብተወሳኺ እውን ካብዚኦም ወፃኢ ኣብ ቤት ትምህርቶም ዘለዉ ንጥፈታትን ባዕሎም እንታይ ክሰርሑ ከምዝኽእሉን ክዛረቡ የለዓዕልዎም፡፡

ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ከምዝሰርሑን እዚኦም እውን ስነ ፅሑፍ፣ ጋንታታት ስፖርት፣ ክለብ፣ ድራማን ካልኦት ተምሃሮ በቒዖም ንክወፁ ዘኽእሉን ብሰፊሑ ድሕሪ ምግላፅ እዚኦም ብመምህራንን ተምሃሮን ክስርሑ ዝኽእሉ ምዃኖም የብርሁሎም፡፡

መምህር ብዛዕባ ኣብ ፃውቲ ምስ ካልኦት ተሳኒኻ ምፅዋት ዝብል ንኡስ ርእሲ እንትተምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ባዕሎም ከመይ ኢሎም ኣብ ፃውቲ ምስ ካልኦት ቆልዑት ተሳንዮም ከምዝፃወቱ እንታይ ምትሕብባር ከምዝገብሩ፡፡ ኣብ ፃውቲ እንታይ እንታይ ሓላፍነት ከምዝካፈሉን ንኽዛረቡ የለዓዕልዎም፡፡ ቀፂሎም ነዚ ዝስዕብ ንጥፈት የስርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 3.5. ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእሊ ድሕሪ ምዕዛብ ኣብ ቤት ትምህርትን ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃእን ምስ መሓዙኦቶም ከመይ ከምዝፃወቱ ኣብ ክፍሊ ክዘራረቡ የተባብዕዎም፡፡ ብተወሳኺ እውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ክሪኡዎም ዝደልዩ ንጥፈታት ክሓስቡን ከመይ ገይሮም ክትግብርዎም ከምዝኽእሉ ሓሳብ ክህቡ ይግበርዎም፡፡

ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ተምሃሮ ምስ ካልኦት ቆልዑት እንትፃወቱ ክተሓባበሩን ሓላፍነቶምን ብፅሒቶምን ክፈልጡን ብኡ መልክዕ ድማ ኣብ ፀወታ ተሳንዮም ክፃወቱ ብተግባር ክሪኡዎም ከምዘለዎም ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃብዎም፡፡

መምህር ብዛዕባ ስራታትን ደንብታትን ቤት ትምህርቲ ነኽብር ዝብል ንኡስ ርእሲ እንትተምህሩ ብቐዳምነት ቤት ትምህርቲ ንምንታይ ስራት ክህልዎ ከምዝግባእ፣ እንታይነት ስራት ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ቤት ትምህርቶም ዘለዉ ሕግታትን ንጥፈታት ክዝርዝሩ ድሕሪ ምግባር ንጥፈት ክሰርሑ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 3.6. ተምሃሮ ስራት ቤት ትምህርቶም ንቐፃሊ ክህልዉ ዝግበኦም ሕግታት፣ ካልኦት ዝፈልጡዎም ሕግታት ክዝርዝሩን ንምንታይ ከኽብሩ ከምዘለዎም ኣብ ክፍሊ ክዛረቡ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 3.7. ተምሃሮ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእሊ ብምዕዛብ ኣየናይ ሕጊ ምኽባር ኣየናይ ድማ ሕጊ ምጥሓስ ከምዝኾነ ክፈልዩ ይሕተትዎም፡፡ ብተወሳኺ እውን ቤት ትምህርቲ ንምንታይ ናይ ባዕሉ ሕጊ ከምዘድልዮን ስራት ምኽባር ንምንታይ ከም ዝጠቅም ክዛረቡ የተባብዕዎም፡፡

ብምቅፃል መልመዲ 3.1. ብቃል ክምልሱ ይግበሩ፡፡

ኣብ መወዳእታ መምህር ናብ ቤት ትምህርቲ ብእዋንካ ምምፃእ፣ ደንቢ ኽዳን ምኽዳን፣ ንብረት ቤት ትምህርቲ ከይበላሾ ምጥንቓቕ፣ ስራሕቲ ቤት ትምህርቲ ብእዋኑ ምፍፃም፣ ንመምህራንን ሰራሕተኛታትን ቤት ትምህርቲ ምኽባር ዝብሉን ካልኦት ሕግታት /ስራታት/ ቤት ትምህርቲ ከምዝኾኑ ይግለፁሎም፡፡ ሕግታት ወይ ስራታት ቤት ትምህርቲ ተምሃራይን ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትን ዝመሓደርሉ ሕጊ እዩ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ሕግታት ኣለዉ፡፡ ኣብነት ሕግታት ቤተ ንባብ፣ ሕግታት መምሃሪ ክፍልን ወዘተ እዮም፡፡ ሕግታት ቤት ንባብ እንብሎም ብዘይ ድምፂ ምንባብ፣ መፅሓፍ ዘይምቕዳድ፣ መፅሓፍ ብፍቓድ ምውሳድን ተጠቂምካ ብእዋኑ ምምላስን እዮም፡፡ ሕግታት ክፍሊ እንብሎም ድማ ብፅሞና ምክትታል፣ ኢድካ ኣውፂእኻ ምሕታትን ምምላስን፣ ዕዮ ክፍልን ገዛን ብእዋንካ ምስራሕ ሰዓት ምኽባር፣ ፅርየትካን ፅርየት ክፍልኻን ምሕላው እዮም፡፡

ብዛዕባ ሕግታት ገዛን ኅረባብትን እንትምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ባዕሎም ኣብ ገዝኦም ዝኽበሩ ሕግታት ክዝርዝሩ፣ ኣብ ኅረባብቶም ዝትግበሩ ሕግታት ክገልፁ ይግበሩ፡፡ ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ መልመዲ 3.2 የስርሕዎም፡፡

ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ዝተፈላለዩ ሕግታትን ገዛን ኅረባብትን ከምዘለዉ ይግለፁሎም። እዚኦም’ውን ሕግታት ገዛ ዝበሃሉ ኣብቲ ገዛ ዝነብሩ ስድራ ዝመሓደርሉ ስራት ከምዝኾነን ከም ንቤተሰብ ምምእዛዝ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ንምኻድ ብንጉሆኡ ምንቃሕ፣ ዕዮታት ገዛ ምስራሕ፣ ንቤተሰብን ንዝዓብዩካን ምኽባር ከምዝኾኑ ድሕሪ ምግላፅ ሕግታት ኅረባብቲ ዝበሃሉ ድማ ኣብ ሓዘንን ደስታን ምትሕግጋዝ፣ ሓቢርካ ከባቢኻ ምፅራይ፣ ተሳኒኻ ምንባር፣ ፀጥታ ከባቢ ምሕላው ወዘተ ከምዝኾኑ ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃብዎም፡፡

መምህር ብዛዕባ ዕቡቕ ርክብ ኣብ ገዛ፣ ምስ ኅረባብትን ቤት ትምህርትን እንትምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ብዛዕባ ኣብ ገዝኦም፣ ምስ ኅረባብቶምን ኣብ ቤት ትምህርቶም ዝህልዎም ርክብ ክገልፁ ይሕተትዎም፡፡ ቀፂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ንጥፈታት ክሰርሑ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 3.8. ተምሃሮ ብጉጅለ ኮይኖም ብዛዕባ ትሕትና፣ ግልፅነት፣ - ምቕሉልነት፣ - ተሓባባራይነት፣ - ሓልየት ተሓጋጋዛይነትን ብዘርኢ መልክዕ መሲሎም ብምፅዋት ድራማ ንክፍሊ ከቕርቡ የተባብዕዎም፡፡

**ንጥፈት** 3.9. ካልኦት ፅቡቅ ርክብ ገዛ ዝበሃሉ ክዛረቡ ይግበሩ፡፡ ኣብ ገዛ ፅቡቕ ርክብ ምህላው ንምንታይ ከምዝጠቅም ንወለዶም ሓቲቶም ኣብ ክፍሊ ንክምልሱ ይግበሩ።

**ንጥፈት** 3.10. ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝሪኡዎም መግለፂ ሰናይ ጎርብትናን ኣድላይነት ሰናይ ጉርብትናን ኣብ ክፍሊ ክዛረቡ የተባብዕዎም፡፡

**ንጥፈት** 3.11. ተምሃሮ ነዚ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ሰደቓ ዘለዉ ስእልታት ብምርኣይ ፅቡቕን ጉርብትና ዝኾነ ንክፈልዩ ይሕተትዎም፡፡

ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ጎረባብቲ ኣብ ምስራሕ ገዛ፣ ፅርየት ከባቢ፣ ምጥያቕ ሕሙም፣ ዝተሓባበሩ ምዃኖም ኣብ ሓዘን ደስታን ዝተሓጋገዙ ከምዝኾኑን ብተወሳኺ’ውን ኣብ ገዛ ቆልዑ ምስ ወለዶም ወለዲ ድማ ምስ ደቆም እናተመያየጡን ተሳንዮም ከምዝነብሩን ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃቡዎም፡፡

- መልመዲ 3.3 ብቃል ክሰርሑ ይግበሩ።

መምህር ብዛዕባ ደሕንነት ሓደጋ መንገዲ እንተምህሩ ፈለማ ተምሃሮ እንታይነት ሓደጋ፣ መንቀልታት ሓደጋ፣ ምክልኻል ልሙዳት ሓደጋን ክዛረቡ ይግበሩ፡፡ ቀፂሎም ነዚ ዝስዕብ ንጥፈት የስርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 3.12. ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦምን ከባቢ ቤት ትምህርቶምን ዝበፅሑ መንቀሊ ሓደጋታት ኣብ ዕርግያ ክዛረቡ የተባብዕዎም።

**ንጥፈት** 3.13. ተምሃሮ ባዕሎም ናብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ከምዝመፁን ናብ ገዝኦም ከመይ ከምዝኸዱን ንክፍሊ በብተራ ወፂኦም ክዛረቡ ይግበሩ፡፡ ብተወሳኺ እውን ኣብ ዕረፍቲ ወፂኦም ብዛዕባ መፍለዪ ምልክት ድሕንነት ብኸም ዝስዕብ ይለማመዱ፡፡ ቀጥ ኢልካ ኪድ፣ ክልቲኡ ኣንፈት ረአዩ፣ ቅድሚ ምስጋር ዕርግያ ኣብ ወሰን ዕርግያ ጠጠው በል፡፡

ኣብ መወዳእታ መምህር ዝተፈላለዩ መንቀሊ ሓደጋታት ከምዘለዉ እዚኦም እውን

- ሓላዊ ዘይብሎም እንስሳት - ግቡእ ዘይኮነ ኣዘዋውራ መኪና
- ንእንስሳት ምትንኳል - የማነ ፀጋም ከይረኣኻ መንገዲ ምቁራፅ
- ውሕጅ ከምዝኾኑን ድሕሪ ምግላፅ

ብምቕፃል **ንጥፈት** 3.14. ክሰርሑ ይግበሩ፡፡

ካብ ዕርግያን ዕርግያ ወፃእን ርሒቕካ ብምፅዋት ሓደጋታት ምክልኻል ከምዝከኣል እዚኦም እውን ካብ መኪና ዝሓልፉሉ ወፃኢ ብናይ እግረኛ ምንቅስቓስን ምግዳስን፣ መንገዲ ብምቑራፅ ዝመፁ ሓደጋታት ምውጋድ፣ ድልድላት ገደላትን ዝብሉ ነገራትን ብጥንቃቐ ምስጋር ሕግታት ትራፊክ ተጠቂምካ ምካድ ከም ምቁራፅ ፃዕዳን ፀሊምን ሽሉም መንገዲ /ዜብራ መንገዲ/፣ ናይ ትራፊክ መብራህቲ ከም ቀይሕ፣ ብጫን ቆፅለዋይን ሕብርታት ምርኣይ፣ ብፀልማት እንትጉዓዙ ድማ ብንፁር ንምርኣይ ፃዕዳ ኽዳን ምኽዳን፣ ኣብ ከባቢ ገፀር እንተኾይኑ እውን ሩባታት ኣብ ምስጋር ኣድላዪ ጥንቃቐ ምግባር፡፡ እዙይ እውን ቆልዑት ውሕጅ እንትሰግሩ ዕምቀት ናይቲ ማይ

ምርኣይ፣ እቲ ማይ ዓሚቕ እንተኾይኑ ምስ ዓበይቲ ሰባት ኮይንካ ክሰግሩ ከምዝግበኦምን ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃብዎም፡፡

**ንጥፈታ** 3.15. ክሰርሑ ይግበሩ። ኣብ መወዳእታ መልመዲ 3.4 የሰርሕዎም፡፡

መምህር ብዛዕባ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክንሰርሖም እንኽእል ንጥፈታት ዝብል ንኡስ ርእሲ እንትተምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ባዕሎም ኣብ ቤት ትምህርቶም ክሰርሕዎም ዝኽእሉ ንጥፈታት ንክዛረቡ ይሕተትዎም፡፡ ቀጺሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ንጥፈታት ክሰርሑ ይግበሩ፡፡

**ንጥፈት** 3.16. ተምሃሮ ብወረቀት ተጠቒሞም ሞዴል ተሽከርከርትን ብንፋስ ዝምብልበሉን ክሰርሑ ይሕተትዎም፡፡ ቀጺሎም እቲ ዝሰርሕዎ ሞዴል /ክሕንፅፅዎ/ ይግበሩ፡፡ ድሕሪ እዙይ እቲ ዘውፅእዎ ንድፊ ኣብ ካልእ ወረቐት ክስእልዎ ድሕሪ ምግባር ሕብሪ ክቐብእዎን ከመላኽዕዎን ከምዝግበኦም ምስሓበሩ ኣብ መወዳእታ ክከም ኣድላይነቱ ቆሪፆም ብመጣበቒ ከጣብቕዎም ይግበሩ፡፡

**ቀፂሎኩም መልመዲ 3.5 የሰርሑዎም፡፡**

ኣብ መወዳእታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝሰርሑ ምኳኖምን ካብዚኦም እቶም ቀንዲ ሞዴላት ኣቒሑ ካብጭቃ፣ ሓፂን፣ ወረቐትን ዕንፀይትን ከምዝስርሑ፣ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ከምዘርእዩን ብወረቐት ተንሳፈፍትን ብንፋስ ዝምብልበሉን ነገራት ከምዝሰርሑ ስፍሕ ዝበለ መብርሂ ይሃቡዎም፡፡

## መጠቓለሊ

መምህር ናይዚ ምዕራፍ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝተፈላለዩ ኣገባባት እናተጠቐሙን ቀፂሎም ኣብ ዝተዘርዘሩ ሓሳባት እናተደረኹን የጠቓልሉዎም፡፡

- ቤት ትምህርቲ ፍልጠት፣ ክእለትን ዝንባለን ተምሃሮ ንምምዕባል ዘገልግል ትካል ከምዝኾነ፣
- ኣንፈት ሓደ ቦታ ወይ ድማ ሓደ ነገር ካብ ፍሉጣት ነገራት ይኹን ካባና በበይ ከምዝርከብ ዝሕበረሉ ከምዝኾነ፣
- ኣንፈት ገዛናን ቤት ትምህርትናን ብመንፅር ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ፍሉጣት ነገራት ብየማን፣ ብፀጋም ብቕድሚት፣ ብድሕሪት ከምንብልን በዚ ኣቢልና ድማ ኣንፈት ከምንሕብርን
- ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ሽቓቕ፣ ኩዕሶ ሜዳ፣ ባንዴራ፣ ቡምባ ማይ፣ ቤተ ንባብ ወዘተ ከምዝርከቡ፣
- ኣብ ውሽጢ መምሃሪ ክፍሊ ድማ ንከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝሕግዙ ከም ፀሊም ሰሌዳ፣ መምሃሪ ሓገዛት መቐመጢ፣ ወናብር -ወዘተ -ዝበሉ -ዝተፈላለዩ ናውቲ ከምዘለዉ፣
- ኣብ ቤት ትምህርቲ ከም ስፖርት ቡድን፣ ክለብ፣ ንጥፈታት ተምሃሮን መምህራንን ወዘተ ከምዘለዉ፣
- ቤት ትምህርቲ ናይ ባዕሉ ስሪትን ሕግን ከምዘለዎ
- ተምሃሮ፣ መምህራንን ሰራሕተኛታትን ቤት ትምህርቲ በዞም ስሪትን ሕግን እዚኦም ከምዝምርሑ፡፡
- ተምሃሮ ኣብ ገዛን ቤት ትምህርትን ምስ ጎረባብትን ፅቡቕ ርክብ ክህልዎም ከምዝግባእ
- ዕርገያ እንትሰግሩ የማነ ፀጋም ክሪኡ ከምዘለዎም።

- ናብ ኩሉ ኣንፈት ከይረአኻ ዕርግያ ምቑራፅ፣ ክእለት ምሽክርካር ምንኣስ ዝሃደሙ እንስሳት፣ ውሑጅን ምኽንያታት ሓደጋ ከምዝኾኑ፣
- ወረቐት ብምጥቃም ከም ተወርወርትን ብንፋስ ዝምብልበሉን ነገራት ምስራሕ ከምዝከኣል።

## ኣገባብ ገምጋም

እቲ መምህር ሕድሕድ ስራሕ ተምሃሮ ኣብ መላእ ምዕራፋት ብተኸታታሊ ክግምገሞምን  ምስ እዞም ኣገላልፃታት ብመሰረት ዝርዝር ዕላማታት ተምሃሮ ኣዕጋቢ ተደላዩ ደረጃ ብቕዓት ከምዝጭብጡ ክውስን ኣለዎ፡፡

**ኣብ ኣዕጋቢ ተደላዩ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ፡-** ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም ይገልፁ፣ ኣብ ቤት ትምህርቶም ዝትግበሩ ንጥፈታት ይዛረቡ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ገዝኦምን ኣብ ጎረባብቶምን ዘለዉ ሕግታት የኽብሩ፣ ምስ ገዝኦም፣ ጎረባብቶምን ቤት ትምህርቶምን ዕቡቕ ረኽቢ ይፈጥሩ፣ መንቀሊ ሓደጋታታት ኣብ ዕርጊያ ይዝርዝሩ፣ ሜላ ምክልኻል ሓደጋ ኣብ ዕርጊያ ይገልፁ፣ ወረቐት ተጠቒሞም ተወርወርትን ተምበልበልትን ይሰርሑ፣ እዚኦም ክሽለሙን ስርሖም ኣፍልጦ ቀፃልነት ክህልዎን ክተባብዑ ኣለዎም፡፡

ካብ ዘዕግብ ደረጃ ብቕዓት ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ፦ ክድነቑን ፍፃመታቶም ክፍለጠሎምን ኣለዎ፡፡ ንቐፃሊ ጠንኪሮም ክሰርሑን ክተባብዑን ኣለዎም፡፡ ብዝሰርሕዎም ዘስተርሕዩ (ዝዓግቡ) ክኾኑ የብሎምን፡፡

ትሕቲ ተደላይ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ ምስ ካልኦት ተምሃሮ እቲ ክፍሊ ማዕረ ንምኳን ብዙሕ ሓገዝ ክግበረሎም ኣለው።  ኣብ ክፍልን ካልኦትን ተወሳኺ ክፍለ ጊዜታትን ኣብ ዕረፍቲ ወይ ኣብ መወዳእታ እቲ መዓልቲ ብዙሕ ሓገዝ ክወሃቦም ኣለዎ፡፡

# ምዕራፍ 4
# ጣብያና

**ነዚ ምዕራፍ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ** 57


- ኣቀማምጣ ጣብያ 9
- ህይወት ዘይብሎም ነገራት ኣብ ከባቢና 13
- ህይወታውያን ከባቢና 9
- ልሙዳት ንጥፈታት ሕብረተሰብ ከባቢና 13
- መጓዓዝያ ኣብ ከባቢና 13


**ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት እዚ ምዕራፍ**

- ናይ ጣብያኦም፣ ገዝኦምን ቤት ትምህርቶምን ኣንፃራዊ መርክቦ የመላኽቱ፣
- ባህርያትን ጥቕምን ኣየር፣ ማይን ሓመድን ይዛረቡን የርእዩን፣
- ብሓመድ (ጭቃ)ተጠቒሞም ልሙዳት ዝኾኑ ቅርፅታትን ምስልታት ይሰርሑ፣
- ተኽልታት ኣእዋምን ኣናእሽተይ ተኽልታትን ብምባል ይምድቡ፣ ጥቕሞምይዛረቡን ሓለዋ ይገብሩን፣
- እንስሳት እንስሳ ዘቤትን እንስሳ ዘገዳምን ብምባል ይምድቡ፣ ረብሓኦም ይዛረቡን ሓለዋ ይገብሩን፣
- ስራሕ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ብምባል ይምድቡ፣ ረብሓ ስራሕ ይዛረቡ፣ ብዕድመኦም ስራሕ የፍቅሩን ይፈትዉን፣
- ረብሓ መጓዓዝያ ይዛረቡን ኣብነታት ባህላውን ዘበናውን መጓዓዝያ ይህቡ፣
- ክእለት ሳይንሳዊ ምርምር ኣብቲ ምዕራፍ ሰሪሖም የርእዩ፡- ምዕዛብ፣ ምሕታት፣ ምርኻብ፣ ተሓባቢርካ ምስራሕ፣ ምምዳብ

**መእተዊ**

እዚ ምዕራፍ ተምሃሮ ቅድሚት፣ ድሕሪት፣ የማንን ፀጋምን ኣንፈታት ዝፈልጥሉ እዩ፡፡ ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ህይወት ዘይብሎምን ህይወት ዘለዎምን ዝፈልዩሉ እዩ፡፡ ብተወሳኺ'ውን ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ልሙዳት ንጥፈታት ሕብረተሰብን መጓዓዝያን ፍልጠት ዝረኽብሉ ኮይኑ መብዛሕትኡ ኣብ ተግባራዊ ንጥፈታት ጠመተ ዝገበረ እዩ፡፡

**ዝርዝር ዕላማታት**

- የማን፣ ፀጋም፣ ቅድሚትን ድሕሪትን ኣንፈታት ይፈልዩ፣
- ናይ ገዝኦም፣ ጎረባብቶምን ቤት ትምህርቶምን ኣቀማምጣ የመላኽቱ፣
- ሃለዋት ኣየር የርእዩ፣
- ኣየር ንምንታይ ከምዝጠቅም ይዛረቡ፣
- ሃለዋት ማይ ኣብ ራህያ፣ ዒላን ፈሳሲ ማይን ይዛረቡ፣
- ማይ ንምንታይ ጠቓሚ ከምዝኾነ ይዛረቡ፣
- ሓመድ ተኽልታት ንምቡቃል ንምንታይ ኣድላዪ ከምዝኾነ ይዛረቡ፣
- ቀለልቲ ዝኾኑ ቅርፅታትን ምስልታትን ብሸኸላ (ጭቃ) ተጠቒሞም ይቐርፁ፣
- ተኽልታት ኣእዋም፣ ቁጥቋጥን ኣናእሽተይ ተኽልታትን ብምባል ይምድቡ፣
- ዝተወሰኑ ረብሓ ተኽልታት ይዛረቡ፣
- ንተኽልታት ዝግበር ክንክን ይዛረቡ፣
- እንስሳት እንስሳት ዘቤትን ዘገዳምን ብምባል ይምድቡ፣
- ብዛዕባ ክንክን እንስሳት ይዛረቡ፣
- ዝተወሰኑ ጥቕምታት እንስሳት ይዛረቡ፣
- ረብሓ ስራሕ ይዛረቡ፣

- ንስራሕ ውልቃዊ ስራሕ፣ እንዳሰብ ተቖፂርካ ምስራሕን ስራሕ መንግስትን ብምባል ይምድቡ፣
- ብስርሖምን ኣብ ገዝኦም ብዝሰርሕዎም ቀለልቲ ዕዮታት ዕግበት የርእዩ፣
- ረብሓ መጓዓዝያ ይዛረቡ፣
- ኣብነታት ባህላዊ መጓዓዝያ ይፀርሑ፣
- ኣብነታት ዘበናዊ መጓዓዝያ ይፀርሑ፣

***መረዳእታ ንመምህር***

***ጣብያ፡-*** *ማለት ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ዝተዋፈሩ ብዙሓት ሰባት ዝነብርሉ ከባቢ እንትኾን ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ወረዳ ዝርከብ እዩ፡፡*

***ኣየር፡-*** *ብኢድና ኣይንጭብጦን፣ ጨና ኮነ ጣዕሚ የብሉን፡፡ ኣየር ህይወታውያን ንኽነብሩ ናይ ግድን የድልዮም፣ ከምኡ'ውን ንዝተፈላለየ ግልጋሎት ዝጠቅም ህይወት ዘይብሉ ባእታ እዩ፡፡*

***ማይ፡-*** ሰለስተ ርባዕ ክፋል ዓለምና ብማይ ዝተሸፈነ እዩ፡፡ማይ ካብ ባሕርታት፣ ውቅያኖሳት፣ ሩባ፣ ዒላ፣ ቃላይ፣ ፍልፍልን ዝናብን ይርከብ፡፡ ማይ ንዕብየት ተኽልታትን እንስሳትን፣ ንመጓዓዝያን ንመንበሪ ዝተፈላለዩ ህይወታውያን ስለዝጠቅም ምዕቃብን ምክንኻንን ኣድላዪ እዩ፡፡

***ሓመድ፡-*** ካብ ዝበሰበሱ ተኽልታትን እንስሳትን ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ኮውሒ ንነዊሕ እዋን ኣብ ዝፍጠር ምልውዋጥ ኩነታት ኣየር ተፍረኽሪኹን ደቂቑን ዝፍጠር ነገር እዩ፡፡ ሓመድ ዝተፈላለየ መጠንን ሕብርን ኣለዎ፡፡ ኣብ ውሽጢ ሓመድ ንተኽሊ ዕብየት ጠቓምቲ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ መኣድናት ኣለዉ፡፡ ከምኡ'ውን ሱር ተኽሊ ብምሓዝ ነቲ ተኽሊ ጥንካረ ይህቦ እዩ፡፡ ብተወሳኺ'ውን ሓመድ ገዛን ኣቑሑት ገዛን ንምስራሕ ይጠቅም፡፡

***ተኽልታት፡-*** *ብዝተፈላለየ መንገዲ ክንምድቦም ንኽእል ኢና፡፡ ንኣብነት ዓምበብቲ ተኽልታትን ዘይዓምበብቲ ተኽልታትን ወዘተ.*

*ኣብዙይ ግና ብመጠኖም ተኽልታት ኣብ ሰለስተ ይምደቡ፡፡ ንሳቶም'ውን*

- *ዓበይቲ ተኽልታት*
- *ማእኸለዎት ተኽልታት*
- *ኣናእሽተይ ተኽልታት እዮም፡፡*

*ዓበይቲ ተኽልታት ዝበሃሉ ዓበይቲ ኣእዋም እዮም፡፡ ኣብነት ሳግላ፣ ቀላሚጦስ ወዘተ. ማእኸለዎት ተኽልታት ዝበሃሉ ኸዓ ቁጥቋጣት እዮም፡፡ እዚኦም ከዓ ከም ሃምብሃምቦ፣ ኩልያው ወዘተ ዝመሳሰሉ እዮም፡፡ ኣናእሽተይ ተኽልታት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ዝቦቕሉ እዋናዊ ተኽልታት እዮም፡፡ እዚኦም ከዓ ከም ዝተፈላለዩ ዓይነት እኽሊ፣ ሳዕርን ዝመሳሰሉን እዮም፡፡*

***ጥቕሚ ተኽልታት፡-*** *ተኽልታት ዝተፈላለዩ ጥቕምታት ኣለዎም፡፡ ኣብነት ንምግብነት፣ ንኽዳን መስርሒ፣ ንመስርሒ ገዛ፣ ንሓዊ መንደዲ፣ ንሓፁር፣ ንመጋየዒ፣ ንመድሓኒት፣ ኣብ ፋብሪካ ዝተፈላለዩ ነገራት መስርሒ፣ ንፍልፍል እቶት፣ ሓመድ ብውሕጅ ተጓሒጉሑ ከይውሰድ፣ ከባብያዊ ኣየር ከይዛባዕ፣ ንመዕቖቢ እንስሳት ወዘተ እዩ፡፡*

***ክንክን ተኽልታት፡-*** *ተኽልታት ክሕደሱ ዝኽእሉ ሃፍቲ ተፈጥሮ እዮም፡፡ ኾይኑ ግና ተኽልታት ግቡእ ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን እንተዘይገይርናሎም ክበርሱ ይኽእሉ፡፡ ስለዙይ ተኽልታት ማይ ክነስትዮም ኣለና፡፡ በብእዋኑ ብምኹስኳስን ምግቦም ዝማቸሎም - ፃህያይ ክነጥፈኣሎም ይግባእ፡፡ ከምኡ'ውን ዕቡቕ ምህርቲ ንምርካብ ድኹዒ ክንገብረሎም ይግባእ፡፡*

ሓፁር ብምሕፃር'ውን ግቡእ ሓለዋ ክንገብር ኣለና፡፡ ኣእዋም ብዘይኣግባብ ክንቆርፅ የብልናን፡፡ እንተቖሪፅና ድማ ፈልስታት ብምትካል ክንትክኦም ኣለና፡፡

**እንስሳት፡-** ብዝተፈላለየ መንገዲ ክንምድቦም ንኽእል ኢና፡፡ ንኣብነት ዓፃማት እንስሳትን ዘይዓፃማት እንስሳት ወዘተ፡፡ ኣብዙይ ግና ኣብ መንበሪኦም ተደሪኽና እንስሳ ዘቤትን ዘገዳምን ብምባል ኣብ ክልተ ይምደቡ፡፡

**ጥቕሚ እንስሳት፡-** እንስሳት ዝተፈላለዩ ጥቕምታት ኣለዉዎም፡፡ ኣብነት ንምግብነት፣ ካብ ቆርበት እንስሳት ጫማ፣ ቦርሳን ክዳውንትን ይስርሑ፤ ካብ ጨጉሪ እንስሳት ክዳውንቲ ይስርሑ፤ ንመጓዓዝያ፣ ንማሕረስ፣ ገዛ ንምሕላው፣ ንምዝንጋዕ፣ ፍልፍል እቶትን ሽርፊ ወፃኢ ንምርካብን ወዘተ እዮም፡፡

**ክንክን እንስሳት፡-** እንስሳትና'ውን ከም ተኽልታት ግቡእ ኣተሓሕዛ የድልዮም እዩ፡፡ ማይ ክሰትዩ ኣለዎም፡፡ እኹል ምግቢ ክረኽቡ ኣለዎም፡፡ ፅሩይን ግቡእን መንበሪ ክህልዎም ይግባእ፡፡ እንስሳት ፍቕሪ'ውን ይደልዩ እዮም፡፡ ስለዙይ ክንተናኾሎም ኣይግባእን፡፡

**ረብሓ ስራሕ፡-** ሰብ ንኽነብር ክሰርሕ ኣለዎ፡፡ ስራሕ ዝበሃል ሰብ ንምንባር ክብል ዝተፈላለዩ እቶት ንምርካብ ዝዋፈረሎም ዝተፈላለዩ ንጥፈታት እዮም፡፡ ሰራሕኻ ገንዘብ ትረክብ በቲ ገንዘብ ከዓ መሰረታዊ ድልየትካ ተማልእ፡፡ ንኣቶም'ውን ምግቢ፣ ኽዳንን ገዛን እዮም፡፡

ከከም ስርሑ እቲ ዝርከብ እቶት ልዑል ወይ ከዓ ትሑት ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ እቶም ልዑል እቶት ዘለዎም ሰባት ካብ መሰረታዊ ድልየቶም ምምላእ ብተወሳኺ ዘበናዊ ዝኾኑ ውፅኢት ቴክኖሎጅን ንምጥቃም ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብነት፡ ቲቪ፣ ፍሪጅ፣ ኮምፒዩተር፣ ዲሽ፣ መኪና ወዘተ ይጥቀሙ እዮም፡፡

ከምዝፍለጥ ስራሕ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክምደብ ይኽእል እዩ፡፡ ኣብዙይ ግና ኣብ ሰለስተ ዓይነታት ተመዲቡ ኣሎ፡፡ ንሳቶም'ውን፡-

- ኣብ ናይ ባዕልኻ ምስራሕ (ብውልቀኻ ምስራሕ ማለት እዩ፡፡)
- ኣብ ኻልእ ሰብ ምስራሕ (እንዳሰብ ወይከዓ ንኻልእ ሰብ ብምስራሕ እቶት ምርካብ ማለት እዩ)
- ኣብ መንግስቲ ምስራሕ (ኣብ ናይ መንግስቲ ተቖፂርካ ምስራሕ ማለት እዩ)፡፡

ኹሉ ስራሕ ንሕብረተሰብ ረብሓ ክሳብ ዝሃለዎ ክቡር እዩ፡፡ ሓደ ስራሕ ካብ'ቲ ሓደ ስራሕ ምብልላፅ ኣይከኣልን፡፡ ብኽንዕናን ብትግሃትን እንተሰሪሕና ዓድና ክነዕቢ ንኽእል ኢና፡፡

ባህላዊ መጓዓዝያ ዝበሃሉ ከም ፈረስ፣ በቕሊ፣ ግመል፣ ኣድግን እንትኾኑ ዘበናዊ መጓዓዝያ ዝበሃሉ ከዓ መኪና፣ (ናይ ፅዕነት መኪና፣ ኣውቶቡስ)፣ ባቡር፣ ነፋሪት (ኣውሮፕላን)፣ መርከብ እዮም፡፡

**መምሃሪ ሓገዝ**

- ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ማይ ዘርእዩ ስእልታት፣ ቻርትታትን ፖስተራትን
- ዓበይቲ፣ ማእኸለዎት፣ ኣናእሽተይ ተኽልታት ዘርእዩ ስእልታትን ፖስተራትን
- ዝተፈላለዩ እንስሳ ዘቤትን ዘገዳምን ዘርእዩ ስእልታትን ፖስተራትን
- ዝተፈላለዩ ዓይነታት መጓዓዝያ ዘርእዩ ፖስተራት

**ኣገባብ ኣመሃህራ**

ቅድሚ ኣንፈት ምምሃሮም ዝነብርሉ ጣብያን ቤት ትምህርቶም ዝርከበሉ ጣብያ እንታይ ከምዝበሃል ብምሕታት ተምሃሮ ክዛረቡ ብምግባር ይጀምሩ፡፡

ኣንፈት ዝብል ርእሲ ክምህሩ ከለዉ ብዛዕባ ቅድሚት፣ ድሕሪት፣ የማንን ፀጋምን ኣንፈታት ዝገልፁ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ስእልታት ብዝግባእ ክርእይዎ ብምግባር በቲ ተዋሂቡ ዘሎ መረዳእታ መሰረት ይግለፁሎም፡፡ እቲ ስእሊ እናረኣዩ መልሲ ሕቶታት ክዛረቡ ይግበሩ፡፡ ከምኡ'ውን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሮም ዘለዉ ተግባራዊ ንጥፈታት 4.1፣ 4.2፣ 4.3፣ 4.4፣ ክሰርሑ ይግበርዎም፡፡ ብምቕፃል ህይወት ዘይብሎም ነገራት እንታይ ማለት ከምዝኾነ የብርህሎም።

**ንጥፈት** 4.5. ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ ገዝኡ ንወለዶም ሓቲቶም /ብስድርኡ ተሓጊዙ ክመፅእ ይግበሩ፡፡ እቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ክኸተሉ ይንገርዎም፡፡ መምህር'ውን እቲ ፈተነ ኣብ ክፍሊ ሰሪሑም የርእይዎም፡፡ እቲ ማይ ወይ ወረቐት ዘንቀሳቕሶ ኣየር ከምዝኾነ ይንገርዎም፡፡

**ንጥፈት** 4.6. ፊለማ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ መሰረት ብምግባር መምህር ሰሪሑም የርእይዎም፡፡ ሕድ ሕድ ተምሃራይ ክሰርሕ ይገበር፡፡ ነቲ ወረቐት ዘንቀሳቕሶ ኣየር ከምዝኾነ ይሓብሩሎም፡፡

ቀፂሎም ተምሃሮ ጥቕምታት ኣየር ክዝርዝሩ  ይሕተትዎም፡፡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተገሊፁ ዘሎ ጥቕሚ ኣየር ብምግላፅ የጠቓልልዎ፡፡

ብዛዕባ ማይ እንትምህሩ መጀመርታ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንተምሃሮ ይሕተትዎም፡፡

- ማይ ካበይ ንረክብ? (ፍልፍላት ማይ)
- ጥቕሚ ማይ እንታይ እዩ?

ክዛረቡ ይግበሩ፡፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ትክክለኛ መልሲ ብምሃብ የጠቓልልዎ፡፡

ብዛዕባ ሓመድ እንትምህሩ ዝተፈላለዩ ዓይነትን ሕብርን ዘለዎ ሓመድ ከምዘሎ ይግለፁሎም፡፡ ጥቕሚ ሓመድ ክዝርዝሩ ይሕተትዎም፡፡ በቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተገሊፆም ዘለዉ ጥቕምታት ሓመድ እቲ መልሱ የጠናኽሩሎም፡፡ ብዛዕባ ሓመድ ዝጥምቱ እዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት የስርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 4.7. መጀመርታ ጠቓምቲ ዝኾኑ ተኽልታት ነቒሎም ከየምፅኡ መምህር ምኽሪ ይሃብዎም፡፡

ሕድሕድ ተምሃራይ ዘምፅኦ ተኽሊ ሱሩ ክፅዘብ ይግበሩ፡፡ ጻሕራይ ሓመድ ነቲ ተኽሊ ዘለዎ ጥቕሚ ንኽዛረቡ ይግበሩ፡፡ ኣብ መወዳእታ ሓመድ ነቲ ሱር ምስ መሬት ከምዘተሓሓዝን ሓመድ ንዕብየት ተኽሊ ጠቓማይ ዝኾኑ መኣድናት ኣብ ሓመድ ከምዝርከቡ ይግለፁሎም፡፡

**ንጥፈት** 4.8. ቅድሚ እቲ ንጥፈት ምስርሖም ኣብ ገዝኦም ዘለው ካብ ሸኽላ ዝተሰርሑ ኣቕሑት ተዓዚቦም ንክመፁ ከም ዕዮ ገዛ ጌሮም ይሃብዎም።

**ንጥፈት** 4.9. እዚ ንጥፈት እንትሰርሑ እዚ ኣሰራርሓ ቅደም ሰዓብ ክጥቀሙ ይሓግዙዎም፡፡

ካብ ሓመድ ዝተፈላለዩ ቅርፃ ቅርፂ ንምስራሕ

1. መጀመርታ ሓመድ ምምፃእ
2. ናብ'ቲ ሓመድ ማይ ምውሳኽ
3. እቲ ሓመድን ማይን እናሓዋሰስካ ምልዋስ
4. እቲ ጭቃ ኣብ ፀፊሕ ነገር ብምጥፍጣፍ እናቖረፅካ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ምስራሕ

- መምህር ተምሃሮ ካብ ሓመድ ለዊሶም ቅርፅታት ክሰርሑ ምስገበሩ ስራሕቶም ይርአዩሎም።

ተኽልታት ዝተፈላለየ መጠን ከምዘለዎም ንሳቶም'ውን ዓበይቲ፣ ማእኸለዎትን ኣናእሽተይ ከምዝኾነ ምስ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተዋሂቡ ዘሎ ኣብነታት ይግለፁሎም።

ብዛዕባ ጥቕሚ ተኽልታት ብምግላፅ ንጥፈት 4፡10 ን 4፡11ን የሰርሕዎም፡፡

**ንጥፈት** 4.10. ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ወይ ቤት ትምህርቶም ዝርከቡ ተኽልታት ብመንፅር ቁመቶም ዓበይቲ፣ ማእኸለዎት ኣናእሽተይ እናበሉ ክምድቡ ድሕሪ ምግባር ግቡእ መልሲ ሂቦም የጠቓልሉ።

**ንጥፈት** 4.11. ኣብ ከባቢኦም ንምግብነት ዝጠቕሙ ተኽልታት ክዝርዝሩ ብምግባር ተምሃሮ ዘይሓበርዎም ተኽልታት እንተሃልዮም ብምውሳኽ መምህር የጠቓልልዎ፡፡

**ንጥፈት** 4.12. ተኽልታት ካብ ምግብነት ብተወሳኺ በብኸባቢኡ ዝተፋለለዩ ጥቐምታት ስለዘለዎም ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ንመጋየዲ ዝጥቀምሎም ተኽልታት ክዛረቡ ምስ ገብሩ ከም ዕምበባ፣ ሰቲ ወዘተ ይግለፅሎም፡፡ ከምእውን ንገዛ መሳርሕን ንሓፁር ዝጠቅሙ ከምዘለው የብርህሎም፡፡ ዕንፀይትውን ንነዳዲ ከምንጥቀመሉ ገሊፆም፡፡ ተምሃሮ ዘይስተወዕልዎም እንተሃሊዮ መምህር ኣድለይቲ ዝኾኑ ብምሕባር የጠቓልልዎ፡፡

ብዛዕባ ክንክን ተኽልታት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተገሊፁ ዘሎ ብምግላፅ ብተወሳኺ'ውን ካልእ ኣብ ከባቢኦም ዝግበር ክንክን ተኽልታት እንተሃልዩ ምእንታን ክገልፁ ንጥፈት 4.13 ክሰርሑ ይገበር፡፡

**ንጥፈት** 4.13. ክሰርሑ ከለዉ ተምሃሮ ንክሓስቡ ግዘ ሃብዎም፡፡ ሕድሕዶም ምስ ተዛረቡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሩ ብዘሎ መሰረት የጠቓልልዎ፡፡

እንስሳት ብኣነባብሮኦም ኣብ ክልተ ዝምደቡ ምዃኖም ብኣብነት ምስገለፁሎም

**ንጥፈት** 4.14. ክሰርሑ ይግበሩ፡፡ እቲ ትኽክለኛ ናይቲ ንጥፈት መልሲ'ውን ኣብዚ ዝስዕብ ሰደቓ ተገሊፁ ኣሎ፡፡ እቲ መልሲ ብቃል ይግለፅ።

| እንስሳ ዘቤት | እንስሳ ዘገዳም |
|---|---|
| 1. ላሕሚ | 1. አምበሳ |
| 2. ግመል | 2. ቡኻሪያ |
| 3. ኣድጊ | 3. ዝብኢ |
| 4. ከልቢ | 4. ማንትለ |
| 5. በቕሊ | 5. ዘራፍ |
| 6. ደርሆ | |

ብዛዕባ ጥቕሚ እንስሳት ከምህሩ ከለዉ መጀመርታ ንተምሃሮ ብምሕታት ይጀምሩ፡፡ ኣብ'ቲ መልሲ ተምሃራይ ተደሪኾም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተገሊፆም ዘለዉ ጥቕምታት ብተወሳኺ ብምሕባር ንጥፈት 4.15፣ 4.16ን 4.17ን ክሰርሑ ምግባር፡፡

**ንጥፈት** 4.15. ተምሃሮ ስጋ ካብ ምንታይ ከምዝርከብ ንክዛረቡ ዕድል ድሕሪ ምሃብ ኣብ መልስታት ተምሃሮ መሰረት ጌይሮም መጠቓለሊ መልሲ ይሃብዎም።

**ንጥፈት** 4.16. ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ካብ ቆርበት ዝስርሑ ነገራት ንዓበይቲ ሰባት ሓቲቶም ብምምፃእ ኣብ ክፍሊ ክዛረቡ ይግበሩ።

**ንጥፈት** 4.17.. ካብቶም ዝተገለፁ ንመጓዓዝያ ዝጠቕሙ እንስሳት ንሰብን ንኣቑሑትን ዘጓዕዙ ንኽፈልዩ ብምግባር እቲ ንጥፈት የጠቓለሉዎም፡፡

*ብምኽፃል እንስሳት ክንከናከኖምን ክንተናኮሎዎም ከምዘይብሎም ይግለፅሎም።*

*ብመወዳእታ መልመዲ* 4.1. *ክምልሱ ምስገበረ መብርሂ ሂቦም የጠቃልሎም፡፡*

*መምህር ፈለማ ብዛዕባ ልሙዳት ንጥፈታት ሕብረተሰብ እንተምህሩ ወለዶም እንታይ ከምዝሰርሑ ይሕተትዎም፡፡ ስራሕ ምስራሕ ንምንታይ ከምዘድሊ ምስ ሓተትዎም እዚ ዝስዕብ መብርሂ ይሃብዎም፡፡*

*ስራሕ ገንዘብ ንምርካብ ከምዝጠቅምን በቲ ገንዘብ ድማ ብዙሕ ነገር ምግዛእን ምስራሕን ከምዝካኣል ይፅለፅሎም። ኣብ'ቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ተገሊፁ ዘሎ ጥቕሚ ገንዘብ ይግለፁሎም፡፡*

*ኣብ መወዳእታ መምህር ባዕሎም ስራሕ ገንዘብ ንምርካብ ከምዝጠቅም በቲ ገንዘብ'ውን ብዙሕ ፀገማት ከምዝፍትሑ ብምግላፅ የጠቓልልዎ፡፡*

*መምህር ቅድሚ ዓይነታት ስራሕ ምግላፆም ተምሃሮ ባዕሎም ንጥፈት* 4.18 *ክሰርሑ ይገበሩ፡፡ እዚ ማለት ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ሰባት ዝተዋፈርሉ ስራሕቲ ክዛረቡ ብምግባር እዚኣቶም ኩሎም ኣብ ብውልቀ ምስራሕ፣ ኣብ ውልቀ ትካል ተቆፂርካ ምስራሕ፣ ኣብ መንግስቲ ተቆፂርካ ምስራሕ ብምባል የጠቓልልዎ፡፡*

*ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ኣብነታት ምስገለፁሎም ንጥፈት* 4.19 *ክሰርሑ ይግበሩ፡፡*

**ንጥፈት** 4.19. *ተምሃሮ በብ ሓሙሽተ ክጉጀሉን ምስ ገበሩ ካብ ዝተዘርዘሩ ዓይነት ስራሕ ምስመረፁ ዝሰርሕዎ ስራሕ ክዛረቡ ይግበሩ። ቀጺሎም ኩሎም ኣባላት ዝተዛረብዎ ብምጥማር የጠቓልልዎ።*

**ንጥፈት** 4.20. *ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ ትርፊ ግዚኡ ንስድርኡ ከመይ ከምዝሕግዝ ክገልፁ ይግበሩ፡፡ ብድሕሪኡ እንታይ ከምዝስመዮም ምስገለፁ መምህር ንወለድኻ ኣብ ትርፊ ጊዜኻ ምሕጋዝ ኣድላዪ ከምዝኾነ ብምግላፅ መልመዲ* 4.2 *ክሰርሑ ምስገበሩ ተምሃሮ ክገልፁ ገይሮም የጠቓልልዎ፡፡*

*ብዛዕባ መጓዓዝያ ከምህሩ ከለዉ መጓዓዝያ እንታይ ማለት ከምዝኾነ፣ ጥቕሚ መጓዓዝያን ከምኡ'ውን ባህላውን ዘበናውን መጓዓዝያ ኣፈላላይ ብምሕታት ይጀምሩ፡፡ ኣብ'ቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ተዋሂቡ ዘሎ መረዳእታ ብምድራኽ ይግለፁሎም፡፡ ነዚ ንምጥንኻር'ውን ንጥፈት* 4.21፣ 4.22ን 4.23ን *ክሰርሑ ይግበርዎም፡፡*

**ንጥፈት** 4.21. *ሕድሕድ ሕቶ ከከም ከባቢኡ ዝጥቀሞ መጓዓዝያ ክግለፅ እዩ ተደልዩ ዘሎ፡፡ ሕድሕድ ጉጅለ ምስተዛረበ እቲ ትኽክል ኣብ'ቲ ከባቢ ዝተለመደ ብምግላፅ የጠቓልልዎ፡፡*

**ንጥፈት** 4.22. *ተምሃሮ ምስተዛረቡ ዕርግያን መጓዓዝያን ፈላሊኻ ዘይረኣን ብዘይመንገዲ መጓዓዝያ ኣይሀልውን ብምባል ገሊፆም የጠቓልልዎ፡፡*

**ንጥፈት** 4.23. እዚ ንጥፈት ክሰርሑ ከለዉ ጠመተ ክወሃቦ ዘለዎ ጉዳይ እቲ ዝኸድዎ ቦታ እንተይኮነስ እቲ ዝተጠቐምዎ መጓዓዝያ ክኸውን ኣለዎ፡፡ መምህር ከዓ ሰባት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብፈረስ፣ ብበቕሊ፣ ብመኪና፣ ብኣውሮፕላን፣ ብባቡር፡ ብመርከብ ወዘተ ከምዝጓዓዙ ብምግላፅ የጠቓልልዎ፡፡

ኣብ መወዳእታ መልመዲ 4.3 ይሕተትዎም ቀፂሉ ብመሰረት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ትሕዝቶ ተደሪኹም መብርሂ ይሃብዎም፡፡

## መጠቓለሊ

ኣብ መወዳእታ ነዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ነጥብታት ብምልዓል ነቲ ምዕራፍ ኣሕፅር ኣቢሎም የጠቓልልዎ፡፡

- ምፍላይ ኣንፈታት ቅድሚት፣ ድሕሪት፣ የማንን ፀጋምን
- ህይወት ዘይብሎም ነገራት ኣየር፣ ማይን ሓመድን፣
- ዓበይቲ፣ ማእኸለዎትን ኣናእሽተይን ተኽልታት ኣፈላላይ
- እንስሳ ዘቤትን ዘገዳምን ብምባል እንስሳት ምምዳብ
- ረብሓ ስራሕ እንታይ ከምዝኾነ፣
- ዓይነታት ስራሕ ምፍላይ፣
- ጥቕሚ መጓዓዝያ ምግላፅ፣
- ዘበናውን ባህላውን መጓዓዝያ ምፍላይ፡፡

## ኣገባብ ገምጋም

እቲ መምህር ንሕድሕድ ተምሃሮ ኣብ መላእ እቲ ምዕራፍ ዝሰርሕዎ ስራሕ ብተኸታታሊ ክምዝኖምን ምስ እዞም ዝስዕቡ ኣገላልፃታት ብመሰረት ዝርዝር ዕላማታት ኣብ ተደላዪ ደረጃ ብቕዓት ክንደይ ከምዝጨበጡን ንምውሳን ክወዳድር ኣለዎ፡፡ እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ፡፡

## ኣብ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ብቕዓት ዝስርዑ ተምሃሮ

- የማን፣ ፀጋም፣ ቅድሚትን ድሕሪትን ብምባል ኣንፈታት ይፈልዩ፡፡ ገዝኦምን ቤት ትምህርቶምን ንምምልኻት ይጥቀምሉ፡፡
- ሃለዋት ኣየርን ማይን የርእዩ፤ ንምንታይ ኣድለይቲ ከምዝኾኑ ይዛረቡ፣
- ተኽልታትን እንስሳትን ይምድቡ፤ ረብሓኦምን ከመይ ከም ዝከናኸኑዎምን ይዛረቡ፣
- ዓይነታት ስራሕ ይምድቡን ረብሐኦም ይዛረቡን፣
- ረብሓ መጓዓዝያ ይገልፁ፣፡
- ኣብነታት ባህላውን ዘበናውን መጓዓዝያ ይህቡ፡፡

ካብ ዘዕግብ ደረጃ ብቕዓት ንላዕሊ ዘለዎም ተምሃሮ ክድነቑን ፍፃመታቶም ወይ ሰራሕቶም ክፍለጠሎም ኣለዎ፡፡ ንቐፃሊ ጠንኪሮም ክሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም፡፡ ብዝሰርሕዎ ዘስተርሕዩ (ዝዓግቡ) ክኾኑ የብሎምን፡፡ ኣብ ትሕቲ ዝተሓተ ተደላዪ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ ምስ ካልኦት ተምሃሮ እቲ ክፍሊ ማዕረ ንምኺን (ንምስዓብ) ብዙሕ ሓገዝ ክወሃቦም ይግባእ። ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ ኣብ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ብዙሕ ጠመተ ክወሃቦም ኣለዎ፡፡

# ሲለበሰ ትምህርቲ ከባቢ ሳይንስ
# 1ይ ክፍሊ

## ሓፈሻዊ ዕላማታት ከባብያዊ ሳይንስ 1ይ ክፍሊ

1. **ኣብዞም ዝስዕቡ ቁምነገራት ኣረዳድኣ ንምምዕባልን ፍልጠት ንምርካብን**
   - ስማት ደጋዊ ኣካላት ሰውነትን ጥቕሞምን፣
   - ሰለስተ መሰረታዊ ድልየታት ሰብን ጥቕሞምን፣
   - ልሙዳት ሕማማትን መከላኸሊኦምን፣
   - ሓሙሽቲኦም ኣካላት ስምዒትን ተግባሮምን፣
   - ፍልፍላት ብርሃን ድምፂ፣ ሕብሪ፣ ጣዕምን ጨናን፣
   - ኣባላት ስድራን ሓላፍነቶምን፣
   - ሕርሻ ከም ፍልፍል ምግቢ፣ ስም ዝርኣት ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ ዝራኣትን ውፅኢቶምን፣
   - ዓይነታት ክዳን፣ መፅለልን ዝተሰርሕሎም ነገራትን ረብሐኦምን፣
   - ኣስማት ኣቑሑ ገዛ፣ ጥቕሞምን ዝተሰርሑሎም ነገራትን፣
   - ኣብ ፅርግያ ዘጋጥሙ ልሙዳት ሓደጋታትን ሜላ  መከላኸሊኦምን፣
   - ኣቀማምጣ ገዝኦም ቤት ትምህርቶም፣ ጣብያኦምን፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝሰርሕዎም ንጥፈታትን፣
   - ረብሓ መጓዓዝያ፣ ዘበናውን ባህላውን መጓዓዝያ፣
   - ጥቕሚ ኣእዋም፣ ኣናእሽተይ ተኽልታትን እንስሳትን፣
   - ረብሓ ስራሕ፣
2. **ሙያን ክእለትን ንምምዕባል**
   - ንደጋዊ ክፍሊ ኣካላቶም ምክንኻን
   - ነገራት ብምድህሳስ ፍሩይ፣ ልሙፅ፣ ሓርፋፍን ውዑይን ዝሑልን ብምባል ምፍላይ
   - ክንክን ዝርኣትን ኣቑሑት ገዛን ምግባር
   - ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም ምዕዛብ
   - ፅቡቕ ረኽቢ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምህላው
   - ወረቐት፣ ሓመድ፣ ወይ ጭቃ ተጠቒሞም ተምበልበልቲ ማዕረ ቅርፂ ስእልን ብንፋስ ዝነቓነቑ ነገራት ምስራሕ
   - ተኽልታት ኣእዋምን ኣናእሽተይ ተኽልታት ብምባል ምምዳብን ክንክን ምግባርን
   - እንስሳት እንስሳት ዘቤትን እንስሳት ዘገዳምን ብምባል ምምዳብን ክንክን ምግባርን
   - ዓይነታት ስራሕቲ ውልቃውን መንግስታውን ኢልካ ምምዳብ
   - ብጉጅለ ይሰርሑ፣ ነን ሕድሕዶም ይተሓጋገዙ፣ ይከባበሩን ይፈቓቐሩን፡፡
   - ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ብምክያድ ክእለት ምዕባይ፣ ምዕዛብ፣ ምሕታት፣ ምርኻብ (ምምይያጥ) ሞዴላት ምስራሕ ሓቢርካ ምስራሕን ምምዳብን፡፡
3. **ልምድን ዝንባለን ንምምዕባል**
   - ኣብ ገዝኦም፣ ጎረባብቶምን ኣብ ቤት ትምህርቶምን ፅቡቕ ረኽቢ ምግባር
   - ናይ ገዝኦም ጎረባብቶምን ቤት ትምህርቶምን ሕግታትን ደንብታትን ንምኽባር
   - ብደረጃኦም ስራሕ የኽብሩን የፍቅሩን
   - ብጉጅለ ይሰርሑ ነንሕድሕዶም ይተሓጋገዙ ይከባበሩን ይፋቐሩ፡፡

**ምዕራፍ ሓደ፡- ንሕና** **ክፍለ ግዘ 57**

ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት እዚ ምዕራፍ

- ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነት ይፀርሑን የርእዩ፣ ተግባሮም ይዛረቡን ክንክን ይገብሩን፡፡
- ሰለስተ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ይዝርዝሩን ጥቕሞም እውን ይገልፁ፡፡
- ልሙዳት ሕማማት ይዝርዝሩን ሜላ መከላኸሊኦም የርእዩን፡፡
- ሓሙሽቲኦም ስምዒት ሕዋሳት ይፀርሑ፣ ተግባሮም ይገልፁን ንዓዓቶም ተጠቒሞም ግቡእ ትዕዝብቲ ይገብሩን፡፡
- ቀሊል ንጥፈታት ተጠቒሞም ፍልፍል ብርሃን፣ ድምፂ ሕብሪ፣ ጨናን ጣዕምን ይፈልዩ፡፡
- ኣብዚ ምዕራፍ ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ሰሪሖም የርእዩ፡- ምዕዛብ፣ ምሕታት፣ ምርኻብ፣ ተሓባቢርካ ምስራሕ
-

| ደረጃ ብቕዓት | ትሕዝቶ | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| 1.1 ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትና (ክፍለ ግዘ 10) | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ<br>- ደጋዊ ኣካላት ሰውነቶም ይፀርሑ፣<br>- ደጋዊ ኣካላት ሰውነቶም የርእዩ፡፡ | 1. ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነት | ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነት ዘጠቓልሎም ርእሲ፣ ፀጉሪ፣ ዓይኒ፣ ኣፍንጫ፣ ኣፍ፣ ኣእዳው፣ ኣፃብዕቲ፣ ኣፍልቢ፣ ማዕጥቖ፣ ብርክን እግርን<br>ተምሃሮ ሞዴልን ቻርትን ተጠቒሞም ክፍሊ ኣካላት ሰውነቶምን ደጋዊ ኣካላት ሰውነቶም ይፈልዩ፡፡ |
| - ተግባር ደጋዊ ኣካላት ሰውነቶም ይዛረቡ፡፡ | 2. ተግባር ደጋዊ ኣካላት ሰውነት | ተግባር ደጋዊ ኣካል ሰውነት ይገልፁ፡ እዚ ብፀወታ መልክዕ ክስራሕ ይከኣል፡፡ ሓደ ተምሃራይ ረብሓ ኣካላት ሰውነት ናይ ክፍሊ ተምሃሮ ድማ እቲ ዝተፀርሐ ኣካል ሰውነት ይእልሹ፡፡ |
| - ንደጋዊ ኣካላት ሰውነቶም ክንክን ይገብሩ፡፡ | 3. ንደጋዊ ኣካላት ሰውነት ክንክን ምግባር | ንሰውነት ክንክን ምግባር ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡፡<br>- ኢድ፣ ፀጉሪ፣ ገፅን እግርን ምሕፃብ<br>- በብእዋኑ ነብስኻ ምሕፃብ<br>- በብመዓልቱ ፀጉርካ ምስንታር<br>- በብመዓልቱ ኣስናንካ ምፅራይ<br>- ኣፍንጫኻን እዝንኻን ብፅሬት ምሕላው<br>- በብመዓልቱ ፅፍርኻ ምቑራፅ |
| | | ሰውነትካ ብፅርየት ካብዘይምሕላው ክመፅእ ዝኽእል ፀገም ንምግላፅ ፅንዓታዊ መረዳእታ ምጥቃም፡፡ ተምሃሮ ነዚ መፅናዕቲ ይመያየጥሉን ናይ ባዕሎም ኣብነታት ይህቡን፡፡<br>ሰውነቶም ማለት ኣስናኖም መመወፅ እናፅረዩ ይለማመዱን ንኻልእ ኣካል ሰውነቶም እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ይሰርሑ፡፡ |
| 1.2 መሰረታዊ ድልየታትና (8 ክፍለ ግዘ) | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ እዙይ ምስተምሃሩ ተምሃሮ<br>- ሰለስተ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ይዝርዝሩ፡፡ | 1. ሰለስተ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ | - ምግቢ፣ ክዳንን መፅለልን ሰለሰተ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ከምዝኾኑ ንተምሃሮ ግለፁሎም፡፡ ተምሃሮ ባዕሎም ብዛዕባ ዝተፈላለየ ዓይነት ምግቢ ክዳንን ገዛን ኣብነት ይሃቡ፡፡ ተምሃሮ ባዕሎም ካብቶም መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ሓዲኡ እንተስኢኖም እንታይ ክበፅሖም ከምዝኽእል ይገልፁ፡፡ |
| - ረብሓ ሕድሕድ መሰረታዊ ድልየታት | 2. ረብሓ መሰረታዊ ድልየታተ ሰብ | ምግቢ ንዕብየት፣ ንጥንካረን ጉልበትን ከምዝጠቕሞም ንተምሃሮ ይግለፁሎም፡፡ ተምሃሮ ካብ ዝምገብዎም ምግብታት ገሊኦም ይፀርሑ፡፡ ዝፎትዉዎም ምግብታት ኣየኖት ከምዝኾኑ ይሕተትዎም፡፡ ክዳን ምኽዳን ንምንታይ ከምዘድለየና |

| ደረጃ ብቕዓት | ትሕዝቶ | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ሰብ ይገልፁ፡፡ | | ይሕተትዎም፡፡ ክዳን ካብ ኣየር ፀባይ (ዛሕሊ፣ ፀሓይ ብርሃንን ዝናብን) ምክልኻልን ሰውነትና ንምሽፋንን ውልቃዊ ፅባቐና ንምምሕያሽን ከም ብምግላፅ የጠቓልሉሎም፡፡<br>ኽዳን ንምስራሕ ዝጠቕሙ ጥረ ኣቕሑ ተምሃሮ ንክዝርዝሩ ይሕተትዎም፡፡ ጡጥ፣ ሱፍ፣ ቆርበትን ናይሎን ዘጠቓለሉ ምኻኖም ይሓብሩሎም፡፡ ብጉጅለታት ተመቓቒሎም ብዛዕባ ዓይነታት ክዳንን ኣብ ዝተፈላለዩ ወቕትታት ንምኽዳን ዝጠቕሙና ክዳውንትን ተምሃሮ ባዕሎም ይመያየጡ፡፡<br>መፅለሊ ንምንታይ ከምዘድልየና ንተምሃሮ ይሕተትዎም፡፡ መፅለሊ ካብ ኣየር ፀባይን (ዛሕሊ፣ ፀሓይ ብርሃን፣ ዝናብን ንፋስን) ጎዳእቲ እንስሳት ዘገዳምን ንምክልኻል ዝጠቕመና ከምዝኾነ ብምዝራብ |
| | | የጠቓልልዎ፡፡ ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም መፅለሊ ዝስርሐሎም ነገራት ንኽገልፁ ይሕተትዎም፡፡ እዚኦም እውን ሳዕሪ ዕንፀይቲ፣ ቆርቆሮ፣ ጡብ፣ ጭቃ፣ ስሚንቶን ሑፃን የጠቓልል፡፡<br>ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቶም ካልኦት ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሕንፃታትን ካብ ኣየነንኦም ነገራት ከምዝተሰርሑ ይርኣዩ፡፡ |
| 1.3 ንሰብ ዘጥቅዑ ልሙዳት ሕማማት (11 ክፍለ ግዘ) | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ<br>- ከጥቅዕዎም ዝኽእሉ ልሙዳት ሕማማት ይፀርሑ፡፡ | 1. ልሙዳት ሕማማት<br>2. ኤድስ | - ልሙዳት ሕማማት እንትበሃል መብዛሕትኡ ተምሃሮ ዝፈልጥዎም ከም ሰዓል፣ ጎንደራ፣ ዓሶን ውፅኣትን ዝመሳሰሉ ክኾኑ ኣለዎም፡፡ መብዛሕትኡ ተደጋጊሞም ዝረኣዩ ሕማማት ይዝርዝሩ፡፡<br>- ባዕሎም ወይ ከዓ ቤተሰቦም በዞም ሕማማት ዝተጠቕዑ እንተሃልዮም ይሕተትዎም፡፡ ብሕድሕድ ሕማም ዝተጠቕዑ ቁፅርታት ብምድማር ኣብ ከባቢኦም ኣየንኡ ሕማም ብበዝሒ ኣየንኡ ከዓ ብዝተሓተ ከምዝርኣይ ተምሃሮ የለልዩ፡፡<br>- ተምሃሮ ብዛዕባ ኤድስ ብዙሕ ኣይፈልጡን፡፡ እዚ ሕማም ቀታልን መድሓኒት ዘይብሉ ምኻኖም የብራህርሁሎም፡፡ |
| • ነዞም ሕማማት ንምውጋድ ክግበር ዝግባእ ጥንቃቐ ይዝርዝሩ፡፡ | 3. ሕማም ምክልኻል ከም ሰዓልን ውፅኣትን ዝበሉ ሕማማት ናብ ካልኦት ከይመሓላለፉ ሓላፍነትካ ምውፃእ | ተምሃሮ ከመይ ካብ ሕማም ክርሕቑ ከምዝኽእሉ ንኽመያየጡ ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ኣብነታት ይጠቐሙ፡፡ ንሕድሕድ ሕማም ኣድለይቲ ዝኾነ ጥንቃቐታት ንክሓስቡ ይሓግዝዎም፡፡<br>- ሰዓል ብኣየር ክመሓላለፍ ዝኽእል ሕማም እዩ፡፡ ሰዓል ብኸመይ ክነወግዶ ንኽእል? ምትንፋስ ኣየር ክነቋርፅ ኣይንኽእልን ግና እንነብረሉ ገዛ መሻኹቲ ዘለዎን ኣየር ዝኣትዎን ክኸውን ኣለዎ፡፡<br>- ውፅኣት ብፍታን ይመሓላለፍ፣ ውፅኣት ብኸመይ ክነወግዶ ንኽእል? ኣብ ሽንቲ ቤትክንጥቀም ኣለና፡፡ኣብ ሽንቲ ቤት በፂሕና ምስተመለስና ኢድና ክንሕፀብ ኣለና፡፡ ብኢዶም ዘይተሓፀቡ ሰባት ዝቐረበልና ምግቢ ክንበልዕ የብልናን፡፡<br>- ዓሶ ዝመሓላለፍ ብነፍሳት እዩ፡፡ ዓሶ ብኸመይ ክነውግዶ ንኽእል? ክንድቅስ እንተለና ዛንዚራ ክንጥቀም ከምዘለና፡፡ ጣንጡ ክትራበሐሉ ትኽእል ዝዓቖረ ማይ ክንድፍን ኣለና፡፡<br>- ኤድስ ዝመሓላለፍ ብደም እዩ፡፡ ኤድስ ብኸመይ ነወግዶ? ምስ ካልኦት ሰባት ደም ምንኽኻእ ክነውግድ ኣለና፡፡ ብደም ዝተበከሉ በላሕቲ ነገራት ክንትንክፍ የብልናን፡፡ |
| 1.4 ሓሙሽቲኦም ኣካላት ስምዒት (28 ክፍለ ግዘ) | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ<br>- ሓሙሽቲኦም ኣካላት ስምዒት ይፅውዑ፡፡<br>- ረብሓ ኣካላት ስምዒት ይዝርዝሩ፡፡ | 1- ኣስማት ኣካላት ስምዒት<br>2- ሓፈሻዊ ተግባራት ኣካላት ስምዒት | - ስምዒት ኣካላት ማለት እንታይ ከምዝኾነ ይገልፁ፡፡ ኣስማቶም እውን ይፀርሑ፡፡ ተምሃሮ ናብ ኣካላት ስምዒት የመልክቱን ተግባር ሕድሕድ ኣካላት ስምዒት ይገልፁ፡፡ |
| - ቀንዲ ፍልፍላት ብርሃን ይፈልዩ፣<br>- እንተወሓደ ሸውዓተ ዓይነት ሕብርታት | 3. ኣዕይንቲ<br>- ፍልፍላት ብርሃን ምርኣይ<br>- ሕብሪ ምፍላይ | - ተምሃሮ ካብ ናይ ባዕሎም ተሞክሮ ተበጊሶም ፍልፍል ብርሃን ይፀርሑ፡፡ ከም ስእሊ፣ ሞዴላት ሽምዓ፣ ላምባዲና፣ ፋኑስ፣ ነዳዲ ዕንፀይቲ፣ ብርሃን ኤሌክትሪክ ፀሓይን ወርሕን ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ብርሃን የርእይዎም፡፡ ተምሃሮ ነዞም ፍልፍላት ብርሃን ይፀርሑ፡፡ ዝተፈላለዩ ሕብራዊ ኣቑሑት ከም ካርድ፣ ዕምበባታት፣ ቆፅልታት፣ ክዳውንትን ካልኦት ነገራትን ተምሃሮ የርእይዎም፡፡ ተምሃሮ ኣብ ሕድሕድ ግዘ ነቶም ሕብርታት ይፀርሑ፡፡ |

| *ደረጃ ብቕዓት* | *ትሕዝቶ* | *መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት* |
|---|---|---|
| ይፈልዩ፣<br>- ኣካላት ስምዒት ምርኣይ ተጠቒሞም ግቡእ ትዕዝብቲ ይገብሩ፡፡ | | ሕብርታት ካብ ተኽልታት ብኽመይ ከምዝዳለዉ ሰሪሖም የርእይዎም፡፡ ተምሃሮ ካብ ቆፅልታትን ተኽልታትን ሕብርታት ብጉጅለ ኮይኖም ይሰርሑ፡፡ |
| - ልሙዳት ፍልፍላት ድምፂ ይፈልዩ፣<br>- ስምዒት ምድማፅ ተጠቒሞም ግቡእ ትዕዝብቲ ይገብሩ፡፡ | 4. ኣእዛን<br>- ልሙዳት ድምፅታት ምፍላይ | - ተምሃሮ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ድምፅታት የድምፁ፡፡ እዚኦም ከዓ ከም ድምፅታት እንስሳት ዘቤት፣ እንስሳ ዘገዳም፣ ማሽናት፣ መኻይን፣ ኣይሮፕላን፣ መሳርሕታት ሙዚቃ፣ ሰባት እንትሕጎሱ፣ እንትሓዝኑ፣ እንትናደዱ፣ እንተነቓቕሑን እንትጨናነቑን ዘስምዕዎም ድምፅታት እዮም፡፡ ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ድምፅታት ክፈልዩ ኣለዎም፡፡ ብተወሳኺ እውን ናይ እንስሳት ድምፅን ዝተፈላለዩ ህዝብታት ስምዒቶም ንምግላፅ ዘስምዕዎ ድምፅታትን ክለማመዱ ይግበሩ፡፡ |
| - ጣዕምታት ልሙዳት ዓውደ ኣካላት ይገልፁ፡፡<br>- ስምዒት ምጥዓም ተጠቒሞም ግቡእ ትዕዝብቲ ይገብሩ፡፡ | 5. መልሓስ<br>- ጣዕምታት ልሙዳት ዓውደ ኣካላት | - መልሓስ ናይ ምግቢ ንጥረ ነገራት ንምጥዓም ዝጠቕመና ኣካላት ስምዒት ከምዝኾነ ይግለፁሎም፡፡ ናይ ዝተፈላለዩ ንጥረ ነገራት ማለት ጥዑም፣ መሪር፣ ጨውን መፂፅን ጣዕምታት ይገልፁ፡፡ እቲ ጣዕሚ ዝተፈላለዩ ንጥረ ነገራት ንምፍላይ ከምዝጠቅም የመልክትዎም፡፡ ተምሃሮ እዞም ጣዕምታት ዘለዎም ምግብታት ብኣብነት ይህቡ፡፡<br>ብመሲልኻ ምዕዋት ኣቢሎም ዘይፍለጡ ዓውደ ኣካላት ምጥዓም ሓደጋ ከምዘለዎም የርእይዎም፡፡ ክምርዝዎም ከምዝኽእሉ ጠመተ ይግበሩሎም፡፡<br>- ብመሲልካ ምዕዋት ኣቢሎም ውፅኢት ምብላዕ መርዛም ዝኾኑ ነገራት ሰሪሖም ክርእዩ የእምንዎም፡፡ |
| - ንልሙዳት ዓውደ ኣካላት ፅቡቕ ወይ ሕማቕ ጨና ብምባል ይፈልዩ፡፡<br>- ስምዒት ምጭናው ተጠቒሞም ግቡእ ትዕዝብቲ ይገብሩ፡፡ | 6. ተግባር ኣፍንጫ<br>- ጨና ልሙዳት ዓውደ ኣካላት | • ንተምሃሮ ኣፍንጫ ክፍሊ ኣካል ምጭናው ከምዝኾነ ይግለፁሎም፡፡ ዝተፈላለዩ ዓውደ ኣካላት ብጨነኦም ከመይ ክፍለዩ ከምዝኽእሉ ንተምሃሮኦም ይሕተትዎም፡፡<br>• ተምሃሮ ዓውደ ኣካላት ናይ ሕማቕን ፅቡቕን ምጭናው ባህሪ ከምዘለዎም ኣብነት ክህቡ ይግበሩ፡፡<br>• ዘይተፈለጠ ዓውደ ኣካል ምጭናው ሓደጋ ከምዘለዎ ሜላ መሲልካ ምዕዋት ተጠቒሞም ንተምሃሮ ይንገሩዎም፡፡ እዚኦም ከስዕልዎምን ክምርዝዎምን ከምዝኽእሉ የስተውዕሉ፡፡ ሜላ ግደ ምዕዋት ተጠቒሞም ናይ ሓደ ነገር ሕማቕን መርዛምን ጨና ውፅኢቱ ክዛረቡ የእምንዎም፡፡ |
| - ነገራት ብምድህሳስ ፍሩይ፣ ሓርፋፍ ወይ ልሙፅ፣ ውዑይ ወይ ዝሑል ብምባል ይፈልዩ፡፡<br>- ስምዒት ምድህሳስ ተጠቒሞም ግቡእ ትዕዝብቲ ይገብሩ፡፡ | 7. ምድህሳስ<br>- ነገራት ብምድህሳስ ምፍላይ | • ስምዒት ምድህሳስ እንታይ ከምዝኾነ ይገልፁ፣ ስምዒት ምድህሳስ ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ ዓውደ ኣካላትን ነገራትን ከመይ ክፈልዩ ከምዝኽእሉ ንተምሃሮ ይሕተቱ፡፡ ተመሃሮ ኣብነት ሓርፋፍ፣ ልሙፅ ፣ ዝሑልን ውዑይን ዝኾኑ ነገራት ክህቡ ይግበሩ፡፡ ተምሃሮ ዓውደ ኣካላት ሓርፋፍ፣ ልሙፅ ዝሑልን ውዑይን ኢሎም ንኽፈልዩ ኣብ ክፍሊ ንጥፈታት ክሰርሑ ይዓድምዎም፡፡ |

**ፍተሻ**

እቲ መምህር ሕድሕድ ስራሕ ተምሃሮ ኣብ ሙሉእ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽዎምን ምስ እዞም ዝስዕቡ ኣገላልፃታት ብመሰረት ዝርዝር ዕላማታት ተምሃሮ ዝተሓተ ተደላይ ደረጃ ብቕዓት ከምዝጨበጡ ክውሰን ኣለዎ፡፡

ኣብ ኣፅጋቢ ተደላዪ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ፡- ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነቶም፣ ስምዒት ህዋሳቶም፣ ረብሓኦምን ከመይ ከምዘዕርይዎምን ይፈልጡ፡፡ መሰረታዊ ድልየታት ወድሰብ ይዝርዝሩን ቀሊል ኣብነት ይህቡን፣ ክዳንን መፅለልን ዝተሰርሕሎም ነገራት ይዝርዝሩ፣ ሓጋይን ክረምትን እንኽደኖም ዓይነታት ክዳውንቲ ይፅውዑ፣ ዝተፈላለዩ ልሙዳት ሕማማትን ከመይ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ከምዝመሓላለፉን ሜላ መከላኸሊኦምን ከምዝውገዱን ይፈልጡ፡፡ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ብርሃን፣ ሕብርታትን

ድምፅታትን ይፈልዩ፣ ዝተፈላለዩ ኣቑፅልትን ዕምባታትን ተጠቒሞም ሕብርታት የዳልዉ፣ ሓደጋ ምጭናውን ምጥዓምን ዘይፍለጡ ዓውደ ኣካላት ተረዲኦም ሓለዋ ይገብሩ፣ ውሑዳት ልሙዳት ዓውደ ኣካላት ብምጥዓም፣ ብምጭናውን ብምድህሳስን ይፈልዩ፡፡

ካብ ዘዕግብ ደረጃ ብ'ቕዓት ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ፦ ክድነቑን ፍፃመታቶም ክፍለጡሎምን ኣለዎም፡፡ ንቐፃሊ ጠንኪሮም ክሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም፡፡ ብዝሰርሕዎ ዘስተርሕዩ (ዝዓግቡ) ክ'ኾኑ የብሎምን፡፡

ትሕቲ ተደላዪ ደረጃ ብ'ቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ ምስ ካልኦት ክፍልታት ማዕረ ንም'ኽን (ንምስዓብ)ብዙሕ ሓገዝ የድልዮም፡፡ ኣብ ክፍሊ ወይ ካልእ ናይ ፅንዓት ግዘ፣ ዕረፍቲ ወይ ኣብ መወዳእታ እዚ መዓልቲ ብዙሕ ጠመተ ክወሃቦም ኣለዎ፡፡

## ምዕራፍ ክልተ፡- ስድራ ቤት ክፍለ ግዘ 48

ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት እዚ ምዕራፍ -

- ኣባላት ስድራ ቤትን ሓላፍነቶምን ይዝርዝሩ፣
- ሕርሻ ፍልፍል ምግቢ ከምዝኾነ ይገልፁ፣
- ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ ዘርኣትን ውፅኢት ዝርኣትን ይፀርሑን ክንክን ይገብሩን፣
- ክዳንን መፅለልን ዝስርሐሎም ነገራት የርእዩን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክዳንን መፅለልን ይፈልዩ፣
- ውሑዳት ኣቑሑት ገዛ ይፀርሑ፣ ጥቕሞምን ዝተሰርሑሎም ነገራትን ይዛረቡን ክንክን ይገብሩን፣
- ኣብዚ ምዕራፍ ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ሰሪሖም የርእዩ፡- ምዕዛብ፣ ምሕታት፣ ምርኻብ፣ ተሓባቢርካ ምስራሕ

| ደረጃ ብቕዓት | ትሕዝቶ | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ<br>- ኣባላት ስድራ ቤቶም ይዝርዝሩ፡፡ | 1. ዝርዝር ኣባላት ስድራ<br>- ንዓበይትን ኣባላት ስድራ ቤትን ምኽባር | ስድራ ቤት ኣብ ወለዲ ኣሓት፣ ኣሕዋት፣ እኖሓጎታት፣ ኣቦሓጎታት፣ ኣሞታትን ኣኮታትን ክውሰን ኣለዎ፡፡ ሕድሕድ ተምሃሮ ብዛዕባ ስድራኦም ንኻልኦት ክዛረቡ ዕድል ይሃብዎም፡፡<br>ግደኻ ምፅዋት ተጠቒሞም ተምሃሮ ዝተፈላለየ ኣባላት ስድራ ኮይኖም ከምዝሰርሑ ይግበሩ፡፡ |
| - ብፅሒት ስራሕ ኣባላት ስድራ ቤቶም ይገልፁ፣<br>- ንኻልኦት ስድረኦም ሓገዝቲ፣ ሓለይትን ግዱሳትን ይኾኑ፣ | 2. ኣባላት ስድራ ቤትና ንምንባር እንታይ ይሰርሑ<br>3. ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራ ፅቡቕ ርክብ ምግባር | ዓይነት ስራሕቲ ኣብ ከም ሕርሻ፣ ንግዲ፣ ውትድርና፣ ስልጡን ሓይሊ ሰብ ሞያታት፣ ቢሮ ሰራሕተኛታት፣ መዓልታዊ ሰራሕተኛታት ወዘተ ዝበሉ ይምደቡ፡፡<br>ኣብቲ ክፍሊ ዘለዉ ኩሎም ተምሃሮ ኣባላት ስድራ ቤቶም ዝሳተፍሉ ሕድሕድ ክፍሊ ኢኮኖሚ ይምዝግብ፡፡ እቶም ዝሳተፍሎም ዓይነት ስራሕቲ ብምቑፃር ዝበዝሐ ሰብ ኣብ ምንታይ ስራሕ ከምዝተቖፀረ ይዛረቡ፡፡ ተምሃሮ ንዝተፈላለዩ ስራሕቲ ዘድልዩ ፍፃመታት ይወርሱ፡፡<br>ተምሃሮ ምስዓበዩ እንታይ ዓይነት ስራሕቲ ክሰርሑ ከምዝደልዩ ንምንታይ ከምዝደልይዎን ንኻልኦት ክዛረቡ ይሕተትዎም፡፡<br>ብግዴኻ ምፅዋት ምስ ዝተፈላለዩ ቤተሰብ ዝተተሓሓዙ ስራሕቲ የርእዩ፡፡ |
| 2.2 ስድራ ምግቢ፣ መፅለልን ክዳንን የድልዮም ( 17 ክፍለ ግዘ) | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-<br>- ሕርሻ ከም ፍልፍል ዝብላዕ ምግቢ ምዃኑ ይፈልዩ፣<br>- ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ ዘረኣትን ውፅኢት ዘረኣትን ይፅውዑ፡፡ | 1. ምግቢ<br>- ፍልፍል ምግቢ<br>- ልሙዳት ዘረኣቲ<br>- ውፅኢት ዘረኣቲ | ሕርሻ ከም ፍልፍል እንበልዖ ምግቢ ይፍለ፣<br>ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝቦቕሉን ዝብልዑን ዘረኣቲ ንክዛረቡ ይሕተትዎም፣ ይመዝግብዎም፡፡ ኣብ ምንታይ ጊዜ ምህርቲ ከምዝሕፈስ ብዕምቆት ንኽገልፁ ንተምሃሮኦም የተባብዕዎም፡፡ እዚ ሓበሬታ ኣብዚ ዓመት ዝቦቐሉ ዝርኣት ዝርኢ ጊዜ ሰሌዳ<br>ንምስራሕ ይጠቅም፡፡ እዚ ኩነታት እዙይ ንመርባሕቲ እንስሳት መራብሒ ዝውዕል ከባቢ ከምዝኸውን ይግበርዎ፡፡ ንምግቢ ዘይኾኑ ዝርኣት ንክፅውዑን ይሕተትዎም፡፡ ንኣብነት ኣእዋም ንጉንዲ ኣርቃይ ንማእለማ ወዘተ ክቦቕሉ ይኽእሉ፡፡ |
| - ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክዳን ይፈልዩ፣<br>- ንክዳን መስርሒ ዝጠቕሙ ነገራት ክፅውዑ፣ | 2. ኣከዳድና<br>- ዓይነታት ኣከዳድና<br>- ንክዳን መስርሒ ዝጠቕሙ ነገራት | ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣከዳድና ክፅውዑን ክምዝግቡን ይሕተትዎም፡፡ እዚኦም እውን ጁባታት፣ ጃኬታት፣ ስረታት፣ ቀምሻት፣ ኮበርታታት፣ ኩታታት፣ ጋብን ሸሚዛትን የጠቓልሉ፡፡<br>ተምሃሮ ዝርዝር ኣብ ሓጋይ ወይ ከዓ ክረምቲ ጥራሕ ዝኽደኑ ክዳውንቲ የዳልዉ፣<br>ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክዳውንቲ ንምስራሕ ዘገልግሉ ነገራት ንክዛረቡ ይሕተትዎም፡፡ ካብዚኦም ዝርዝር ንመስርሒ ኽዳን ዝጠቕሙ ማተሪያላት የዳልዉ፡፡ እዞም ዝተወሰኑ ከም ጡጥ፣ ሱፍ፣ ቆርበት፣ ናይለን ዝበሉ የጠቓልል፡፡ ነገራት ንምንታይ ንፍሉያት ዓይነታት ክዳውንቲ ምስራሕ ንምንታይ ከምዝጠቕሙ ንኽገልፁ ይፈትንዎም፡፡ ንኣብነት ጫማ ቦትን ንምንታይ ካብ ቆርበት ይስርሑ? ጁባታት ንምንታይ ካብ ሱፍ ይስርሑ? |
| - ዝተፈላለዩ ዓይነታት | 3. መፅለሊ | ዓይነታት መፅለሊ ኣጉዶታት፣ ፀፋሕትን ኣፍ ገበላታትን የጠቓልለ፡፡ መሳርሕታት ህንፃ ጭቃ፣ ሳዕሪ፣ |

| ደረጃ ብቕዓት | ትሕዝቶ | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| መፅለሊ ይፈልዩ፣<br>- ንመህነዊ ዝጠቕሙ ነገራት ይፅውዑ፣ | - ዓይነታት መፅለሊ<br>- መህነዊ ነገራት | እምኒ ብሎኬት፣ ዕንጨይቲ፣ ቆርቆሮ ፣ ኣሉሚንየም፣ ጡብ የጠቓልል፡፡ ተምሃሮ ናብ ቀፅሪ ቤት ትምህርትን ዙሪያ ቤት ትምህርትን ንክሪኡ ይውሰድዎም፡፡ ዝረኣዩዎም ዝተፈላለዩ ህንፃ መሳርሒታት ክፈልዩ ይግበሩ፡፡ እንተተኻኢሉ ኣብ ሕድሕድ ድሕሪ እቲ ክፍሊ ውሑዳት መርኣያታት ብምምፃእ ትርኢት ይሰርሑ፡፡<br>ንምንታይ ዝተወሰኑ ኣቑሑት ንዝተወሰነ ዕላማ ከምዝጠቕሙ፡ ንምንታይ መንደቓት ካብ ጭቃ ናሕሲ (ሩፍ) ከዓ ካብ ሳዕሪ ከምዝስርሑ ንተምሃሮ ይሕተቱ፡፡ |
| 2.3 ኣቑሑ ገዛ ( 20 ክፍለ ግዘ) | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ<br>- ክፋላት ኣቑሑ ገዛ ይፅውዑ፣<br>- ኣብነታት ኣቑሑ ኤሌክትሪክ ይህቡ፣<br>- ኣቑሑ ክሽነ ይፅውዑ፣ | 1. ኣቑሑ ገዛ<br>- ኣቑሑ<br>- መሳርሒታት ኤሌክትሪክ<br>- ኣቑሑ ክሽነ | ተምሃሮ ኣብ ገዝኦም ዘለዉ ኣቑሑ ንክፀርሑ (ክሰምዩ)ይሕተትዎም፡፡ እንተተኸኢሉ ኣብ ዝተፈላለየ ጉጅለታት ከቐምጡ ዝኽእልሉ መንገዲ እንተልዩ ንከርእዩ ይሕተትዎም፡፡ እቲ ርኢቶኦም ናብ ኣቑሑ ገዛ መሳርሒታት ኤሌክትሪክ መኣዲ ቤትን ክኸውን ይምርሕዎም፡፡<br>ልሙዳት ኣቑሑ ገዛ፣ ልሙዳት መሳርሒታት ኤሌክትሪክ ልሙዳት ኣቑሑ ክሽነ ብምፍላይ የጠቓልልዎ፡፡ |
| - ረብሓ ዝተወሰኑ ኣቑሑ ገዛ ይገልፁ፡፡<br>- ረብሓ ዝተወሰኑ መሳርሒታት ኤሌክትሪክ ይገልፁ፡፡<br>- ጥቕሚ ዝተወሰኑ ኣቑሑ ክሽነ ይገልፁ፡፡<br>- ሓደጋታት ቤተሰብ ይፈልዩ፡፡ | 2. ረብሓ ኣቑሑ ገዛ<br>- ኣቑሑ<br>- መሳርሒታት ኤሌክትሪክ<br>- ኣቑሑ ክሽነ<br>- ኣብ ገዛ፣ ደሕንነት ሓደጋ ኤሌክትሪክ፣ ማይ፣ ምድጃ ቆርቆሮ፣ ካራ ወዘተ | ኣቑሑ ገዛ ከመይ ከምንጥቀመሎም ንክፈልዩ ንተምሃሮ ይሕተትዎም፡፡ ምስ ዝተፈላለዩ ኣቑሑ ገዛ ብተግባር ናይ ምትሕሓዝ ክእለት ይሃልዎም፡፡<br>- ንኮፍ ምባልን ምድቃስን (መናብርን ዓራታትን)<br>- ንምዕቃብ (መደርደርታትን ኣርማድዮታትን)<br>- ንስራሕ (ዴስክን ጠረጴዛን)<br>ናይ ኤሌክትሪክ መሳርሒታት ብተመሳሳሊ መንገዲ ክረኣዩ ይኽእሉ፡፡ ረብሓኦም ንኽምድቡ ይሕተትዎም፡፡ ንኣብነት፡-<br>- ምግቢ ንምድላው (መብሰሊት፣ ጀበና፣ ጠባሲት)<br>- ንምዝንጋዕ (ቴሌቪዥን፣ሬድዮ)<br>- ብርሃን (ናይ ገዛ መብራህቲ፣ ናይ ጠረጴዛ መብራህቲ)<br>- ዕዮታት (መስታረሪ ክዳን፣ ምድጃ)<br>- ኣቑሑ ክሽነ ብተፈጥሮኦም ዝተፈለዩ እዮም፡፡ ረብሓኦም ድማ ኣብዚኦም ዝተወሰኑ እዮም፡-<br>  - ምብሳልን ምብላዕን (ካራሩ፣ፉርኬታታት፣ማናኹ፣ባዴላታት፣ድስትታት)<br>  - ዕዮታት (መቐሳት፣መሳርሒታት)<br>ተምሃሮ ኣብ ገዛ ዝህሉ ሓደጋ ይመየያጡን ዝርዝር እቶም ሓደጋታት ይምዝግቡን፡፡ |
| - ልሙዳት መስርሒ ኣቑሑ ገዛ ይፀርሑ፡፡ | 3. ንመስርሒ ኣቑሑ ገዛ ዝጠቕሙ ነገራት | ተምሃሮ ዝተወሰኑ ኣቑሑ ገዛ ይሃብዎም፡፡ ነዚኦም ብጥንቃቐ የስተባህልዎም፡፡ ኣብ ክፍሊ ዝርከቡ ሕድሕድ ኣቑሑ ካበይ ከምዝተሰርሑ ይውስኑ፡፡ ነቶም ኣቑሑ ከም ዕንፀይቲ፣ ፕላስቲክ፣ ብረት እናበሉ ክስይምዎም ኣለዎም፡፡ |
| - ኣቑሑ ገዛ ከመይ ከምንጥቀመሎምን ከምንከናኸኖምን ይገልፁ፣<br>- ክንክን ኣቑሑ ገዛ ሰሪሖም የርእዩ፡፡<br>- ሓደጋ ኣቑሑ ገዛ ከመይ | 4. ኣቑሑ ገዛ እንትንጥቀምን እንትነፅርን ጥንቃቐ ምግባር<br>- ደሕንነት ምሕላው (መፀምለውቲ መፅረዪ ዝበሉ ኣብዘይርከበሉ ቦታ | ተምሃሮ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ኣቑሑን ክግበረሎም ዝግባእ ክንክንን ክሓስቡ ኣለዎም፡፡<br>- ኣቑሑ ብዝተሰርሕዎ ዓውደ ኣካል መሰረት ክሕፀቡ፣ ክውልወሉ ወይ ክፍግፈጉ ኣለዎም፡፡ ናብኦም ምድያብ ግና ኣየድልን፡፡<br>- ሓደጋ ኤሌክትሪክ ከየጋጥም ኣቑሑ ኤሌክትሪክ ብርሑስ ኣእዳውና ክንጥቀመሎም (ክንሕዞም) የብልናን፡፡ ሰብ ምእንቲ ከይነኽኦም ምስተጠቐምናሎም ክነፅርዮምን ክነቕምጦምን ኣለና፡፡<br>- ኣቑሑ ክሽነ ምስተጠቐምናሎም ክንሓፅቦምን ክነቐምጦምን ኣለና፡፡ ከም ብርጭቆ፣ ፍንጃል |

| ደረጃ ብቕዓት | ትሕዝቶ | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ከምዝውገድ ይገልፁ፡፡ | ምቕማጥ) | ዝመሳሰሉ እንተወዲቖም ተሰበርቲ ስለዝኾኑ ብክንክን ክንጥቀመሉም ኣለና፡፡<br>- ተምሃሮ ብዛዕባ ሓደጋታት ኣቑሑ ገዛ ተኸታተልቲ ክልተ ምስልታት ብምስኣል እቲ ናይ መጀመሪያ ሓደጋታት እቲ ካልኣይ ከመይ ምክልኻል ከምዝከኣል ዘርእዩ ስእልታት ክሰርሑ ይኽእሉ፡፡<br>ተምሃሮ ንዝተፈላለዩ ኣቑሑ ክፍሊ ዝግበር ክንክን ኣብ ክፍሊ ባዕሎም ከርእዩ ይኽእሉ፡፡ ከም ዕዮ ገዛ ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ ኣቑሑ ይከናኸኑን እንታይ ከምዝገብሩ ንክፍሊ ፀብፃብ የቕርቡን፡፡ |

## ፍተሻ

እቲ መምህር ሕድሕድ ስራሕ ተምሃሮ ኣብ ሙሉእ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽዎምን ምስ እዞም ዝስዕቡ ኣገላልፃታት ብመሰረት ዝርዝር ዕላማታት ተምሃሮ ዝተሓተ ተደላይ ደረጃ ብቕዓት ከምዝጨበጡ ክውሰን ኣለዎ፡፡

ኣብ ኣዕጋቢ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ የዕብዩ፡፡ ኣባላት ስድርኦም ይዝርዝሩን ሓላፍነቶም ይገልፁን፡፡ ሕርሻ ፍልፍል ዝብላዕ ምግቢ ከምዝኾነ ይፈልዩን ኣብ ገዝኦም ዝርከቡ ዝርኣትን ውዕኢት ዝርኣትን ይፀርሑ፡፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክዳውንቲ ይፈልዩን ዝተሰርሑሎም ዓውደ ኣካላት ይፀርሑን፡፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መዕለሊ ይፈልዩን ህንፃታት ዝተሰርሑሎም ዓውደ ኣካላት ይፀርሑ፣ ኣቑሑ ገዛ፣ ኣቑሑ ክሽነ መሳርሕታት ኤሌክትሪክን ይፀርሑን ረብሓኦም ይገልፁን፡፡ ልሙዳት መሳርሒ ኣቑሑት ገዛ ይፀርሑን ከመይ ከንምጥቀመሎምን ከምንሕልዎምን ይገልፁ፡፡

ካብ ዘዕግብ ደረጃ ብቕዓት ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ፦ ፍፃመታቶም ክድነቕን ክፍለጠሎምን ኣለዎ፡፡ ንቐፃሊ ጠንኪሮም ክሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም፡፡ ብዝሰርሕዎ ዘስትርሕዩ ክኾኑ የብሎምን፡፡

ኣብ ትሕቲ ተደላዪ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ ምስ ካልኦት ክፍልታት ማዕረ ንምምፃእ (ንምስዓብ) ብዙሕ ሓገዝ የድልዮም፡፡ ኣብ ክፍልን ካልኦት ናይ ዕንዓት ዕረፍቲ ወይ ኣብ መወዳእታ እቲ መዓልቲ ብዙሕ ጠመተ ክወሃቦም ኣለዎ፡፡

## ምዕራፍ 3፡- ቤት ትምህርትና ክፍለ ግዘ 48

ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት እዚ ምዕራፍ፡-

- ናይ ቤት ትምህርቲ ንጥፈታት ይገልፁን ብዛዕባ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ይመራመሩን፣
- ናይ ገዝኦም፣ ጎረባብቶምን ቤት ትምህርቶምን ሕግን ደንብን የኽብሩ፣
- ኣብ ገዝኦም፣ ምስ ጎረባብቶምን ኣብ ቤት ትምህርትን ፅቡቕ ረኽቢ የርእዩ፣
- ልሙዳት ሓደጋታት ዕርግያ ይዝርዝሩን፣ ሜላ መከላኸሊኦም ይገልፁን፣
- ብወረቐት ተጠቒሞም ዝውርወሩን ብንፋስ ዝምብልበሉን ይሰርሑ፣
- ኣብዚ ምዕራፍ ሳይንሳዊ መፅናዕትታት ሰሪሖም የርእዩ፣ ምዕዛብ፣ ምሕታት፣ ምርኻብ፣ ሞዴላት ምስራሕ፣ ተሓባቢርካ ምስራሕ

| ደረጃ ብቕዓት | ትሕዝቶ | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| 3.1 ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ (12 ክፍለ ጊዜ) | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-<br>- ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም ይገልፁ፣ | 1. ኣቀማምጣን ውሽጣዊ ትሕዝቶን ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ<br>• ኣጠቓቕማ ሽቓቕ ምግላፅ፣ ኣእዳው ከመይ ከምዝሕፀብ ምግላፅ፣ | ተምሃሮ ናብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ብምውሳድ ዝረአዩዎም ዝተፈላለዩ ህንፃታትን ካልኦት መልክዓትን ይነድፉ (ይሕንፅፁ)፡፡ትኹረቶም ኣንፃራዊ መርክቦ እምበር ኣብ ሚዛን ክኸውን የብሉን፡፡ ንድፍታት ስሩዕ መጠን ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ንምስኣል ክጥቀሙ ኣለዎም፡፡<br>መርክቦ ኣድለይቲ ቦታታት ዝሓዘ ዝዓበየ ምስሊ ኣብ ካርድታት (ዓበይቲ ወረቐታት) ክሰኣል ይኽእል፡፡ ቆልዑ (ተምሃሮ)ናይ ባዕሎም ክፍሊ ብፀፊሕ መጠን ይስእሉ፡፡ ቆልዑ መዝሙር ይዝምሩ፡፡ እዙይ እውን ሜላ ኣተሓፃፅባ ኢድና.. ምዕራይ ስንና፤ ምስንታር ፀጉርና ወዘተ. |
| - ናይ ቤት ትምህርቶም ንጥፈታት ይገልፁ፣<br>- ምስ መን ከምዝፃወቱ እንታይ ከምዝፃወቱን መሓዙት ከመይ ከምዘጥርዩ ይገልፁ፡፡ | 2. ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተሰርሑ ንጥፈታት<br>3. ኣብ ፃውቲ ምስ ካልኦት ቆልዑ ምርኻብ | እዚ ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝስርሑ ንጥፈታት ትምህርቲ ከምዝረኣዩ ንምትእትታው ይጠቐምሉ፡፡<br>ተምሃሮ ካልኦት ንጥፈታት እንታይ ክስርሑ ከምዝኽእሉ ንክዛረቡ ይግበርዎም፡፡<br>ኣድላዪ እንተኾይኑ ጋንታታት ስፖርት፣ ክለብ፣ ንጥፈታት ሕብረተሰብ ኢሎም ሓሳብ ክህቡ የለዓዕልዎም፡፡<br>ዝርዝር እዞም ንጥፈታት ይምዝግቡ፣ ተምሃሮ ካልኦት ኣብ ቤት ትምህርቲ ክሪኡዎም ዝደልዩ ንጥፈታት እንተሃልዮም ሓሳብ ንክህቡ ይሕተትዎም፡፡ ነዚኦም ከመይ ገይሮም ይትግብርዎም ይኾኑ?<br>ብዛዕባ ሓላፍነትን ብፅሒት ንምውሳድን ምዝርራብ፡፡ ተምሃሮ ምስ ካልኦት ክተሓባበሩን ብፅሒቶም ክወስዱን ዝገብሮም ፀዋታ ይፃወቱ፡፡ |
| 3.2 ሕግታትን ደንብታትን ነኽብር (12 ክፍለ ግዜ) | | |
| ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ<br>. ሕጊ ቤት ትምህርቲ የኽብሩ | 1. ሕግታት ቤት ትምህርቲ | ቤት ትምህርቲ ንምንታይ ስሩዓት ሕግታት ክህልዉዎም ከምዝግባእ ንተምሃሮ ይሕተትዎም፡፡ እንታይነት ሕግታት ቤት ትምህርቲ ክትዛረብዎ የብልኩምን፡፡ ክፍሊ ብዛዕባ ሕግታትን ኣድላይነቶምን ይመያየጡ፡፡ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ንኽሓስቡ ሓሳብ ይሃብዎም፡፡ ዕርየት ሰዓት ምኽባር፣ ንናይ ቤት ትምህርቲ ንብረት ጥንቃቐ ምውሳድ፣ ስራሕቲ ቤት ትምህርቲ ብእዋኑ ምፍፃምን ንመምህራን ምኽባርን እቲ ክፍሊ ናይ ባዕሉ ሕጊ እንተድኣውፂኡ ምስቶም ዝፀንሑ ሕግታት ቤት ትምህርቲ የወዳድርዎም፡፡ ዘመሳስሎም የነፅሩ፡፡ ብዛዕባ ኣፈላላዮምን ክስርሑ ዝግበኦምን ከዓ ይመያየጡ፡፡ |
| - ሕግታት ገዛን ጎረባብትን የኽብሩ፣ | 2. ሕግታት ገዛን ጎረባብትን<br>- ሕግታት ገዛ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ጎረቤትን ኻልኦትን ምኽባር | ብሕግታት ምምራሕ ኣብ ገዝኦም እውን ይጥቀምሉ፡፡ ኣብ ገዝኦም ዝጥቀምሉ ዝኾነ ሕጊ ንክፍሊ ክዛረቡ ንተምሃሮ ምሕታት፡፡ እዙይ እውን ንቤተሰብካን ንዝዓብየካን ምኽባር፣ ንቤተሰብ ምምእዛዝ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ንምኻድ ብንጉሁኡ ምድላው፣ ዕዮታት ገዛ ምስራሕ፡፡ ተምሃሮ ኣብ ገዝኦም ዝኽበሩ ሕግታት የውፅኡ፡፡<br>ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ወይ ጎረባብቶም ዝትግበሩ ሕግታት ንተምሃሮ ይሕተትዎም፡፡ ኣብነት ክህቡን ሕጊ ንምንታይ ከምዘድሊ ክገልፁ ይግበሩ፡፡ |
| 3.3 ፅቡቕ ርኽብ ኣለና ( 6 ክፍለ ጊዜ | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ | 1. ፅቡቕ ርኽብ ኣብ ገዛ ምስ | ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይኖም ዝስዕቡ እንትሰርሑ መሲልኻ ብምዕዋት ነዞም ዝስዕቡ ክርእዩ ኣለዎም፡፡ ልውውጥ |

| ደረጃ ብቕዓት | ትሕዝቶ | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
| --- | --- | --- |
| ተምሃሮ<br>- ኣብ ቤት ትምህርቲ ፅቡቕ ረኽቢ የርእዩ፡፡<br>- ኣብ ገዛን ምስ ጎረቤትን ፅቡቕ ረኽቢ ንምምስራት ሰናይ ድልየት የርእዩ፣ | ጎረባብትን ኣብ ቤት ትምህርትን | ሰላምታ፣ ትሕትና፣ ግልፅነት፣ ሓበራዊነት፣ ተሓባባራይነት፣ ተገዳሳይነትን ተሓጋጋዛይን፡፡<br>ሕድሕድ ጉጅለ ምስተግበረ እቲ ክፍሊ በዚ ሜላ እዙይ ምስራሕ ኣድላይነቱ ይመያየጥ፡፡ |
| 3.4 ምቹው መንገዲ ፅርግያ (12 ክፍለ ግዘ) | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ ፡-<br>- ዝተወሰኑ ምኽንያታት ሓደጋ ፅርግያ ይዝርዝሩ፣<br>- ፅርግያ መኪና ከመይ ምክልኻል ከምዝከኣል ይገልፁ፣<br>- መንገዲ ብግቡእ ይሰግሩ ንኻልኦት እውን ንኽሰግሩ ይሕግዙ፡፡ | 1. ልሙዳት ሓደጋታት ፅርግያ<br>2. ምክልኻል ልሙዳት ሓደጋታት<br>-መፍለዩ ምልክት ድሕንነት ፅርግያ<br>-ንጉዱኣት ኣካላት ኣናእሽተይ ቆልዑን ካልኦትን ምሕጋዝ | ተምሃሮ ብዛዕባ ምኽንያት ሓደጋታት ፅርግያ ይመየያጡ፣ እዚኦምእውን ናብ ኩሉ ኣንፈት ከይረአኻ መንገዲ ምቁራፅ፣ ክእለት ምሽክርካር ምንኣስ፣ ዝሃደሙ እንስሳትን ውሕጅን የጠቓል፡፡<br>ዝኾነ ቆልዓ ኣብ ሓደጋ እንተወዲቑ ናብ ክፍሊ ብምዕዳም ከመይ ከምዝተፈጠረ ንክፍሊ ክዛረብ ይግበሩ፡፡<br>ተምሃሮ ብዛዕባ ሜላ ምክልኻል ሓደጋታት ክመያየጡ ኣለዎም፡፡<br>እዚኦም እውን<br>- ኣብ ጥቓ መንገዲ እንተኾይንካ ምጥንቃቕን ምግዳስን<br>- መንገዲ ብምቁራፅ ዝመፁ ሓደጋታት ምውጋድ<br>- ድልድላት፣ ገደላትን፣ ሽተት ዘብሉ ነገራት ብጥንቃቐ ምቁራፅ<br>- ሕግታት ትራፊክ ከም ምቁራፅ ሽሉም መንገዲ (ዜብራ ክሮሲንግ)ን ናይ ትራፊክ መብራህትን ምርኣይ፣<br>ተምሃሮ ብዛዕባ ናይ ባዕሎም ጉዕዞ ናብ ቤት ትምህርትን ዘለዎም ልምድን ይዛረቡ፡፡ ኣብ መፃወቲ ቦታ ብዛዕባ መፍለዪ ምልክት ድሕንነት ይለማመዱ፡፡ እቲ መንገዲ ጥርሑ እንተኾይኑ ቀጥ ኢልካ ኪድ፣ ክልቲኡ ኣንፈት ረኣይ ኣብ ወሰን መንገዲ ጠጠው በል፡፡ |
| 3.5 ኣብ ቤት ትምህርትና እንሰርሖም ንጥፈታት (6 ክፍለ ግዘ) | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ ፡-<br>- ወረቐት ተጠቒሞም ተወርወርትን ብንፋስ ዝምብልብሉን ይሰርሑ፣<br>- | ወረቐት ብምጥቃም ምስልታት ምስራሕ<br>- ተወርወርቲ<br>- ብንፋስ ዝምብልበሉ | ተምሃሮ ብቐዳምነት ዝሰርሕዎም ተወርወርቲ፣ ተምበልበልቲ ይሓንፅፁ (ይንደፉ) ንድፊ ምስ ኣውፅኡ ኣብቲ ወረቐት ይስኣልዎ፡፡ ኣብዚ ደረጃ እዙይ እናሃለወ ምቕላምን ምምልኻዕን እቲ ዝቐለለ እዩ፡፡ ምምልኻዕ እንትተወዲኡ እቶም ነገራት ከከም ኣድላይነቶም ይቑረፁን መጠባቒ ብምጥቃም ይጣበቑን፡፡ |

## ፍተሻ

እቲ መምህር ሕድሕድ ስራሕ ተምሃሮ ኣብ መላእ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክንፍትሾምን ምስ እዞም ኣገላልፃታት ብመሰረት ዝርዝር ዕላማታት ተምሃሮ ኣዕጋቢ ተደላይ ደረጃ ብቕዓት ከምዝጨበጡ ክውስን ኣለዎ፡፡

ኣብ ኣዕጋቢ ተደላይ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ፡- ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም ይገልፁ፣ ኣብ ቤት ትምህርቶም ዝትግበሩ ንጥፈታት ይዛረቡ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ገዝኦምን ጎረባብቶምን ዘለዉ ሕግታት የኽብሩ፡፡ ኣብ ገዝኦም፣ ምስ ጎረባብቶምን ቤት ትምህርቶምን ፅቡቕ ረኽቢ ይፈጥሩ፣ ንሓደጋ ፅርግያ ምኽንያት ዝኾኑ ነገራትን ሜላ መከላኸሊ ሓደጋ ፅርግያን ይገልፁ፣ ብወረቐት ተጠቒሞም ተወርወርትን ተምበልበልትን ይሰርሑ፡፡

ካብ ዘዕግብ ደረጃ ብቕዓት ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክድነቑን ፍፃመታቶም ክፍለጠሎምን ኣለዎ፡፡ ንቐፃሊ ጠንኪሮም ክሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም፡፡ ብዝሰርሕዎ ዘስተርሕዩ (ዝዓገቡ) ክኾኑ የብሎምን፡፡

ትሕቲ ዝተሓተ ተደላዪ ደረጃ ብቕዓት ዝተሓቖፉ ተምሃሮ ምስ ካልኦት ክፍልታት ማዕረ ንምኽኣን ብዙሕ ሓገዝ የድልዮም፡፡ ኣብ ክፍልን ካልኦት ተወሳኺ ክፍለ ጊዜ፣ ኣብ ዕረፍቲ ወይ ኣብ መወዳእታ እቲ መዓልቲ ብዙሕ ጠመተ ክወሃቦም ኣለዎ፡፡

**ምዕራፍ ኣርባዕተ፡- ከባቢና - ጣብያና** **ክፍለ ግዜ 57**

ትፅቢት ዝግበር ውፅኢት እዚ ምዕራፍ፡

- ናይ ጣብያኦም፣ ገዝኦምን ቤት ትምህርቶምን ኣንፃራዊ መርከቦ የመላኽቱ፣
- ባህርያትን ጥቕምን ኣየር፣ ማይን ሓመድን ይዛረቡን የርእዩን፣
- ብሓመድ (ጭቃ)ተጠቒሞም ልሙዳት ዝኾኑ ቅርፅትትን ምስልታት ይሰርሑ፣
- ተኽልታት ኣእዋምን ኣናእሽተይ ተኽልታትን ብምባል ይምድቡ፣ ጥቕሞም ይዛረቡን ሓለዋ ይገብሩን፣
- እንስሳት እንስሳ ዘቤትን እንስሳ ዘገዳምን ብምባል ይምድቡ፣ ረብሓኦም ይዛረቡን ሓለዋ ይገብሩን፣
- ስራሕ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ብምባል ይምድቡ፣ ረብሓ ስራሕ ይዛረቡ፣ ብዕድመኦም ስራሕ የፍቅሩን ይፈትዉን፣
- ረብሓ መጓዓዝያ ይዛረቡን ኣብነታት ባህላውን ዘበናውን መጓዓዝያ ይህቡ፣
- ክእለት ሳይንሳዊ ምርምር ኣብቲ ምዕራፍ ሰሪሖም የርእዩ፡- ምዕዛብ፣ ምሕታት፣ ምርኻብ፣ ተሓባቢርካ ምስራሕ፣ ምምዳብ

| ደረጃ ብቕዓት | ትሕዝቶ | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| 4.1 ኣቀማምጣ ጣብያ (9 ክፍለ ግዘ) | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ :-<br>- የማን፣ ፀጋም፣ ቅድሚት ድሕሪትን ኣንፈታት ይፈልዩ፡፡ | 1. ኣንፈታት | ተምሃሮ ኣብ ቀረብኦም ዘለዉ ነገራት የማን፣ ፀጋም፣ ቅድሚትን ድሕሪትን ብምባል ኣንፈቶም ይገልፁ፡፡ ኣርባዕቲኦም ኣንፈታት ብምጥቃም ብፅምዲ ብፀዋታ መልክዕ ሓደ ቆልዓ ካብሓደ ቦታ ናብ ካልእ የመልክት፡፡ ተምሃሮ ብዛዕባ ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ዝሰርሕዎም ንድፌ እንደገና ብምርኣይ ናይ ሓደ ኣንፈት ምስ ካሊእ ብምትሕሓዝ ይዛረቡ፡፡ |
| - ናይ ገዝኦም፣ ጎረባብቶምን ቤት ትምህርቶምን ኣቀማምጣ የመልክቱ፡፡ | 2. ኣቀማምጣ ገዛ፣ ቤት ትምህርትን ጣብያን | እዚ ብዛዕባ ኣቀማምጣ ዝተገበረ ስራሕ ናብ ክፍሊ ካብ ክፍሊ ወፃእን ቀፅሪ ቤት ትምህርትን ክሰፍሕ ኣለዎ፡፡ ተምሃሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ናብ ገዝኦም ዘሎ ኣንፈት ክገልፁ ኣለዎም፡፡ ሕድሕድ ቆልዓ ካብ ገዝኦም ናብ ቤት ትምህርቲ ንሱ ወይ ነሳ ዝጓዓዝሉ ኣንፈት ይዛረቡ፡፡ ተምሃሮ ካብ ቤት ትምህርቶም ናብ ጎረባብቶም ዘለዉ ኣድለይቲ ቦታታት ኣንፈቶም ብጠቕላላ ይዛረቡ፡፡ እዙይ ብመልክዕ ፃውቲ ክኸውን ይኽእል፡፡ እንድሕር እቲ መምህር ኣንፈት ናይቲ ቦታ ሂቡ እቲ ቦታ ተምሃሮ ይፈልይዎ፡፡ |
| 4.2 ህይወት ዘይብሎም ነገራት ኣብ ከባቢና | (13 ክፍለ ግዘ) | |
| ነዚ ትምህርቲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ<br>- ሃለዋት ኣየር የርእዩ፣ ንምንታይ ከምዝጠቅም ይዛረቡን፣ | 1. ኣየር<br>- ሃለዋት /ህላወ/<br>- ረብሓ | ተምሃሮ ሃለዋት ኣየር ንምርኣይ ቀሊል ፈተነ ይሰርሑ፡<br>እዙይ እውን<br>. ቆፎ እስክሪብቶ ተጠቒሞም ኣብ ማይ ኡፍ ይብሉ፣<br>. ኣብ ዕንጨይቲ ቁርፅራፅ ወረቓቕቲ ብምእሳር እቲ ዕንጨይቲ ይስሕብዎ፡፡ ስለዚ ኣየር ኣብ ከባቢ እቲ ምስኡ ዝተጣበቐ ወረቐት ድፍኢት እንትፈጥር ይሪኡ፡፡<br>ተምሃሮ ሃለዋት ኣየር ንምርኣይ ናይ ባዕሎም ንጥፈታት ሰሪሖም ክርእዩ የተባብዕዎም፡፡<br>ረብሓ ኣየር ምስ ምትንፋስ ህይወት ዘለዎም ነገራት፣ ተኽልታትን እንስሳትን ክተሓሓዝ (ክተኣሳሰር)ኣለዎ፡፡ |
| - ሃለዋት ማይ ኣብ ራህያ፣ ዒላን ፈሳሲ ማይን የርእዩ፡፡<br>- ማይ ንምንታይ ጠቓሚ ከምዝኾነ ይዛረቡ፣ | 2. ማይ<br>- ማይ ካበይ ይርከብ<br>- ረብሓ ማይ | ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ብዙሓት ቦታታት ዝርከብ ማይ ይዕዘቡ፡፡ ረብሓ ማይ እንትግለፅ ህይወታውያን ተኽልታት፣ እንስሳት ንኽነብሩ ዝመጥዎ ወይ ዝሰትዩዎ እዩ ኣብ ዝብል ክጥምት ኣለዎ፡፡ |
| - ሓመድ ተኽልታት ንምቡቃልን ንምንታይ ኣድላዪ ከምዝኾነ ይዛረቡ፣<br>- ቀለልቲ ዝኾኑ ቅርፅታትን ምስልታን በሽኽላ (ጭቃ)ተጠቒሞ ይቐርፁ፡፡ | 3. ሓመድ<br>- ንሕርሻ ዝህቦ ረብሓ<br>- ንመስርሒ ቕርፃ | ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ብዙሓት ቦታታት ዝርከብ ሓመድ ክዕዘቡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ሓመድ ከም ቀንዲ መብቆሊ ተኽልታት ዝጠቅም ምኳኑ ንምርኣይ ኣብቲ ከባቢ ኣብ መሬት ዝቦቐሉ ዝራእቲ ወይ ኣብ መትሓዚ (ዕትሮ) ዝዓብዩ ተኽልታት ይዕዘቡ፡፡ ተኽልታት ንክዓብዩ ንምንታይ ሓመድ ከምዘድልዮም ተምሃሮ ርኢቶ ክህቡ ይሕተትዎም፡፡ ሓመድ ንተኽሊ ጠንኪሩ ብምሓዝ ደው ስለዘብሎ |

| ደረጃ ብቕዓት | ትሕዝቶ | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | ቅርፂ ዝህቦ ረብሓ | ኣይወድቕን፡፡ ማይ እውን ካብ ሓመድ ይመጥጥ፡፡ ተኽሊ ዝርከብ እንተኾይኑ ስሩ ንተምሃሮ የርእይዎም፡፡ ሸኽላ ሓመድ ኣብ ካበቢ ዝርከብ እንተኾይኑ ከም ክብታት፣ ትርብዒት (ስኴር)፣ስሉስ ኩርናዕን ቅርፂ ፊደላት ዝመሳሰሉ ቀለልቲ ዝኾኑ ቅርፅታት ምስራሕ ይከኣል፡፡ ዘይርከብ እንተኾይኑ ካልእ ዓይነት ሓመድ ይጠቐሙ፡፡ |
| 4.3 ህይወታውያን ከባቢና (9 ክፍለ ግዘ) | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ<br>- ተኽልታት፣ ኣእዋም ቆጣቊጥን ኣናእሽተይ ተኽልታትን ብምባል ይምድቡ፣<br>- ዝተወሰኑ ረብሓ ተኽልታት ይዛረቡ<br>- ንተኽልታት ዝግበር ክንክን ይዛረቡ | 1. ተኽልታት<br>. ምምዳብ<br>. ረብሓ ተኽልታት<br>. ንተኽልታት ዝግበር ክንክን | ተምሃሮ ናብ ከባቢ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ወይ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ወሲዶም ኣብቲ ከባቢ ዝቦቐሉ ተኽልታት ንኽሪኡ ይሕተትዎም፡፡ ምደባ ተኽልታት ኣእዋም፣ ቖጣቊጥን ኣናእሽተይን ተኽልተትን ጥራሕ ክድርኽ ኣለዎ፡፡ ንሳቶም ዝሪኡዎም ተኽልታት ካብ ሰለስቲኦም ጉጅለታት ኣብ ሓዲኡ ክምደቡ ኣለዎም፡፡<br><br>ናብ ክፍሊ ምስተመለሱ ተኽልታት ንምንታይ ከምዝጠቕሙ ይሕተትዎም፡፡ እቲ ግልፂ ዝኾነ መልሲንምግቢእዩ፡፡ ግና ንምንታይ ተኽልታት ከምንተክል ካልኦት ምኽንያታት ኣለዉ እዮም፡፡ ረብሓ ተኽልታት ንምምልካዕ፣ ንሓፁር፣ ንቀረብ መሳርሕታት ህንፃን ንነዳድን እውን ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ፡፡ ሕድሕድ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ተኽልታት ንኽዓብዩን ክዕምሩን (ክዕብቑ)ዝሕግዙ ንምንታይ ከምዝኾነ ይሕተትዎም፡፡<br>- ምስታይ ማይ፣ ምፅሃይ፣ ምድኳዕን ካብ ጉድኣት እንስሳት ምክልኻልን |
| - እንስሳት እንስሳት ዘቤትን ዘገዳምን ብምባል ይምድቡ፣<br>- ዝተወሰኑ ጥቕምታት እንስሳት ይዛረቡ፡<br>- ብዛዕባ ክንክን እንስሳት ይዛረቡ፣ | 2. እንስሳት<br>. እንስሳት ምምዳብ<br>. ረብሓ እንስሳት<br>. ክንክን እንስሳት<br>. ንእንስሳትን ካልኦት ፍጡራትን ጭካነ ዘይምግባር | ምደባ እንስሳት እንስሳት ዘቤትን እንስሳት ዘገዳምን ናብ ዝብል ጥራሕ ክድረት ኣለዎ፡፡ ነንሕድሕዶም ኣብነት ክህቡሎም ንተምሃሮ ይሕተትዎም፡፡ ስእልታት ካብ ዓበይቲ መፅሄታት ብምውሳድ ነንሕድሕዱኡ ፖስተር (ዝጥቃዕ ወረቐት) ይሰራሕ፡፡ ረብሓ እንስሳት ንምግቢ ቆርበት፣ ኣንጋረ፣ መጓዓዝያን ከም መዘናግዒ ወይ ምስ ሰብ ሓቢሮም ንምንባርን ኣብ ዝብል ክድረኽ ኣለዎ፡፡ ንተምሃሮ ከምዝስዕብ ይሕተትዎም፡፡<br>ናይ ስጋ ከም ስጋ ደርሆ፣ ስጋ በጊዕ፣ ስጋ ከፍቲ ዝመሳሰሉ ምስያምን ከመይ ከምነብስሎምን<br>. ቆርበት ንምንታይ ንጥቀመሉ?<br>. ኣየነኦም እንስሳት እዮም ንሰብ ወይ ኣቑሑ ንምጉዕዓዝ ዝጠቕሙ?<br>. ኣየነኦም እንስሳት እዮም ብመብዛሕእቱ ሰብ ዘልምዶም (ዘዕብዮም)? |
| - | | እንስሳት ዘልምዱ ተምሃሮ ብዛዕባ እቶም ዘልምድዎም እንስሳት ንኽፍሊ ክዛረቡ ኣለዎም፡፡ ንዝለምዱ ወይ ካልኦት እንስሳት ዝግበር ርህራሄ ጠመተ ይገበር፣ ኣየነኦም እንስሳት ፍሉጣት ለማዳ እንስሳት ናይዞም ክፍሊ ተምሃሮ ከምዝኾኑ ንምፍላጥ መፅናዕቲ የካይዱ፡፡<br>እንስሳ ዘቤት ከርብሑ እንክለዉ ሕድሕድ እዞም ዝስዕቡ ንምንታይ ጠቓሚ ከምዝኾነ ይሕተትዎም፡፡<br>. ምምጋብ፣ ምስታይ፣ መንበሪኦም ምስራሕ፣ ዘይምጭካን<br>እንስሳት ዘገዳም እዞም ዝተጠቐሱ ከምዘድልዩዎም ወይ ክቐርበሎም ከምዝግባእን፡፡ ነዚ.ይ ከዓ መንበሪ እንስሳት ዘገዳም ክንክን ክንገብረሉ ከምዝግበኣና የመልክቱ፡፡ |
| 4.4 ልሙዳት ንጥፈታት ሕብረተሰብ ከባቢና | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ<br>. ረብሓ ስራሕ ይዛረቡ | 1. ረብሓ ስራሕ | ረብሓ ስራሕ ብመንፅር ምግቢ፣ ኽዳንን መፅለልን ምርኳብ ክመያየጡ ኣለዎም፡፡ ተምሃሮ ቤተሰቦም ገንዘብ እንተዘይረኺቦም እንታይ ክፍጠር ከምዝኽእል ንኽዛረቡ ይሕተትዎም፡፡ መነባብሮኦም ከመይ ክልወጥ ይኽእል?<br>ተምሃሮ ኣብ ቀረብ ጠቐምቲ ነገራትን ግልጋሎትን ክመያየጡ ኣለዎም፡፡<br>ተምሃሮ ናይ ሕድሕድ ኣብነት ክህቡን ንምንታይ ከምዝጠቅም ክገልፁን ኣለዎም፡፡ |
| ንስራሕ ውልቃዊ ስራሕ እንዳሰብ ምስራሕን ስራሕ መንግስትን ብምባል | 2. ዓይነታት ስራሕ ምምዳብ | ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስራሕቲ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፣<br>. ንውልቃዊ ምስራሕ |

| ደረጃ ብቕዓት | ትሕዝቶ | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ይምድቡ፣ | | . ንኻልእ ሰብ ምስራሕ<br>. ንመንግስቲ ምስራሕ<br>ተምሃሮ ኣብነታት ሕድሕድ ዓይነት ስራሕ ንክሓስቡ ይሕተትዎም፡፡ ኣብ ሕድሕድ ምድብ ስራሕ ክንደይ ዝኣክል ስድራ ከምዝሳተፍ እቲ ክፍሊ መፅናዕቲ የካይድ፡፡ |
| ብስርሖምን ኣብ ገዝኦም ዝሰርሕዎም ቀለልቲ ዕዮታትን ዕግበት የርእዩ፡፡ | 3- ዕግበት ኣብ ስራሕ<br>- ኣብ ኣባላት ስድራ ዝሕግዙ<br>ቀለልቲ ዕዮታት ምዕጋብ | ተምሃሮ ንብስርሑ ዝኾርዕ (ዝሕበን) ሰብ ከድንቑ ኣለዎም፡፡ እዞም ዝስዕቡ ሰባት ስርሖም ብኣግባብ ወይ ብቕንዕና እንተዘይፈፂሞም ሳዕቤኑ እንታይ ከምዝኾነ ንኽገልፁ ንተምሃሮ ይሕተትዎም፡፡<br>- ሓረስታይ፣ መራሒ መኪና (ሹፌር)፣ ሰንካቲ፣ ተምሃራይ<br>ተምሃሮ ንስድርኦም ንምሕጋዝ ኣብ ገዝኦም ኣየናይ ስራሕ ከምዝሰርሑ ይመያየጡ፡፡ |
| 4.5 መጓዓዝያ ኣብ ከባቢና (13 ክፍለ ግዘ) | | |
| ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ<br>. ረብሓ መጓዓዝያ ይዛረቡ፣ | 1. ረብሓ መጓዓዝያ | ተምሃሮ ብዛዕባ ረብሓ መጓዓዝያ ክመያየጡ ይሕተትዎም፡፡ እቲ ዝመያየጥዎ ኣብ ምጉዕዓዝ<br>. ምግቢ፣ ጥረ ኣቑሑ፣ ዝምርቱ ኣቕሑ፣ ህዝቢ ጠመተ ክገብር ኣለዎ፡፡<br>ግቡኣት መንገድታት እንተዘይህልዉ እንታይ ክፍጠር ከምዝኽእል ክመኽሩን ክግምቱን ንተምሃሮ ይሕተትዎም፡፡ |
| - ኣብነታት ባህላዊ መጓዓዝያ ይዛረቡ ይህቡ፡፡ | 2. ባህላዊ መጓዓዝያ | ባህላዊ መጓዓዝያ ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልለ ክኸውን ኣለዎ፡፡<br>. ሰብ፣ ፈረስ፣ በቕሊ፣ ግመል<br>ተምሃሮ ምስሊ እዞም እንስሳት ክርእዩ ኣለዎም፡፡ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ እንተኾይኖም እውን ንክዕዘቡዎም ይተባብዑ፡፡<br>ተምሃሮ ብባህላዊ መጓዓዝያ ዝገበርዎ ጉዕዞ እንተሃልዩ ብዛዕብኡ ይዛረቡ፡፡ እዙይ እውን ምስ ስድረኦም ናብ ሰሓባይ ዝኾነ ቦታ ምኻድ ወይ ኣብ ርሑቕ ከባቢ ናብ ዝርከብ ድግስ ቤተሰብ ምጉዓዝ፡፡ |
| - ኣብነታት ዘበናዊ መጓዓዝያ ይህቡ፡፡ | 3. ዘበናዊ መጓዓዝያ | ዘበናዊ መጓዓዝያ ነዞም ዝስዕቡ ከጠቓልል ኣለዎ፡፡<br>. መኪና፣ ናይ ፅዕነት መኪና፣ ባቡር፣ ኣውቶቡስ፣ ነፋሪት፣ መርከብ<br>ናይ ሕድሕዶም ቀንዲ ረብሓ ክዛረቡ ንተምሃሮ ይሕተትዎም፡፡ ኣየነኦም ብዝበለፀ ንኣቑሑ መጓዓዚ ይጥቀሙሎም ንኣየነኦምከ ንህዝቢ ምጉዕዓዝ ይጥቀሙሎም? |

**ፍተሻ**

እቲ መምህር ንሕድሕድ ተምሃሮ ኣብ መላእ እቲ ምዕራፍ ዝሰርሕዎ ስራሕ ብተኸታታሊ ክፍትሽዎምን ምስ እዞም ዝስዕቡ ኣገላልፃታት ብመሰረት ዝርዝር ዕላማታት ኣብ ተደላይ ደረጃ ብቕዓት ክንደይ ከምዝጨበጡ ንምውሳን ከወዳድር ኣለዎ፡፡

ኣብ ኣዕጋቢ ተደላይ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ የዕብዩ፣ የማን፣ ፀጋም፣ ቅድሚትን ድሕሪትን ብምባል ኣንፈታት ይፈልዩ፣ ገዝኦምን ቤት ትምህርቶምን ንምምልካት ይጥቀምሉ፣ ሃለዋት ኣየርን ማይን የርእዩ፣ ንምንታይ ኣድለይቲ ከምዝኾኑ ይዛረቡ፣ ተኽልታትን እንስሳትን ይምድቡ፡፡ ረብሓኦምን ከመይ ከምዝከናኸኑዎምን ይዛረቡ፣ ዓይነታት ስራሕ ይምድቡን ረብሐኦም ይዛረቡን፣ ረብሓ መጓዓዝያ ይገልፁ፡፡ ኣብነታት ባህላው ዘበናውን መጓዓዝያ ይህቡ፡፡

ኣብ ልዕሊ ተደላይ ደረጃ ብቕዓት ዘለዉ ተምሃሮ፦ ክድነቑን ፍፃመታቶም ወይ ስራሕቶም ክፍለጠሎም ኣለዎ፡፡ ንቐፃሊ ጠንኪሮም ክሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም፡፡ ብዝሰርሕዎ ዘስተርሕዩ ክኾኑ የብሎምን፡፡

ኣብቲ ትሕቲ ዝተሓተ ተደላዪ ደረጃ ብቕዓት ዝሰርሑ ተምሃሮ፦ ምስ ካልኦት ክፍልታት ማዕረ ንምኺን (ንምስዓብ)ብዙሕ ሓገዝ የድልዮም፡፡ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ፣ ኣብ ዕዋን ዕረፍቲ ወይ ኣብ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ብዙሕ ጠመተ ክወሃቦም ኣለዎ፡፡

# ከባቢያዊ ሳይንስ

## 1ይ ክፍሊ

# መምርሒ ንመምህር

ዋጋ ብር 14.88

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ